
# መንገዲ ባሕታዊያን



*ኣዳላዊ፡ ቲቶ ኮሊያንደር*

*ትርጉም፡ ብፍኖተኣትናቴዎስ [www.fnoteatnatiewos.com](http://www.fnoteatnatiewos.com)*

## መእተዊ

# በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሐዱ ኣምለክ ኣሜን

The way of the Ascetics, ትብል መጽሓፍ ናብ ትግሪኛ “መንገዲ ባሕታዉያን” ዝብል ትርጉም ትሕዝ። ኣስቄጥስ (Ascetics) ብግእዝ፣ ካብ *áskēsis* ዝብል ናይ ግሪክ ቃል ዝትወሰደት ኮይና፣ ቱርጉማ ምልምማድ፣ ገዛእ ርእስካ ካብ ፍትወት ዓለም ምንጻህ፣ ብጾም ጸሎትን ስግደትን፣ ምስ መንፈስ ቅዱስ ሓቢርካ ምዕያይ ማለት እዩ። ነዚ ኣካይዳ ዝያዳ ዝተሞከሩሉን እዛ መጽሓፍ ዉን ከም ቀንዲ ኣብነት ጌራ እትጠቅሶምን፣ ከኣ ንባሕታዉያን ኣቦታት እያ። ስለዚ ነዛ መጽሓፍ "<u>መንገዲ ባሕታዉያን</u>" ክብል ቶርጊመያ።

ኣብ መጽሓፈ ስንክሳር ናይ ቤተክርስቲያንና ነቲ ኣብ ላዕላይ ግብጺ ዝርከብ <u>ገዳም ኣስቄጥስ </u>ብዙሕ ግዜ ተጠቒሱ ንረኽቦ ኢና። እዚ ገዳም '<u>ኣስቄጥስ</u>' ስም ዝተዋህቦ፣ ዓዉዲ መንፈሳዊ ህይወት ዝማዕበለሉን፣ ኣቦታትን ኣዴታትን ገዛእ ርእሶም ካብ ፍትወት ዓለም ንምጻህ ዝተላመድሉ ቦታ ስለዝኾነ እዩ። ኣብዚ ቦታ`ዚ፣ ብዙሓት ቅዱሳን ንክርስቶስ መሲሎም፣ ከም መላእክቲ ናይ ቅድስና ህይወት የሕሊፎም፣ ንዓና ነዞም ኣብ ዓለም እንነብር ዉን ብዙሕ መንፈሳዊ መንገዲ ኣዉሪሶምና ኣለዉ።

ደራሲ ናይዛ መጽሓፍ፣ ሓደ ኣብ ፊንላንድ ዝነብር ኦርቶዶክሳዊ በዓል ሓዳር ኮይኑ፣ ካብ መጽሓፍቲ ናይ ቅዱስ ዮሃንስ ክሊማኮስ "The Conference & The ladder" ኣዋጺኡ፣ ንዓና ነዞም ኣብ ዓለም (ብሕጊ መዉስቦ) እንነብር ንክንግልገለላ ብምሕሳብ ዘዳለዋ መጽሓፍ እያ።

<u>**"*መንገዲ ባሕታዉያን*"**</u> ከመይ ጌርና በታ ጸባብ ኣፍደገ ህይወት ክንኣቱ እትምህረና፣ መባእታዊት መጽሓፍ ኮይና፣ ኣብ ኦርቶዶክስ ቤተክርስቲያን ንልዕሊ ክልተ ሽሕ ዓመት ዝማዕበለ፣ ህይወት ክርስትና እተርድኣና፣ ኩሉ ሰብ ብዝርድአ መልክዕ ዝተዳለወት፣ ኣዝያ ጽብቅቲ ስራሕ እያ። መነኮሳትን ባሕታዉያን ኣቦታትን ኣዴታትን ዘሕለፍዎ ህይወት፣ ከም ተሞክሮ ብምዉሳድ፣ ገድሊ ቅዱሳን ብዕምቆት ብምምርማር፣ ከመይ ጌሮም ኣሰር ክርስቶስ ከምዝሰዓቡ፣ ትምህረናን፣ ንዓና ዉን መንገዲ ትሕብረናን።

<u>**"*መንገዲ ባሕታዉያን*"**</u> ንናይ ቅ.ዮሃንስ ክሊማኮስ ጽሑፋት እተዘኻክረን፣ ካብ ዓለማዊ (ሓጢኣታዊ) ህይወት ተፈሊና፣ ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ንክነምርሕ እትድርኽን፣ ኣዝያ ብልጽቲ መጽሓፍ እያ። ዓለም ንመንፈሳዊ ህይወት ጸማም እዝኒ ኣብ ዝሃበትሉ ዘመን፣ ከምዚ ዓይነት ብሉጽ ጽሑፍ፣ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ክቡራት ኣሕዋትን ኣሓትን፣ ዓቢ ጾም ናይ ከምዚ ዓይነት ህይወት እንነብረሉ ስለዝኾነ፣ ኣንቢብኩም መንፈሳዊ ህይወትኩም ክተዕብዩ፣ ይምነየልኩም። ስብሓት ለእግዚአብሔር!

ብክርስቶስ ሓዉኹም!

## መዉጽኢ ኣርእስቲ


1. ዕላማኻ ጽኑዕን ንጹርን ይኹን ..... 1
2. ዉልቃዊ ሓይልኻ ኣይክጠቕመካን ..... 1
3. ግራት ልብኻ ..... 2
4. ስቕታን ዘይርአ ኲናትን ..... 3
5. ገዛእ ርእስኻ ምኽሓድን ልብኻ ምንጻህን ..... 3
6. ትምኒትን ምኞትን ኣወግድ ..... 5
7. ካብ ፍትወት ስጋ ናብ ፍቕሪ ክርስቶስ ..... 6
8. ዝሰዓርካዮ ሓጢኣት ዳግማይ ከይምለሰኻ ተጠንቀቕ ..... 7
9. ንዓለም ምስዓር ..... 8
10. ሓጢኣትኻን ሓጢኣት ካልኦትን ..... 9
11. ዉሽጥኻ ምጽራይ ..... 10
12. ተኣዛዝነት ..... 12
13. ኣዕሚቕካ ገስግስ ..... 13
14. ትሕትናን ንቕሓትን ..... 14
15. ጸሎት ..... 16
16. ጸሎት 2ይ ክፋል ..... 17
17. ጸሎት-3ይ ክፋል ..... 18
18. ጸሎት-4ይ ክፋል ..... 20
19. ንጸሎት ከሰንዮ ዝግባእ ኣካላዊን ኣእምሮኣዊን ምድላዋት ..... 21
20. ጾም ..... 22
21. ልዕሊ ዓቕምካ ካብ ምጽዓር ተቆጠብ ..... 23
22. ስጋዊ ነገራት ተጠቐም ..... 24
23. ኣብ እዋን ጸላም ..... 25
24. ካብ ዘኬዎስ ንረኽቦ ትምህርቲ ..... 26
25. ጸሎተ ኢየሱስ ..... 27
26. ክቡር ዝዋግኣ ጽብቕቲ ዕንቊ /ማቴ 13፥45/ ..... 30

## 1. ዕላማኻ ጽኑዕን ንጹርን ይኹን

ነፍስኻ ከተድሕናን ዘለኣለማዊ ህይወት ክትወርስ ድሌት እንተድኣ ሃልዩካ፣ ካብ ትህኪት ተንስእ፣ ብትእምርተ መስቀል ኣማዕቲብካ ከምዚ በል፡ *"በስመ ኣቦን ወድን፣ መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላኽ ኣሜን"*

እምነት ብግብሪ እምበር፣ ብምምርማር ኣይትመጽእን። ኣምላኽ መን ምዃኑ ንኽትፈልጥ ብግብሪ ተበገስ። ዘረባን፣ ምርምርን ኣይኮነን ዝጠቅም፣ ንእግዚኣብሔር ብተሞክሮ ጥራይ ኢኻ ክትፈልጦ ትኽእል። ንፋስ ንክትረኽብ መስኮት ትኸፍቶ፣ ጸሓይ ክትጽሎ ዉን ናብ ደገ ኢኻ ትወጽእ። እምነት ዉን ብተመሳሳሊ መንገዲ እያ ትዓቢ። ቅዱሳን ኣቦታት ከምዝመሃሩና፣ ዕላማ ብኮፍ ወይ ብትጽቢት ኣይብጻሕን። ህይወት ናይቲ **ጥፉእ ወዲ** ኣብነትና ንግበሮ፣ "***<u>ተንሲኡ</u>*** *ኸኣ ናብ ኣቡኡ* ***<u>ተመለሰ</u>***" /ሉቃ 15፥20/።

ሽሕ እኳ ኣብ ዓዘቕቲ ሓጢኣት ሃሉ ብዘየገድስ፣ ኩሉ ግዜ ናብ ኣምላኽ ክትምለስ ትኽእል ኢኻ። እግዚኣብሔር ዶንጊኻ ኢሉ ኣይክመልሰካን። ኣብራሃም ክጽዋዕ እንከሎ ወዲ 75 ዓመት እዩ ኔሩ። እቶም ኣብ ዓሰርተ ሓደ ሰዓት ዝመጽኡ ሸቃሎ፣ ማዕረ እቶም ኣብ ቀዳመይቲ ሰዓት ዝመጽኡ ሸቃሎ ተከፊልዎም። እዚ ጽሑፍ ንከንቱ ኣይኮነን።

ተሃዊኽካ ዉን ኣይክብለካን። ዱር ብንኢሽቶ ሓዊ እንድዩ ዝጠፍእ፣ እሞኸ ደኣ፣ ነፍስኻ ክትቃጸል ክትጠፍእን ክትዓንዉን እንከላሲ፣ ሱቕ ኢልካ ክትርእያ ዲኻ፧?

ኣብ ግዜ ጥምቀትኻ ዝተቀበልካዮ ጸጋ ኣሎ። ንጸላኢ ሰናያት ዉን ክትቃለስ ዉን ተኣዚዝካ ኣለኻ። እምበኣር ጸጋኻ ኣልዕል እሞ፣ ተቃለስ። እቲ ኣብ ከንቱ ድኻምን፣ ትህኪትን ኮይንካ ዘሕለፍካዮ ዘመን ዉሑድ ኣይኮነን። ስለዚ ካብ ሓድሽ ጀምር። ምኽንያቱ ነቲ ኣብ ጥምቀት ዝተቀበልካዮ ጸጋ ዉልድነትን፣ ቅድስናን ኣርኪስካዮ ኢኻ።

ስለዚ ብቅጽበት ተንስእ፣ ኣይትዶንጒ! ዕላማኻ '**ደሓር**'፣ ወይ '**ጽባሕ**'፣ ወይ '**ምሸት**'፣ ወይዉን '**ነዚ ዝሰርሖ ዘለኹ ምስወዳእኹ**' እንዳበልካ ኣይተናዉሓዮ። ምኽንያቱ ምንዋሕ ሰዓታት፣ ኩሉ ግዜ ሓደገኛ እዩ።

ዕላምካ ልባዊን ጽኑዕን ምዃኑ ብግብርኻ ከተርእይ እትኽእል፣ ብቅጽበት ምስትብገስ እዩ። ኣረጊት ሰብነትካ ገዲፍካ ሓድሽ ህይወት ከምዝጀምርካ፣ ሓድሽ መንገዲን፣ ሓድሽ ዕላማን ከምዝሓዝካ ብተበግሶኻ ኣርእይ። እምበኣር ተበገስ፣ ኣይትፍራሕ! "***ኦ ጐይታ እብገስ ኣሎኹ እሞ ደግፈኒ***" በሎ። ምኽንያቱ ልዕሊ ኲሉ ዘድልየካ፣ ናይ ጐይታ ረድኤት እዩ። ኣብ ዕላማኻ ጽናዕ፣ ናብ ድሕሪት ኣይትጠምት። እታ ናብ ድሕሪት ምስ ጠመተት፣ ናብ ዓንዲ ጨዉ ዝተቀየረት ሰይቲ ሎጥ ዘክራ /ዘፍ 19፥26/። ኣረጊት ሰብነትካ ደርቢኻዮ ኣሎኻ፣ እምበኣር ኣብኡ ይኹን፣ ግደፎ። ከም ኣብራሃም ***"ካብ ዓድኻን ካብ ኣዝማድኻን ካብ ዓዲ ኣቦኻን ዉጻእ፣ ናብቲ ኣነ ዘርእየኻ ምድሪ ኸኣ ኺድ።"*** ዝብል ድምጺ ኣምላኽ ሰሚዕካ ኣለኻ /ዘፍ12፥1/። እምበኣር ኩሉ ሓሳብካን ልብኻን ናብታ ምድሪ ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ይኹን።

## 2. ዉልቃዊ ሓይልኻ ኣይክጠቕመካን

ቅድም ቀዳድም ነዚ ዘክር፣ ኣብ ዝኾነ ኣጋጣሚ ኣብ ናይ ገዛእ ርእስኻ ሓይሊ ኣይትሞርኮስ፣ ቅዱሳን ኣቦታት ብሓደ ቃል ዝመክሩና ነዚ እዩ። ኣብ ቅድሜኻ ዘሎ ኲናት ብርቱዕ እዩ፣ ስለዚ ስጋዊ ሓይልኻ ዋላ ሓንቲ ኣይክገብረልካን። ኣብ ዉልቃዊ ሓይልካ እንድሕሪ ትምካሕ ኮይንካ፣ ብዙሕ ግዜ ክትወድቅ ኢኻ፣ ነዚ ህይወት ዉን ኣይክትቅጽሎን። እቲ ዘድልየካ ዓወትን ብርተዐን፣ እግዚኣብሔር ጥራይ'ዩ ክህበካ ዝኽእል።

ኣብ ዉልቃዊ ሓይልኻ፣ ንከይትዉከል ወስን። ብዙሓት ነዚ ዉሳኔ ብዘይምዉሳኖም፣ ወዲቖም ኣለዉ። ነዚ ሓሳብ ክትስዕሮ ይግባእ። እንድሕሪ ዘይስዒርካዮ፣ ናብ ቅድሚት ክትስጉም ኣይኮነልካን። ሓደ ሰብ፣ ፈላጥ፣ ኩሉ ክግበር ሓይሊ ዘለዎ፣ ኣብ ገዛእ ርእሱ ኣተሓሳስባ ጥራይ ዝዉከል፣ እንድሕሪ ኮይኑ'ሲ፣ ከመይ ጌሩ ካብ ካልኦት ሰባት ምዕዶ ክቕበል ይኽእል፧? ከምዚ ዓይነት ትምክሕቲ ኣብ ዘለዎ ልቢ፣ ብርሃን ኣምላኽ ክኣቱ ኣይኽእልን። ***"ኣቱም ንገዛእ ርእስኹም ፈላጣትን መስተዉዓልትን ገርኩም እትሓስቡ ወይልኹም"*** /ኢሳ 5፥21/ ይብል ነብይ ኢሳይያስ። ቅዱስ ጳዉሎስ ዉን ደጊሙ ከምዚ ይብል ***"ኣይትተዓበዩ ፈላጣት ኢና ኢልኩም ኣይትመክሑ"*** /ሮሜ12፥16/። መንግስቲ ኣምላኽ ካብ ብልሒታትን ኣስተዉዓልትን ተሓቢኣ፣ ንህጻናት ግና ተገሊጻትሎም ኣላ /ማቴ11፥25/።

ስለዚ ኣብ ልብና ዘሎ ትምክሕቲ ነዉጽኣዮ። ኣብ ገዛእ ርእስና ትዉክልቲ ብምግባር ዝነበረና ኣካይዳ ንግደፎ። እዚ ነገር ኣብ ገለ ኩነታት ኣዝዩ ዓሙቅ ስለዝኾነ፣ ክሳዕ ክንደይ ከምዘሸግረና ዉን ኣይንፈልጦን። ማለት ኣብ ህይወት ገለ ሰባት፣ እዚ ሓሳብ ኣዝዩ ሱር ሰዲዱ ንረኽቦ፣ ከምኡ ስለዝኾነ ዉን ህይወት ናይቶም ሰባት ኣዝዩ ብዙሕ ሕልክላኻት ኣለዎ።

ኣብ ህይወትና ዝገሃድ ዘሎ ዝተፈላለየ ሽግር፣ ናይ ነፍስናን ስጋናን መከራ፣ ኩሉ ጭንቀትን ሽግርን፣ ካብ ምንታይ ድዩ ዝብገስ ዘሎ፤ ካብቲ ኣብ ህይወትና ዘሎ ስስዐ፣ ትምክሕቲ፣ ገዛእ ርእስኻ ጥራይ ካብ ምፍታዉን፣ ኣብ ዉልቃዊ ሓይልና ጥራይ ንዉክል ስለዘለናን እንድዩ። እስከ ናብ ሕይወትካ ምልስ ኢልካ ጠምታ፣ መዓልታዊ ገዛእ ርእስኻ ጥራይ ከተዕግብ እንዲኻ ተጸሚድካ ትዉዕል። ገዛእ ስጋኻ ጥራይ ስለትፈትዋ ዉን፣ ኩሉ ግዜ እሱር ኢኻ። ካብ ንግሆ ክሳብ ምሸት እሱር ስጋ ኢኻ። ንግሆ ትትንስእ እሞ *'ሕጂ ከምዚ ክሰትይ እየ'፣ 'መሊሰ ከምዚ ክሰርሕ እየ'፣ 'ከምዚ ዉን ክበልዕ እየ'፣ 'ከምዚ ዉን ክንብብ እየ'* ትብል። ረኣዮ እሞ፣ ሙሉእ ግዜኻ ብዛዕባ ስጋኻ ጥራይ ክትሓስብ ተሕልፎ። ነገራት ከምቲ ዝሓሰብካዮ ምስ ዘይሰልጠካ ዉን፣ ኣዚኻ ተሓርቕን ትቖጣዕን።

ዉሽጥኻ ኣጸቢቕካ መርምሮ ከምኡ ጸገም ከምዘለኻ ክትርዳእ ኢኻ። ሰባት ኪቃወሙኻ እንከለዉ፣ ተሓርቕ እንዲኻ፣ እዚ መርኣያ ናይቲ ጸገም እዩ። ዉጽኢት ናይዚ ኣብ ባርነት ሓጢኣት ከም ንነብር ጌሩና። ***"ኣብቲ መንፈስ ጐይታ ዘለዎ ድማ ኣብኡ ሓርነት ኣሎ"*** /2ይ ቆሮ 3፥17/።

ብስጋዊ ስምዒት ተባሒትካ፣ ከመይ ጌርካ ሓርነት ክህልወካ፧? ጐይታ እንታይ ድዩ ኢሉና፣ ን ኣምላኽ ዝያዳን ከነፍቅርን፣ ንብጻይና ከም ነፍስና ከነፍቅርን እንድዩ፤ ከምኡ ንገብር ዶ ኣሎና፧? በንጻሩ ሓሳብና ብዉልቃዉ ጉዳይና እንድዩ ተባሒቱ ዝዉዕል፧?

ስለዚ ዝኾነ ሰናይ ነገር ካባኻ ከምዘይርከብ ተረዳእ። ምናልባት ንካልኦት ሰባት ናይ ምፍቃር ሰናይ ሓሳብ እንተሕዲርካ፣ ካብ ዉልቅኻ ከም ዘይኮነ ፍለጥ፣ ካብቲ ምንጪ ኩሉ ሰናይ ነገር፡ ወሃቢ ህይወት ኣምላኽ ዝተዋህበካ ዉህብቶ ምዃኑን፣ ንሱ ኣብ ህይወትካ ዘግሃዶ ሓይሉን እዩ። ሰናይ ነገር ናይ ምግባር ሓይሊ ዉን፣ ብናይ ዉልቅኻ ክእለት ዝሰልጥ ዘይኮነስ፣ ዉህብቶ ስሉስ ቅዱስ እዩ።

## 3. ግራት ልብኻ

ጀሚርካዮ ዘለኻ ህይወት ልክዕ ናይ ሓረስታይ ህይወት እዩ። እቲ ግራት፣ ማይ፣ ዘርኢ፣ ሙቐት ጸሓይ፣ ኩሉ`ዚ ዉህብቶ ኣምላኽ እዩ፣ እቲ ዕዮ ግና ናይቲ ሓረስታይ።

ሓረስታይ ጽቡቕ እቶት ንክረኽብ፣ ኣበርቲዑ ክጽዕር ኣለዎ። ንግሆን ምሸትን ክዓዪ ይግባእ፣ ክኹስኩሶ፣ ክጽህዮን፣ ካብ ባልዕ ክከላኸሎን ካብ ኣዕዋፍ ክሕልዎን ይግባእ። ኩሉ ግዜ ተጊሁ ክሰርሕ ይግባእ፣ ብዘይ ዕረፍቲን፣ ብዘይ ምስልካይን ክሕልዎ ዉን ኣለዎ። ዋላ ነዚ ኩሉ ጻዕሪታት ምስ ገበረ፣ ናይዚ ሕርሻ እቶት ኣብ ሓደ ዓቢ ሓይሊ ይምርኮስ፣ **ኣብ እግዚኣብሔር**።

ክንሕልዎን ክንከናኸኖን ተዋሂብና ዘሎ ዕዮ፣ ግራት ልብና እዩ፣ እቶቱ ኸኣ ዘለኣለማዊ ህይወት።

ዘለኣለማዊ ህይወት እዩ፣ ምኽንያቱ ብግዜን ቦታን ዘይዉሰን፣ ብግዳማዊ ኩነታት ዘይጽሎ፣ ኣማናዊ ሓርነት ዘለዎ፣ ገደብ ኮይኑ ዝዓግቶ ዘይብሉ፣ ፍቕሪ፡ ምሕረትን፡ ብርሃንን ዝመልኦ ህይወት ስለዝኾነ። ብመንፈስ ዝንበር፣ መንፈሳዊ ኩነታት ዘለዎ፣ መንፈሳዊ ህይወት እዩ። ኣብዚ ምድሪ ይጅምር፣ መወዳእታ ዉን የብሉን፤ ማንም ምድራዊ ሓይሊ ዘየናዉጾ ሕይወት እዩ፤ እዚ ህይወት ኣብ ልቢ ይጅምር።

ቅዱስ ይስሃቅ ሶርያዊ ከምዚ ይብል ***"ጻላኢኻ ከም ኣቀራርባኻ እዩ፣ ዝሕይለካ እሞ፣ ገዛእ ርእስኻ ቅጻዕ። ምስ ገዛእ ርእስኻ ተዓረቕ (ሰላም ግበር)፣ ሽዑ ሰማይን ምድሪን ምሳኻ ክዕረቕ እዩ። ናብ ዉሽጣዊ ህይወትካ (ልብኻ) እቶ፣ ሽዑ ናብ ውሽጢ ሰማያዊ ድንኳን ዉን ክትኣቱ ኢኻ። ክልትኤን ሓደ እየን፣ ናብ ልብኻ ምእታዉ ማለት፣ ናብ ሰማያዊ ድንኳን ምእታዉ እዩ። ናብታ ቀዳመይቲ ክትኣትዉ ከላኻ፣ ናብታ ዳሕረወይቲ ዉን ኣቲኻ ኣለኻ። ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ዘብጽሕ መሳልል፣***

*ኣብ ዉሽጥኻ'ዩ ዘሎ፣ ኣብ ነፍስኻ ብምስጢር ክትረኽቦ ኢኻ። ጾር ሓጢኣት ቀንጢጥካ ደርብዮ እሞ፣ ሽዑ ናብ ላዕሊ ናብ ሰማያት ዘብጽሓካ ህይወት ክትረክብ ኢኻ።"*

ኣቦታትና ሰማያዊ ድንኳን ዝብልዋ፣ ንመንግስቲ ኣምላኽ እዩ፣ መንግስተ ሰማያት ዉን ካልእ ስማ። መንግስተ ሰማያት ማለት ብሓጺሩ ክርስቶስ እዩ። ብክርስቶስ ምንባር ማለት ዘለኣለማዊ ህይወት ምንባር እዩ።

## 4. ስቕታን ዘይርአ ኲናትን

ብዛዕባ ዕላማ ምንጸርን፣ ኣብ ናይ ገዛእ ርእስና ሓይሊ ከይንምካሕ፣ ተዘራሪብናና፣ እቲ ህይወት ዉን ኣብ ልቢ ከምዝጅምር ርኢናን። እምበኣር ሕጂ ናብ ኲናት ክንኣቱ። እዚ ኲናት ዘይርአ እዩ። ብስቕታ ኣብ ልቢ ዝግበር ቃልሲ። ግንባር ናይዚ ኲናት ልቢ፣ ኣብ መዓሙቕ ዉሽጥና ዝኻየድ ቃልሲ። ቅዱሳን ኣቦታት *"ሚስጢርኩም ከይወጽእ ኣፍኩም ኣይትኽፈቱ"* ይብሉ። ዉዑይ ሻሂ ዝሓዘ ፑርሙስ፣ ከፊትካ እንድሕሪ ገዲፍካዮ፣ እቲ ሃፋ ይኸይድ'ሞ፣ እቲ ሻሂ ይዝሕል፣ ክትሰትዮዉን ኣይትደልን።

ስለዚ ንስኻ ዉን ብዛዕባ'ዚ ሒዝካዮ ዘለኻ ዕላማ፣ ምስ ማንም ሰብ ኣይተዕልለሉ። ብዛዕባ'ዚ ጀሚርካዮ ዘላኻ ህይወት፣ ብዛዕባ ከጋጥመኻ ዝኽእል ፈተናታት፣ ብዛዕባ ረኺብካዮ ዘለካ ተሞክሮ፣ ዋላ ሓንቲ ኣይትዛረብ፣ ትም በል። እዚ ጉዳይ ኣብ ክልቴኹም ጥራይ ይኹን፣ ኣብ መንነኻን እግዚኣብሔርን። ብተወሳኺ፣ ኣባት ነፍስኻ።

ስቕታ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ምልፍላፍን ብዙሕ ምዝራብን፣ ኣብ ገዛእ ርእስኻ ጥራይ ንከተድህብ ይገብረካ። ዓባስ ዃን። ሱቕ ክንብል ከለና፣ ድምጺ ናይቲ መሓሪ ኣምላኽ ክንሰምዕ ንኽእል። ብስቕታ፣ ምስቲ ዅሉ ዝሰምዕ ጐይታ፣ ክናፍርና ከይከፈትና ክነዕልል ንኽእል። በዚዉን ኣብ ኣምላኽ ዘለና እምነት ዝያዳ ይሕይል። ዅሉ ጻዕርኻ ናብኡ ይኸዉን። እምነትኻን ትምክሕትኻን ኣብ ኣምላኽ ይኹን። ደጊም ናብ ሰማያዊ ህይወት እዩ ጉዕዞኻ፣ ኣብ ሰማያት ድማ ዘረባ ኣየድልን።

ካብዛ ሰዓት ጀሚርካ ኲሉ ዘጋጥመካ ነገር፣ ዓቢ ይኹን ንእሽቶይ፣ ኣምላኽ ንሰናይካ ኢሉ ዝለኣኾ ምዃኑ ክትርዳእን ክትኣምንን ይግባእ። ንዓኻ እንታይ የገድስ፣ ኣምላኽ ይፈልጥ፤ ፈተና ድዩ፣ ዓወት፣ ሃብቲ ድዩ ድኽነት፤ ኣብታ ግዜ'ቲ እንታይ ከምዘድልየኻ ንሱ ይፈልጥ። ነገራት ብወዝቢ ኣየጋጥምን። ኲሉ ነገር ንክትመሃረሉ እዩ ዝጎንፈካ። ስለዚ ነዚ ሓሳብ ኣጸቢቕካ ክትርዳእ ፈትን። እዚ ዓይነት ርድኢት እዩ፣ ኣብ እግዚኣብሔር ዘለኻ እምነት ክተዕቢ ዝሕግዘኻ።

ሕጂ ዉን ቅዱሳን ኣቦታት ከምዚ ይብሉ፣ ***"ንገዛእ ርእስኻ ገና ታተ ኢሉ እግሪ ምትኻል ዝመሃር ህጻን፣ ወይ ጓና ድምጺ ቃላት ከጽሪ ዝፍትን ቆልዓ ገርካ ጠምታ"***፡ ኣብዚ ሕጂ ኣቲካዮ ዘለኻ ኲናት፣ ኲሉ ክእለትኻን፣ ዓለማዊ ጥበብኻን ዋጋ የብሉን። ዋላ ሃብትካ ኮነ፣ ስልጣንካ፣ ኣብ ሕብረተሰብ ዘለካ ዕብየት ዉን እንተኾነ፣ ምንም ረብሓ የብሉን። ኣብ ኣገልግሎት ኣምላኽ ዘይዉዕል ሃብቲ፣ ጾር እዩ። ኣብ ልቢ ዘይሰፍር ፍልጠት ድንቁርና እዩ፤ መሊሱ ኸማን ትዕቢት ይፈጥረልካ። ኣቦታት ንኸምዚ ዓይነት ፍልጠት ዕሩቕ ይብልዎ፣ ፍቕርን ርህራህን ስለዘይብሉ። ስለዚ ደጊም ኲሉ ዘለኻ ፍልጠት ደርብዮ፣ ጥበበኛ ንኽትከዉን ኣብ ቅድሚኡ ዓሻ ኹን፤ ምእንቲ ሃብታም ክትከዉን፣ ጨርቃም ኩን፤ ምእንቲ ክትሕይል፣ ድኹም ኹን።

## 5. ገዛእ ርእስኻ ምኽሓድን ልብኻ ምንጻህን

እምበኣር ሕጂ ናብቲ ዝዓበየ ዕማም ክንኣቱ፣ ንሱ ዉን፣ ፍትወት ገዛእ ርእስኻ ምቁጽጻር እዩ። እዚ ማለት ገዛእ ርእስኻ ምኽሓድ ወይ ምምላኽ እዩ። ነዚ ዘይርአ ኲናት ንክትዕወተሉ ገዛእ ርእስኻ ክትቀጽዕ ይግባእ። ፍትወት ገዛእ ስጋኻ ኣብ ዝነገሶ ልቢ፣ ብንጽህና ክትጽልይ ኣሸጋሪ'ዩ፣ *"ይኹን ፈቃድካ/ ፍቓድካ ይኹን"* ኢላ ልቢ ክትጽልይ ኣይትኽእልን። ናይ ገዛእ ርእስኻ ክብሪ እንድሕሪ ዘይንዒቕካ፣ ናብቲ ዝዓበየ ክብሪ ክትበቅዕ ኣይትኽእልን። ኣብ ስጋዊ ሓርነትካ ጥራይ እንድሕሪ ተጸሚድካ፣ ኣማናዊ ንጉስ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝነገሶ፣ ኣማናዊ ሓርነት ኣይክህልወካን።

"ስጋዊ ሓርነት ኣይትብሃግ፣ ሓርነት ክወሃበካ እዩ" ይብሉ ቅዱሳን ኣቦታት።ምድሪ እሾኹን ተኹርባን ተብቁለልካ። እንጌራ ብረሃጽ ገጽካ ኽትበልዕ ኢኻ፥ ተባሂሉ ኣዳም። ረሃጹ`ዩ፣ እሾኹ።

ቅዱሳን ኣቦታት፣ ብዉሕድ ነገር ክንጅምር ይምዕዱና። ቅዱስ ኤፍሬም ሶርያዊ ከምዚ ይብል፣ ***"ነዛ ንእሽቶይ ሓዊ ከመይ ከምትጠፍእ ዘይተመሃርካ'ሲ፣ ከመይ ጌርካ ነቲ ብርቱዕ ባርዕ ከተጥፍእ ትኽእል።"*** ቅዱሳን ኣቦታት ዉን ከምዚ ይብሉ፡ ***"ካብ ዓቢ ፈተና ክትድሕን፣ ነተን ንኣሽቱ ፍትወታት ቅተለን፣"*** ። እቲ ሓደ ካብቲ ሓደ ዝፍለ ኣይኮነን፣ ኩሉ ከም ሰንሰለት ዝተሓሓዘ እዩ።

ሕማቅ ኣመል ዉን ብተመሳሳሊ መንገዲ ይምዕብል። ኣብ ህይወትካ ዘሎ፣ ኩሉ ክፉእ ኣመል፤ ንኡስ ብዝመስሉ ነገራት ተተሓሒዘን ዝመጽኣ እየን። ሽኮራዊ ነገር ብምፍታው፣ ዘረባ ብምዝዉታር፣ ኩሉ ነገር ክንፈልጥ ካብዘለና ህንጡይነትን፣ ኣብ ዘይጉዳይና ጦብሎቕ ምባል ስለእንፈትዉን እዩ፤ ብዙሕ ሕማቕ ኣመል ኣጥሪና ዘልና። ኩሉ ድሌታትናን ክፉእ ኣመልናን፣ ካብቲ ገዛእ ርእስና ከነዕግብ ኢልና ንገብሮ ባዕላዊ ፍቓድ ዝተበገሰ እዩ።

ገዛእ ፍቓድና ከነማልእ እንነብሮ ህይወት`ዩ፣ ዝጎድኣና ዘሎ። ድሕሪ ዉድቐት ኣዳም፣ ፍቓድ ደቂሰባት ናብ ስጋዊ ፍትወት ጥራይ እዩ ዝጎዩ። ከምኡ ስለዝኾነ ኸኣ፣ እቲ ቃልሲ ምስ ገዛእ ርእስና ኮይኑ። ማለት እዚ ሒዝናዮ ዘለና ቃልሲ፣ ኣንጻር ስጋዊ ፍቓድና እዩ። ብካልእ ኣገላልጻ ንገዛእ ፍቓድና ናብ ፍቃድ ኣምላኽ ምግዛእ እዩ። እዚ ብምዘይምድንጓይ ሕጂ ክፍጸም ኣለዎ።

ዝኾነ ነገር ክትሓትት፣ ስጋካ ዝድርኽካ እንድሕሪ ኮይኑ፣ ኣይትሕተት። ክልተ ኩባያ ቡኒ ክትሰቲ እንድሕሪ ቃሕ ኢልካ፣ ሓንቲ ጥራይ ስተ። መመሊስካ ሰዓት ክትርእዮ እንድሕሪ ረቢጹካ፣ ሰዓት ኣይትርአ። ሽጋራ ክትሰቲ ቃሕ እንቴሉካ፣ ግደፎ። ደገ ክትወጽእ እንድሕሪ ደሊኻ፣ ገዛ ኮፍ በል። እዚ ገዛእ ርእስኻ ምግታእ ይበሃል፣ እዚ ሜላ`ዚ ገዛእ ፍቓድካ ናብ ፍቓድ ኣምላኽ ከተግዝእ ይሕግዘካ።

ምናልባት ገሌኹም፣ *"ብሓቒ እዚ ኹሉ የድሊ ድዩ፧?"* ኢልኩም ትሓቱ ትህልዉ። ነዚ ሕቶ ቅዱሳን ኣቦታት ብሕቶ ይምልስዎ። "***ዕትሮ፣ ነቲ ኣብ ዉሽጡ ዘሎ ርስሓቱ ከየጽረኹም፣ ጽሩይ ማይ ምመላእኹም`ዶ? ገዛኹም ረሳሕን ትርኪምርኽን መሊኡ እንከሎ፣ ክቡር ጋሻ መእንገድኩምሉ'ዶ? ፍጹም ዘይመስል እዩ። ሓዋርያ ቅዱስ ዮሃንስ ከምዝበሎ፣ ነቲ ንጹህ ጐይታ ንኽንርእዮ፣ ከምኡ ገዛእ ርእስና ከነንጽህ ኣለና***" /1ይ ዮሃ 3፥3/።

ስለዚ ልብና ነንጽህ! ነቲ ኣብ ልብና ዘሎ ኩሉ ጋዕ-ገልጠምን፣ ተርኪምርኽን ኣዉጺእና ንጉሓፎ። ነቲ ረሳሕ ባይታ ንወልዉሎ፣ መሳኹቲዉን ይነገፍ፣ ንፋስን ብርሃንን ክኣትዎ ዉን ይከፈት። ማሕደር ኣምላኽ ድሉው ይኹን። ብድሕሪዚ ነቲ ሕማቕ ጨና ዘለዎ ኣረጊት ክዳንና ንደርብዮ፣ ሓድሽ ክዳን ዉን ንከደን። ንዕኡ ድሉው ዘይኮነ ክዳን ምስ ንኽደን፣ ካብቲ መርዓ ከይንስጎግ /ሊቃ 13፥28/።

ጉይታ ብሓዋርያቱ ጌሩ ተመሳሳሊ ትእዛዝ ኣዚዙና። ***"ልብኹም ኣንጽሁ"*** /ያዕ 4፥8/። ቅዱስ ጳዉሎስ ዉን ይደግሞ ***"ካብቲ ስጋን መንፈስን ዜርክስ ዘበለ ኹሉ ርእስና ነንጽህ"*** /2ይ ቆሮ 7፥1/። ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ ከምዚ በለ ***"ካብቲ ውሽጢ ልቢ ሰብ ክፉእ ሓሳብ ይወጽእ እዩ እሞ፡ ምንዝር፡ ስርቂ፡ ቅትለት፡ ዝሙት፡ ስስዔ፡ ክፍኣት፡ ጒርሒ፡ ቅለት፡ ቅንኣት፡ ጸርፊ፡ ኵርዓት፡ ዕሽነት። እዚ ኹሉ ኽፉእ ካብ ውሽጢ እዩ ዚወጽእ፡ ንሰብ ከኣ የርክሶ።"*** /ማር 7፥21-23/። ንግቡዛት ፈሪሳዉያን ኸኣ "***ነቲ ዋንጫ መሬትን ጻሕልን ዝባኑ ድማ ጽሩይ ምእንቲ ኪኸውንሲ፡ ቅድም ነቲ ውሽጡ ኣጽርዮ።"*** /ማቴ 23፥26/።

ንምንታይ ልብና ነንጽሆን ነጽርዮን ከምዘለና ግን ቅኑዕ ርድኢት ይሃልወና፤ ምእንቲ ክጥዕመና ወይ ንክምችኣና ኣይኮነን። ነዚ መዕረፊ ጋሻ ዝኾነ ልብና፣ ነዳልዎን ነጽርዮን ዘለና፣ ንዉልቅና ኣይኮነን፣ ነቲ ጋሻ ንክጥዕሞን፣ ንክፈትዎን እዩ። ምእንቲ እቲ ኣብ ልብና ዝኣቱ ክቡር ጋሻና ክሕጎስን ባህ ክብሎን፣ ክፈትዎን እዩ። “ባህ`ዶ ይብሎ ይኸዉን፧?” ንገዛእ ርእስና ንሕተታ። “ተሓጒሱ`ዶ ይኣትዉ ይኸዉን፧?” ኹሉ ሓሳብና ናብኡ እዩ።

ስለዚ ተዓጠቕ፣ ልብኻ ኣጽርዮ፣ ዝኾነ ህያብ ክትረኽብ ዉን ትጽቢት ኣይትግበር።

ሰልስተ ዓይነት ጠባያት ኣብ ሰብ ኣሎ። ቀዳማይ **ስጋዊ ሰብ**፣ ንዝዛእ ርእሱ ጥራይ ዝሓስብ፣ ዋላ ንካልኦት ይህሰ ኣይግድሶን፣ ብዛዕባ ስግኡ ጥራይ ይሓስብ። ካልኣይ **ባህሪያዊ ሰብ**፣ ንዝዛእ ርእሱን፣ ንካልኦትን ከሐጉስ ይደሊ። እቲ ሳልሳይ ***መንፈሳዊ* ሰብ**፣ እዚ ንኣምላኽ ጥራይ ከሐጉስ ይደሊ፣ ዋላ ሞት ይምጻእ።

እቲ ቀዳማይ ካብ ናይ ሰብ ደርጃ ወሪዱ ዳርጋ ናብ እንስሳ ገጹ ዝኸደ'ዩ። እቲ ካልኣይ ባህሪያዉን ልሙድን ኮይኑ፣ እቲ ሳልሳይ ግና ካብ ደረጃ ደቂ ሰባት ክብ ዝበለ ኮይኑ፣ ብክርስቶስ ዝንበር ህይወት እዩ።

መንፈሳዊ ሰብ መንፈሳዊ ነገር ጥራይ ይሓስብ፣ ብንስሓ ሓደ ሓጥእ ኣብ መላእኽቲ ዝግበር ሓጎስ ክሰምዕ ይብህግ። እቲ ዝናሳሕ ሓጥእ ዉን ንሱ ምኽኑ ይዝክር። ከምዚ ዓይነት ስምዒት ይሃልዉካ። በዚ ተስፋ ጥራይ ክትጽዕር ይግባእ። ጐይታ፣ ቅድም መንግስቱን ጽድቁን ክንደሊ፣ (ማቴ 6፥33) ከምቲ ሰማያዊ ኣቦና ፍጹም ዝኾነ ንሕና ዉን ፍጹማት ክንኸዉን እዩ ዝኣዘዘና (ማቴ 5፥48)።

ስለዚ ኣይትሳነፍ፣ በርቲዕኻ ተቃለስ። ነቲ ኣብ ዉሽጥኻ ዘሎ ኩሉ ስጋዊ ባህርያት፣ እንስሳዊ ጠባያት ጽርግርግ ኣቢልካ ኣጥፍኣዮ። ዋላ ሓንቲ ኣሰር ዉን ኣይትሕደግ። ነፍሲ ወከፍ ኣብ ዉሽጥኻ ዘሎ እንስሳዊ ኣካይዳ፣ ኣየናይ ምኽኑ መርሚርካ፣ ካብ ሱሩ ንክትቡንቁሶ፣ ዕላማካ ይኹን። ምኽንያቱ *"ስጋ ነቲ ምስ መንፈስ ዚጻረር ይምነ፡ መንፈስውን ነቲ ምስ ስጋ ዚጻረር **እዩ ዝምነ።"*** /ገላ 5፥17/።

ነዚ ኹሉ ክትገብር እንከለኻ ግን ሓደ ነገር ኣስተዉዕል። ምናልባት ገዛእ ርእስኻ ከተድሕን ብዙሕ ስለዝጻዓርካ፣ ብሰንኪ'ዚ ኸኣ ትዕቢት ክወርሰካ እንድሕሪ ጀሚሩ፣ ቀልጢፍካ ነዚ ሓሳብ ካብ ልብኻ ኣርሕቆ። ትዕቢት ዝዓበየ ሕማም እዩ። ስለዚ ገዛእ ርእስኻ መርምር፣ ትዕቢት ከይሕዘካ ዉን ኣዚኻ ተጠንቀቕ። ገዛእ ርእስኻ ከም ጻድቕ ከይትሓሰባ!

## 6. ትምኒትን ምቕትን ኣወግድ

***"ብዙሓት ኪኣትዉ እናደለዩስ ከም ዘይኮኑሎም፡ እብለኩም ኣሎኹ እሞ፡ በታ ጸባብ ደገ ንምእታው ተጋደሉ።"*** /ሉቃ 13፥24/። እዚ ቃል፣ ናብ ህይወት እትወስድ ቀጣን መንገዲ ብዙሓት ከምዘይመርጽዋ የረድኣና። ንሕና ግና በዛ ቀጣን መንገዲ ንምእታዉ ክንጋደል ይግባእ።

እዛ መንገዲ ጸባብ ዝኾነትሉ ቀንዲ ምኽንያት፣ ንዝዛእ ስጋና ክንመልኽን ክንገዝእን ስለዘይንደሊ እዩ። በዚ ምኽንያት ዉን ብዙሕ ትምኒታትን ፍትወትን የሕዲርና። እዚ ስጋዊ ፍትወት በብቐሩብ እዩ ዝምዕብል። ኣብ ልብና ቅሩብ ቦታ እንተረኺባ፣ ስጋዊ ፍትወት ባዕላ እያ ትዓቢ። ምናልባት ኣይሰረቕናን ንኸዉን፣ ግን ንሓሚ፤ መስተ ኣይንሰትይን ንኸዉን ግን ብስሰዐ ብዙሕ ቡንን ሻሂን ንስቲ። ከምዚ ብምግባርና ዉን፣ ስጋና ዝደለየቶ እንዳረኸበት፣ ሸዉሃታ እንዳዕገበት ከምትነብር ንገብራ። ብኸምዚ ዉን ትምኒትን ፍትወትን ኣብ ስጋና ይስልጥን። ፍትወት ስጋ ኩሉ ግዜ፣ ንካልኦት ዓበይቲ ሓጢኣት ትስሕብ። ንሓጢኣት ካብ ሱሩ ክንምንጥሳ ዘይከኣልና ዉን ብሰንኪ ፍትወት ስጋ እዩ። እዚ ፍትወትን ትምኒትን ስጋን ኸኣ ሓልዮት ስጋ የሕዲሩልና።

ምንጪ ኩሉ ክፍኣትን ሓጢኣትን ስለዝኾነት፣ ስጋዊ ሓልዮት ኣርሕቕ፣ ንትምኒት ስጋ ዉን ቅተል። ሓልዮት ስጋ ትምኒት ስጋ ፈጢሩ። እዚ ትምኒት ኸኣ፣ ብግዲኡ ብዛዕባ ገዛ ርእሳኻ ጥራይ ከም ትሓስብ ጌሩኻ። ስሱዕን ፍቕሪ ብጻይ ዘይብልካን ኮይንኻ። ኣብ ክንዲ ፍቕሪ ጎረቤትን ብጻይን፣ ፍትወት ስጋኻ ጥራይ ትግደስ። ብኸምዚ ዉን ዕጹው ኢኻ። ምስ ኻልኦት ሰባት ዝምድና ርኽብን የብልካን። እምበኣር ካብዚ ማእሰርቲ ንዝዛእ ርእስኻ ሓራ ግበር። ካብ ሓልዮት ስጋን ትምኒትን ዉጻእ፣ ሸዑ ሓጢኣት ካባኻ ክትርሕቕ እያ።

ናብ ጥፍኣት ዘብጽሕ ስለዝኾነ፣ ንኹሉ ትምኒት ቅተል። ባህጊ ምቕትን ስጋዊ ሓልዮትን ኣጥፍእ። ብኹሉ መንገዲ ተቃለስ፣ ንኹሉ ኣጽዋር ዕጠቕ'ሞ ትንፋስ ከይሃብካ ነዛ ትምኒት ቅተላ። ስጋ ዋላ ብዙሕ ሃባ፣ ኣይትዓግብን፣ ስለዚ ቀጻሊ ንስጋዊ

ፍትወት ኣይትገዛእ። ስጋ ዝደለየዶ ኣይተማልእ፣ እሰራ። ነዚዉን ብዘይምቁራጽ ኣዘዉትሮ። ቀጻልነት ዘለዎ ነገር ሓይሊ ኣለዎ። ግን ብቃል ኣምላኽ ክምገብ ይግባእ።

ዲያብሎስ ኩሉ ግዜ መስሎኺ ከምዘናዲ ኣይትዘንግዕ፣ ስለዚ ኣፍደገኻ ጽቡቕ ጌርካ ዕጸዎ፣ ናይ ድሕሪት ማዕጾ ዉን ኣይትክፈቶ። ኩሉ ግዜ ኣብ ተጠንቀቕ ጽናሕ፣ ጸላኢ ሰናያት ሰይጣን ብዝተፈላለየ ሜላ እዩ ዝመጽእ።

ንኣብነት ካብዚኣን ነገራት እንታይ ረብሓ ረኺብኻ፤ ኣብ ተሪር ነገራት ክትድቅስ ጀሚርካ፣ ግን ኣብ ምዉቕ ዝበለ ማይ ተኣሊኽካ ትዉዕል?! ሽጋራ ንክትገድፋ ምሒልካ፣ ግን ሙሉእ መዓልቲ ቁምነገር ኣብ ዘይብሉ ዕላላት ተጸሚድካ ተሕልፎ?! ምልፍላፍ (ከንቱ ዝኾነ ብዙሕ ዘረባ) ሓዲግካዮ፣ ግን ጥቕሚ ዘይብሉ ልበወለድ ከተንብብ ትርከብ?! ልበወለድ ምንባብ ገዲፍካዮ፣ ግን ኸኣ ኣብ ሕልሚ ቀትሪን ዘየድሊን ትካዘን ሓሸዉየ ከትብል ትዉዕል?!

እዚ ስጋኻ ከተዕግብ እትገብሮ፣ ብዝተፈላለየ መዳያት ዝተገልጸ ስጋዊ ፍትወት እዩ።

ሃብቲ፣ ጽጋብ፣ ምቾት፣ ጽቡቅ ብምብላዕ፣ ጽቡቕ ከዳን ምግባር፣ . . . ዝኣመሰሉ ናይ ትምኒት ነገራት ኣይትፍቶ፣ ከማን በንጻሩ፣ ድኽነት፣ ጥሜት፣ ድኻም፣ ጸገም. . .ዝኣመሰሉ ናብ ትሕትና ዝመርሑ ነገራት ብጸጋ ንምቕባል ልብኻ ድሉው ግበሮ። እተን ጐይታ ክንገብረን ዝኣዘዘና ነገራት፣ ከም፡ ጥቅሚ ዘይብሉ ቃላት ከይንዛረብ፣ ስጋና ከይነፍቕር፣ ንመራሕቲ (በዓል ስልጣን) ክንእዘዝ፣ ንዓል ኣንስተይቲ ብትምኒት ዘይምጥማት፣ ዘይምሕራቕ፣. . .ዝኣመሰላ ነገራት፣ ብሕቡእ ግበረን። እዜኣን ኹለን ንክስዕበንን ክንትግብረንን እየን ተነጊረናና፣ ስለዚ ሱቕ ኢልና ኣይንግደፈን። ***"ክሰዕበኒ ዚፈቱ እንተሎ፡ ሀይወቱ ቖቢጹ፡ መስቀሉ ኣልዒሉ ይስዓበኒ።"*** እዩ ዝበለ ጐይታ /ማቴ 16፥24/። ሀይወትና ቐቢጽና፣ ፍቓድና ናብ ኣምላኽ ክንግዝእ ንበገስ፣ ሽዑ ምሕረት ኣምላኽ ክበዝሓልና ዩ።

## 7. ካብ ፍትወት ስጋ ናብ ፍቕሪ ክርስቶስ

ቅዱስ ቴዎፋን ባሕታዊ ከምዚ ኢሉ ይሓትት`ሞ ዝምልሶ መልሲ ኸኣ ንስማዓዮ፣ ***"ካብ ስጋና እንድሕሪ ወጺእና ንመን ንረኽብ?" "ንኣምላኽን ንብጻይናን ክንረኽብ ኢና።"*** በዚ ምኽንያት`ዩ እምበኣር፣ ገዛእ ሰብነትናን ስጋናን ክንቀብጽ ዝተነግረና። ብመድኃኒ ዓለም ክርስቶስ፣ ድሕነት ክረክብ ዝደሊ ሰብ፣ ነዚ ነገር ክፍጽም ኣለዎ። ስጋዊ ሰብ ንስግኡ ጥራይ ዘማእኽለ ህይወት ይህልዎ። ኣምላኽ ዘማእኽሎ ህይወት ንደሊ እንድሕሪ ኮይንና፣ ገዛእ ርእስና ንቐበጽ። ሽዑ ነቲ ኣምላኽናን፣ ጎረቤትናን፣ ብጻይናን ዝኾነ ንክርስቶስ ክንረኽቦ ኢና።

እዚ ማለት፣ እቲ ኣብ ስጋና ሓዲሩ፣ ንስጋዊ ፍትወት ክንግዛእ ዝገበረና ሓይሊ፣ ክሰዓር እዩ። ብዘይ ገለ ምጽራርዉን እቲ ኣብ ፍትወት ስጋ ጥራይ ዘድህብ ዝነበረ ሰብ፣ ሕጂ ናብ እግዚኣብሔር ክምለስ እዩ። በዚ ዉን ኣቢሉ ናብ ፍቕሪ ኣምላኽ ክሰጋገር ይኽእል። ብፍቕሪ ኣምላኽ ኸኣ ናብ ፍቕሪ ብጻይ። እቲ ***"ክትምጽዉት ከሎኻ የማነይትኻ እትገብሮ፡ ጸጋመይትኻ ኣይትፍለጦ"*** /ማቴ 6፥3-4/ ዝተባህለ ዉን ነዚ`ዩ። ናብ ኣማላኽ ዝገበርካዮ፣ ናብ የሕዋትካ ናብ ሰባት ይበጽሕ። ነዚ ምስ ንገብር`ዩ፣ እቲ ነንሕድሕድና ምምዕዓድ ዝኾነልና፣ ስጋዊ ሜላ ዘይብሉ፣ ልዕሊ ኹሉ ዝኾነ ምልኣት ፍልጠት ክንረኽብ ንኽእል። ብባዕላዊ ሜላ ዝምራሕ፣ ካብ ባዕላዊ ዕላማ ዝብገስ፣ ዉልቃዊ ኣካይዳ፣ ኣብዚ ኣየድልን። እዚ ኩሉ ግዜ ናብ ዉልቃዊ ዕግበት ጥራይ ስለዘምርሕ፣ ሓደጋ ኣለዎ። ስለዚ ጽድቂ ይሰርሕ ኣለኹ ኢልካ፣ ገዛእ ርእስካ ከይተታልል ተጠንቀቕ።

ገዛእ ርእስኻ ብስራሕ፣ ብኣኼባ፣ ብዝተፈላለዩ ሓላፍነት፣ ጽሙድ ኣይትግበራ። ሙሉእ ግዜኻ ኣብ ስራሕ ጽሙድ ምኳን፣ ርእሱ ዝኸኣለ ስሚ'ዩ፣ ክቕትለካ ዉን ይኽእል። ገለ ገለ እዋን ብዙሕ ጽቡቕ ነገር ትገብር ኢኻ፣ ይኹን እምበር ነዚ ንኽትገብር ዝደረኸካ ዉልቃዊ ድሌታትካን፣ ንገዛእ ርእስኻ ባህ ከተብል ደሊኻ ኢኻ እምበር፣ ንኣምላኽ ከተሐጉስ ኢልካ ኣይኮንካን (ሮሜ 15፥1)። ገዛእ ርእስኻ መርምር እሞ፣ እዚ ነገር ሓቂ ምኳኑ ክትርዳእ ኢኻ።

እግዚኣብሔር ፤ ፈቃር፡ ወሃቢ ሰላም፡ በጃ ኮይኑ ዘድሕን ፍጹም ርህሩህ ኣምላኽ እዩ። እዚ ኣምላኽ ኣብ ማእኸል ግብዝናን፣ ኣምሰሉ ህይወት ኣብ ዝነገሶን፣ ኣይነብርን። እንታይ ደኣ ሓቀኛን ልባዊ ህይወትን ይፈቱ። በዚ ዝስዕብ መንገዲ ገዛእ ርእስኻ

መርምር። ንኣብነት ክትገብሮ ዝመደብካዮ ሰናይ ነገር ብገለ ምኽንያት ክትገድፎ ምስ እትግደድ፣ ትሓርቕ'ዶ፧ ትቑጣዕ፣ ሰላምካ ተጥፍእ፣ ትጉሂ'ዶ፧? ከምዚ እንድሕሪ ጌርካ፣ ብሓቂ ህይወትካ፣ ብስጋዊ ፍትወት ተመሊኡ ከምዘሎ ከተረጋግጽ ትኽእል።

ምናልባት ስለምንታይ? ዝብል ሕቶ ተቐርብ ትኸውን። እቶም ምኩራት ኣቦታትና እዚ መልሲ ይህቡ። እቲ ገዛእ ፍቓዱ ናብ ፍቓድ ኣምላኽ ዘየግዝአ ጥራይ'ዩ፣ ተቓዉሞ ዝገጥሞ። ምኽንያቱ ኣምላኽ ተቓዉሞ ኣይስዕሮን እዩ። ካብ ስጋዊ ፍትወት ዝረሓቐ ገዛእ ርእሱ ክሳዕ ምዉፋይ ዝበጽሕ ፍቕሪ፣ ናይ ዉልቂ ዘይኮነስ ናይ ኣምላኽ'ዩ። ስለዚ ተቃዉሞ እንተ መጽአ ከማን፣ ክሓርቕ፣ ክጉሂ ኮነ፣ ክቑጣዕ ኣይግባእን። ክበልዕ፣ ክሰቲ፣ ክጽንዕ፣ ክሰርሕ፣ ንህዝበይ ከገልግል፣ ወዘተ፣ ብምባል ብዉልቀይ ዘዳልዎ መደባት፣ ካብ ዉልቃዊ ድሌት ጥራይ ተበጊሰ ዝሰርዖ ዉጥን፣ ተቃዉሞ ኪጋጥሞ ንቡር'ዩ፣ ስለዚዉን እየ ዝጉሂ። በታ ናብ ህይወትን ናብ ኣምላኽን እተብጽሕ ጸባብ ኣፍደገ ዝኣቱን በኣ ዝመላለስን ሰብ፣ ሓደ ነገር ጥራይ'ዩ ክዕንቅፎ (ተቃዉሞ ክገጥሞ) ዝኽእል፣ እዚ ኸኣ፣ ሓጢኣት ዝመልኦ ስጋዊ ድሌት ወይ ፍቓድ እዩ። ኩሉ ፈተናታት ካብ ስጋዊ ፍቓድ'ዩ ዝበገስ። ሓደ ነገር ክገብር መዲቡ ከብቅዕ፣ ኣምላኽ እንድሕሪ ዘይፈቐዱ'ሞ እንተተረፈ፣ ስለምንታይ ትጉሂ፧? ብዘይ ፍቓድ ኣምላኽ ዝኾነ መደብ ኣይትስራዕ (ያዕ 4፥13-16)።
ሕጂዉን ቅዱሳን ኣቦታት ዝብልዎ ንስማዕ።

ኣይትታለሉ፣ ክርስቲያን ንበሃል ኩላትና ከምቲ ጐይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተመላለሶ ክንመላለስ ኢና ተጸዊዕና (1ይ ዮሃ 2፥6)። ንሱ ማለት ክርስቶስ ፍቓዱ ዘይኮነስ፣ ፍቓድ እቲ ዝለኣኾ ዝገበረ፣ ኣብ ሓሰር ዝተወልደ፣ ኣርበዓ መዓልቲ ለይቲን ዝጾመ፣ ሙሉእ ለይቲ ብጸሎት ዝተግሀ፣ ኣጋንንቲ ዝገሰጸ፣ ሕሙማት ዝፈወሰ፣ ሙታን ዘተንስአ፣ ንሱ እወ እዚ ወሃቢ ህይወት መድኃኒዓለም ርእሱ ዘጸግዓሉ ቦታ ኣይነበሮን፣ ኣብ መወዳእታ ዉን፣ ክጸፍዕዎ፣ ጡፍ ክብሉሉን ክሰቕልዎን ዝፈቐደ እዩ።

እስከ ቅሩብ ገዛእ ርእስኻ ምስኡ ኣነጻጽር፣ ደምበር'ዶ ብገለ ኣጋጣሚ ንዕኡ መሲልካ ትፈልጥ፧? ሓንቲ ለይቲ ብጸሎት ተጊህኻ'ዶ ትፈልጥ? ሓንቲ መዓልቲ ጾይምኻ'ዶ ትፈልጥ? ሓደ ጋኔን ገሲጽካ'ዶ ኣዉጺእኻ ትፈልጥ? ገዛእ ርእስኻ ክትጽረፍ፣ ጡፍ ክብሉልኻን ክጸፍዑኻን ፈቒድካ'ዶ ትፈልጥ? ፍቓድካ ሓዲግኻ፣ ስጋኻ'ዶ ኣብ መስቐል ሸንኺርካያ (ገላ 5፥24) ትፈልጥ? መዓልታዊ ነዚኦን ሕቶታት ንነብስኻ ሕተታ።

ገዛእ ርእስኻ ምኽሓድ (ምንዓቕ) እንታይ ማለት እዩ? ገዛእ ርእሱ ዝኸሓደ ሰብ "*ሕጉስ ኣሎኹ'ዶ? ዕጉብ ድዩ?*" ኢሉ ኣይሓትትን። ገዛእ ርእስኻ ብሓቒ እንድሕሪ ክሒድካ፣ እዚ ሕቶታት ኣብ ህይወትኻ ቦታ ኣይክህልዎን። ምኽንያቱ ምእንቲ ሰማያዊ ሓጎስ ኢልኻ ገዛእ ርእስኻ ክሒድካ ኣሎኻ።

ገዛእ ርእስና ጥራይ ከነሐጉስ ስለንደሊ ዉን እዩ፣ ኩሉ ግዜ ዕግርግርን ጽልኢን ኣብ ህይወትና ዝነግስ። ስለዚ ካብዚ ሓሳብ'ዚ ኣልግስ፣ ኣንጻሩ ዉን ተቓለስ፣ ገዛእ ርእስኻ ጥራይ ከተሐጉስ ኣይትድለይ፣ ሽዑ እቲ ዝተረፈ ክምልኣልኻ እዩ።

## 8. ዝሰዓርካዮ ሓጢኣት ዳግማይ ከይምለሰኻ ተጠንቀቕ

ንገዛእ ስጋኻ ክትስዕር ካብ ጀሚርካ፣ እዚ ምልክት ዓወት እዩ። በዚ ዓወት`ዚ ንኣምላኽ ደኣ ኣመስግን እምበር፣ ንገዛእ ርእስኻ ሓያል ጌርካ ኣይትቑጸራ፣ ምኽንያቱ ንሱ`ዩ ነዚ ሓይሊን ዓወትን ዝሃበካ። ካብ ዓቀን ንላዕሊ ኣይትተሓጎስ፣ ጉዕዞኻ ደኣ ቐጽል። እንተዘይኮይኑ፣ ግና ክፉእ መንፈስን ክፉእ ኣመልን ክምለሰካ እዩ፣ ካብ ዉሽጢዉን ክስዕረኻ ይኽእል። እስራኤላዉያን፣ ሕጊ ዝተዋህቦም፣ ነቶም ኣብታ ምድሪ ንዝነበሩ ኣህዛብ ምእንቲ ክሶጉዎም እዩ /ዘሁ 33፥52/። ንሕና ዉን ካብዚ ክንማሃር ይግባእ።

ምናልባት እቲ ዝረኸብካዮ ዓወት ንእሽቶ ወይ ዓቢ ክኸዉን ይኽእል። ማለት ዓቢ ወይ ንእሽቶ ሓጢኣት ስዒርካ ትኸዉን፣ በዚ ግና ኣይትዛነ። ኹሉ ግዜ ብድሕሪት ካልእ ፈተናን ቃልሲን ከም ዘሎ ዘክር። ስለዚ ዕረፍቲ የለን፣ ክትዓርፍ ኢልኻ ዉን ትጽቢት ኣይተሕድር።

ኽምቲ ቅድም ዝበልናዮ፣ ሕጂ ዉን ስቕታ ኣይትረስዕ። ምስቲ ዘይርአ ኣምላክ ትዓዪ ስለዘለኻ፣ ስራሕኻ ኩሉ ዘይርአ ይኹን። ኣብ መንገዲ እንዳዘሮኻ ትኸይድ እንድሕሪ ኮይንካ፣ ዲያብሎስ ዝለኣኾም ኣዕዋፍ ኣጋንንቲ መጺኦም ካብ ልብኻ ክሰርቅዎ እዮም። ኣብ ብዝሒ ዘረባ ሓጢኣት ኣይሰኣንን` እሞ፣ ብገዛእ ርእስኻ ዕጉብ ኣይትኹን።

ስለዚ ኣቦታትና፣ ኲሉ ግዜ ነገራት ክንምርምር ይምዕዱና። እንታይ ትገብር ከምዘለኻ ክትፍለጥ ኣይትብሃግ። እዚ ናይ ኩሉ ግዜ ሕግካ ግበሮ። ብዛዕባኻ ኣይትዛረብ፣ እንታይ እዩ መደብካ፣ ከመይ ትነብር፣ እንታይ እዩ ሓሳብካ፣ ኣይትዛረብ። ብዉሑዱ ከይተሓተትካ ኣይትመልስ። እዚ ዋላ ሓንቲ ረብሓ የብሉን ናይ ስጋ ጥራይ እዩ። ዕግበት ፈጢሩ ብዛዕባኻ ጥራይ ንክትሓስብ ዝገብር ሕማም እዩ።

ኣብ ዝኾነ ግዜ ቦታን ኹነታትን ፈተና ኣይሰኣንን ስለዝኾነ፣ ስራሕኻ፣ መንበሪኻ፣ ዝኣመሰለ ነገራት ክትቕይር ኣይትድለ። ምናልባት ጠንቂ ፈተናን፣ ክፉእ ሓሳብን ዝኸዉን እንድሕሪ ኾይኑ ጥራይ ቀይር።

ዝዓበየ መዓርግ፣ ስልጣንን፣ ሓላፍነትን ኣይትብሃግ። ትሕት ዝበለ ሓላፍነት ክህልወኻ እንከሎ፣ ብእኡ መጠን፣ እቲ ፈተና ዉን ክጒድል እዩ። በቲ ሒዝካዮ ዘልኻ ህይወት ዕጉብ ኹን። ፍልጠትኻ ኽእለትኻ ከተርኢ ኣይትፈትን። ከምዝን ከምትን ኢልኻ ሓሳብ ካብ ምቕራብ ተቖጠብ። ኣብ ክትዕ ኣይትእቶ፣ ንዝኾነ ሰብ ዉን ኣይትቓወም። ሓሳብኻ፣ ልዕሊ ሓሳብ ብጻይኻ ኣይትግበር። ከምዚ ምስትገብር፣ ተኣዛዝነት ክትመሃር ኢኻ፣ ትሕትና ዉን ከተጥሪ ትኽእል። ትሕትና ብዋጋ ዘይትመን ሃብቲ እዩ።

ሰባት ርእይቶ ከቕርቡልካ እንከለዉ፣ ከየማረርካ ተቐበል። ክትጽረፍን፣ ክትንዓቅን እንከሎኻ ኣመስግን፣ እምበር ምስኺንኪን ኣይትበል። ሰባት ምስኪንኪን ክትብል እንድሕሪ ርእዮምኻ፣ 'እዚ ሰብ ትሕትንኡ ደስ ክብል' እንዳበሉ ብዛዕባኻ ጥራይ ክዘረቡ እዮም። እዚ ኣማናዊ (ሓቀኛ) ትሕትና ኣይኮነን፣ ኣማናዊ ትሑት ሰብ፣ ብሰብ ክፍለጥ ኣይደለን። ዓለም ኣይትፈልጦን፣ ምኽንያቱ ዓለም ንዕኡ ዋላሓንቲ ኣይኮነትን (1ይ ዮሃ 3፥1)።

በዓል ጴጥሮስን እንድርያስን፣ ዮሃንስን ያዕቆብን፣ መረቦም ሓዲጎም መዋዕልቶም ራሕሪሖም፣ (ማቴ 4፥20) ኽኪዱ እንከለዉ፤ ብጾትና እንታይ ክብሉና እዮም ኢሎም ስክፍታ ኣየሕደሩን። እዞም ክልተ ጽምዲ የሕዋት ዉን ብቕጽበት ተሰወሩ። እምበኣር ካብዚኦም ሃዋርያት ትምህርቲ ዉሰድ። ካብዚ ዘማውን ሓጢኣተኛን ወለዶ ክትፍለ ግዜ ኣይትዉሰድ። ኣይትወላወል። ነየናይ ኢኻ ከተድሕን ትደሊ፣ ንዓለም'ዶ ዋላስ ንነፍስኻ (ማቴ8፥34-38)? ኣንቱም ሰባት ጽቡቕ ዝዛረቡልኩም፣ ወይልኹም! ሉቃ 6፥26

## 9. ንዓለም ምስዓር

ቅዱስ ባስልዮስ ዓቢ “*ሓቀኛ ፍልጠት ብርቡሽ ልቢ ክንቀርቦ ኣይንኽእልን*” በለ። ስለዚ ንልብና ካብ ዚርብሽን ዘይርግኣት ዘለዓዕልን ዝኾነ ነገር ካብ ምግባር፣ ምርሳዕ ዘስዕብ ነገር፣ ውዕውዕ ስምዒት ወይ ድማ ፍትወት፣ ክንቀኀጠብ ይግባእ። ክሳዕ ዚከኣለና ንነብስና ካብ ኣንጸርጽሮት ተርባጽ ሸቐልቐል፣ ከንቱ ዝኾነ ነገር ካብ ምስራሕ፤ ሓራ ክንገብራ ኣለና። እወ፣ ንጐይታ ከነገልግል ከሎና ብዛዕባ ካልእ ብዙሕ ነገራት ክንጭነቕ ኣይግባእን፣ ግና ሓደ ነገር ኣብ ኣእምሮኻ ዘክር ምኽንያቱ ሓደ ነገር እዩ ዘድሊ ሉቃ 10፥41።

ሰብነትካ ክትሕጸብ እንተኾንካ ቀዲምካ ክዳንካ ተውጽእ። ኣብ ልቢ ዉን ተመሳሳሊ`ዩ፣ ምእንቲ እቲ መንጽሂ መጺኡ ንኸጽርያ፣ ልቢ ካብ ዓለማዊ መልክዕ (ስጋዊ ፍትወት) ሓራ ክትኸዉን ኣለዋ።

ጥዕና ዚህብ ጨራ ጸሓይ ኣብ ቈርበትና ኪበጽሕ እንተኾይኑ ቀዲምና ክንከፍቶን ዕርቃንና ክንቀዉምን `ዩ ዘሎና። እቲ ህይወት ዝህብን ዝፍዉስን ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ዉን ከምኡ እዩ።

ስለዚ፣ ክዳንካ ኣውጽእ። ካልኦት ሰባት ከየፍለጥካ ብሕቡእ ንርእስኻ ክሓድ።

ኵሉ ንዕግበትን ሓጐስን፣ ምቾትን ምዝንጋዕን፣ ኵሉ ዘስሕቕን ንዓይኒ ንእዝኒ ንትንሓግ ፣ ንካልእ ሕዋሳት ፍትወት ዘለዓዕል ኲሉ ሓሳብ ኣርሕቕ። እቲ ዘይሃንጽ ፣ የፍርስ፤ "*ምሳይ ዘይኰነ መቓናቕንተይ እዩ፡*" /ማቴ 12፥30/ ከምዚበለ ጐይታ፣ ኣንጻር ኣምላካዊ ሓሳባት ዝቀዉም ዘበለ ኲሉ ነገር ከነፍርሶ ይግባእ።

ናይ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ድሌታትካን ማሕበራዊ ልማዳትካን ቅረፎ። ነዚ ድማ ብህድኣት፣ ብዘይ ሃንደበታዊ ምቅይያር ፣ ግና ብዝተማለአ መንገዲ ፈጽሞ።

ነቲ ምስ ደጋዊ ዓለም ዚኣስረካ ገመዳት በቢቕሩብ ብተኾ። እዞም ገመዳት ዝተባህሉ፣ ዕድመታት፡ ለይታዊ ትልሂት፡ ፍትወት ገንዘብ፡ ስጋዊ ዕግበት፡ ዝሙት፡ ትዕቢት እየን። እዚኣን ነገራት፣ ኣንጻር ነፍሲ ኲናት ዝእዉጃ፣ ናብ ዓለማዊ ፍትወት ኣሲረን ዝሕዛን፣ ባሪያ ሓጢኣት ዝገብራን እየን። ነዚኣተን ምፍቃር ማለት ንኣቦ ምጽላእ እዩ /1ይ ዮሃ 2፥16/።

እምበኣር፣ ዓለም ዝተባህለት መን እያ፧ ዓለም ክበሃል እንከሎ፣ ከምዚ ኪድ ኢልካ ክትጭብጣ ትኽእል ሓጢኣት ጌርካ ኣይትዉሰዳ። **"ዓለም"**፣ ከምቲ ቅዱስ ማቃርስ ግብጻዊ ዝገለጾ፣ **"ንልቢ ብጸላም ከቢቡ፣ ካብ ኦም ህይወት ዘርሕቕ ፍትወት"** ኣዩ። ዓለም፣ ነቲ ፍልጠት ኣምላኽ ዘይብሉ፣ ዉሽጥና ብምምላእን ብምርዋይን፣ ብዝርኣን ዝድህሰስን ስምዒታዊ ብዝኾኑ ነገራት ከዕግበና ዝፍትን እዩ /ዮሐ 17፥25/።

ዓለም ንሓሳብናን፣ ድሌታትናን ትቆጻጸረና። ቅዱስ ይስሓቕ ሶርያዊ ከምዚ ብምባል ንፍትወት ዓለም ይገልጻ፡ "*ሃብቲ፥ ጥሪት፥ ንብረት፥ ገንዘብ ንምዉናን፤ ስጋዊ ዕግበታትና ከነርዊ ምጽዓር፤ ስልጣን ክንረኽብ ላዕሊን ታሕቲን ምባል (እዚ ሱር ቅንኢ እዩ)፤ ንኹሉ ሰብ ምስዓርን፥ ዉሳኔ ንምሃብ ምህዋኽን፤ ብዘለኻ ሓይሊ ተመኺሕካ ትዕቢት ምርኣይ፤ ገዛእ ርእስኻ ሓፍ ሓፍ ምባልን፥ ብኹሉ ሰብ ክትፍቶው ምድላይን፤ ምስጋናን ሞገስን ምጽባይ፤ ስጋዊ ድልዳለን፥ ጽባቐን ምብሃግ፤ እዚ ኹሉ ዓለማዊን፣ ካብ ዓለምን እዩ። ብዘይንፈልጦ መንገዲ ኣታሊሉም ዉን ኣርዑት ጾር የሰክሙና።*"

እንድሕሪ ገዛእ ርእስኻ ካብዚ ዓይነት ፍትወት ሓራ ከተውጽኣ ደሊካ፣ ነዘን ኣብ ላዕሊ ዝተገልጻ ዝርዝር ረኣየን'ሞ፣ ገዛእ ርእስካ መርምር። ናብ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ክትቐርብ፣ እንታይ ዓይነት ገድሊ ተጋዲልካ፧ ንነብስካ ሕተታ። ፍቕሪ ንዓለምሲ ንኣምላኽ ጽልኢ ምዃኑ እዩ፣ እምበኣርከ ፈታው ዓለም ምዃን ዚደሊ፡ ንሱ ጸላእ ኣምላኽ እዩ ዚኸውን። ናብ በረኸቲ ቦታታት ክንድይብ ንክእል፣ ነቲ ጸበብቲ ሩባታትን ማሕንቆታትን ምስ ንሰግር እዩ። ነቲ ኣብ ጸበብቲ ሩባታት ዘሎ ፍትወታትን ድሌታትን ምስ ንስዕሮ፣ ናብ በሪኽ ቦታ ክንበጽሕ ይኽኣል። ማንም ንኽልተ ጐይተት ክግዛእ ዝኽእል ከምዘየልቦ ኣስተዉዕል /ማቴ 6፥24/፤ ኣብ በሪክ ቦታን፣ ኣብ ጸቢብ ሩባን ኣብ ሓደ ግዜ ክንኸዉን ኣይንኽእልን።

ጾር ምእንቲ ክቐለልካን፣ ናብ በሪኽ ጐቦ ንምድያቡ ዉን ንኽፎክሰልካን፣ ነዘን ዝስዕባ ሕቶታት፣ ንገዛእ ርእስኻ ሕተት። ንኣብነት፡ ናብ እንዳ ሲነማ ወይ ቲያትር ንክትኸይድ ብጾትካ ምስ ዝዕድሙኻ፤ ንገዛእ ርእስካ ከምዚ ኢልካ ሕተታ፡ 'ምእንቲ ገዛእ ርእሰይ ድዩ ወይስ ምእንቲ ዕግበት ካልኦት'የ ዝኸይድ ዘለኹ፧ ኣብዚ ናይ ምዝናጋዕ ግዜ'ኸ ገዛእ ስጋይ ክሸንክራ ይኽእል'ዶ፧ ኣብዚ መገሻ ገዛእ ርእሰይ ብምዝንጋዕ እንታይ ይረብሕ፧ ነዚ መጽሓፍ ኣንቢበ እንታይ ይጥቀም፧ ደቂሰ ብምንባበይ፣ ስጋይ ይገዝኣን ይቀጽዓን ኣሎኹ'ዶ /1ይ ቆሮ 9፥27/፧

እዚኣን ሕቶታት ከም ናትካ ልምዲን ድኹም ጎኒን፣ ክበዝሓን ክቕየራን ይኽእላ። ምኽንያቱ ኲሉ ሰብ ዝተፈላለየ ድኽመትን ልምዲን ኣለዎ። ወንጌል ዉን ነዚ'ዩ ዘረጋግጸልና። ኣብዚኣን ነገራት ኣዚና እሙናት ንኹን። ምኽንያቱ ኣብ ዉሑድ ዝተኣምነ፣ ኣብ ብዙሕ ዉን እሙን ክኸዉን እዩ /ሉቃ 16፥10/። ሕማም ኣይትፍራሕ። ምኽንያቱ እዚ ሕማም'ዚ ካብቲ ፍትወት ስጋ ዝዓብለሎ መጻብቦ ከዉጽኣኻ ይኽእል።

ንነብስኻ ምሕረት ከይገበርካ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዚጠቐስናዮ ሕቶታት ብቀጻሊንብምድግጋምን ንነብስኻ ሕተት። እዞም ሕቶታት ግና ንነብስኻ ጥራይ ደኣ ኢኻ እትሓታ እምበር ንካልእ ሰብ ኣይኮነን። ንማንም ሰብ ከምዚ ኢልካ ክትሓቶ፣ ኣረ ምሕታትስ ይትረፍ ኣብ ኣእምሮኻ እኳ ክትሓስቦ ኣይግባእን። ምኽንያቱ ኣብ ክንዲንውሽጥኻ ናብ ዝኾነ ካልእ ሰብ ከምዚ ዓይነት ሕቶ ታት እንተደኣ ክትሓትት ጀሚርካ፣ ንገዛእ ርእስኻ ኣብ ናይ ፍርዲ መንበር ኮፍ ኣቢልካ ንርእስኻ ከም ዝፈረድካያ ኣስተዉዕል።

ነቲ ብኽንደይ ገድሊ ዝረኸብካዮ ርእሰእዳበ ከኣ በዚ ነገር እዚ ሰበርካዮ፣ ሓደ ስጉሚ ንቕድሚት ዓሠርተ ስጉሚ ግና ንድኅሪ ት ከድካ፣ ከምኡ እንተደኣ ኮይንካ ድማ ብስድነትካ ክትነብዕ፣ ብፍሽለትካን ትዕቢትካን ክትበኪ ጥራይ እዩ ዘሎካ።

## 10. ሓጢኣትኻን ሓጢኣት ካልኦትን

እምበኣር ሓጥእ፣ ዘይትጠቅምን፣ ድርቡይን ምዃንካን ካብ ተገንዘብካ፤ ከምቲ ኣፍ ልቡ ዝወቅዐ ተጋዊ /ሉቃ 18፥13/፣ ንስኻ ዉን ምሕረት እግዚኣብሔር ለምን። *"ኦ እግዚኣብሐር ንዓይ ንሓጥ መሓረኒ!"* በል። *"ካብቲ ተጋዊ ዝገደድኹ ሓጥእ እየ። ከምቲ ፈሪሳዊ ልበይ ዕቡይ፣ ዓይነይ ዉን ብንዕቀት ዝተመልአት እያ፣ 'ከምዚ ተጋዊ ስለየገብርካኒ ኣመስግነካ ኣለኹ' ዝብል ደፋር እየ።"* በል።

ቅዱሳን መማህራንና ከምዚ ይብሉ፡ *"ኣብ ልብኻ ዘሎ ጸልማትን፣ ኣብ ስጋኻ ዘሎ ግብሪ ሓጢኣትን እንድሕሪ ተገዚብኻ፤ ንብጻይካን ጎረቤትካን (ንካልኦት ሰባት) ክትፈርድ ኣይክትመርጽን"።* ኣባኻ ዘሎ ጸልማት እንድሕሪ ኣስትዉዒልካዮ፣ ዕብየት ነቲ ኣብ ኲሉ ዘብርህ ሰማያዊ (ኣምላኻዊ) ብርሃን ክትርድኦ ኢካ፤ ሓጢኣትካ ዓቢ ምዃኑ ዉን ትፈልጥ፣ ሽዑ ንናይ ካልኦት ሓጢኣት ክትምርምር ኣይክትፍትንን። ናብ ፍጽምና ክትበጽሓ ኣብ ትገብሮ ጻዕሪ፣ እቲ ቀዳማይ እትርድኦ ነገር 'ፍጹም ዘይምዃንካ' እዩ። ፍጹም ዘይምዃንካ (ሓጥእ ምዃንካ) ምስ ተርዳእኻ ጥራሕ'ዩ፣ ናብ ፍጽምና ክትበጽሕ ትኽእል። ስለዚ ፍጽምና፣ ካብ ድኽመትካ ምፍላጥ ከም ዝብገስ ተርዳእ።

*"ጸላኢኻ መጠን ክንዲ'ቲ ዝተቃወምካዮ እዩ ዝርሕቀካ"* ይብል ቅ. ይስሓቅ ሶሪያዊ።

መን'ዩ ጸላኢና፧? እዚ ቅዱስ ኣቦ ጸላኢ ኢልዎ ዘሎ፤ እቲ ሓደ እዋን ምስሊ ተመን ብምውሳድ ንቀዳሞት ወለድና ዘስሓተ፣ ካብቲ እዋን እቲ ኣትኒዙ ድማ ኣባና (ኣብ ደቂ-ሰባት)፤ ፍትወት፡ ዓቅሊ ምጽባብ፡ ሕርቃን፡ ፍርሒ፡ ጽልኢ፡ ስንባደ፡ ቅሬታ፣ ዘይምዕጋብ፡ ታህዋክ፡ ስንፍና፡ ጥርጥር፡ ተርባጽ፡ ጓሂ፡ ትህኪት፡ ኣተኣታትዩ፤ ንገዛእ ርእስና ጥራሕ ከነፍቅር ዝገብረና፥ ንሱ ዲያብሎስ ሰይጣን እዩ። ምኽንያቱ ንሱ፣ ካብ ቅድም ንጐይትኡ ከእዘዝ ዘይደለየ ስለዝኾነ፣ ካልኦት ዉን ክእዘዙ ኣይደልይን።

እቲ ብምጥዓስ መንፈስ፣ ንጐይትኡ ከምዘይተኣዘዘ ዝተረድኣ ሰብ፣ ካልኦት ሰባት ክእዘዝዎ ኣይጽበይን። ስለምንታይ ኢኻ፣ ነገራት ከምቲ ዝተመነካዮ ኮይኑ ምስ ዘይሰምረልካ፣ ትጉሂ፡ ትርበጽን ትዕግስትካ ተጥፍእን፧? ኣበምኔት ኣባ ዶርቴዎስ "እቲ ዋላ ሓደ ነገር ዘይትምነ ሰብ፣ ኲሉ ትምኒቱ ክሰምረሉ እዩ" በሉ። ምኽንያቱ እዚ ሰብ'ዚ በተጋድሎ፣ ዋላ ሓደ ትምኒት ከየሕድር ጽዒሩ'ዩ። ኲሉ ድሌታቱ ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ሓድነት ስለዘለዎ፣ ዝለመኖ ዘበለ ይሰልጦ /ማር 11፥24/።

እቲ ንገዛእ ርእሱ ብሓቂ ዝፈልጥ፣ ክሳዕ ክንደይ ዝኣኽል ድኽመት ከም ዘለዎ፣ ዘስተዉዓለ ሰብ፣ ንገዛእ ነብሱ ልዕል ልዕል ኣየብላን። ኣብ ካልኦት ዉን ቅንኢ ኣየሕድርን። እኳ ደኣ በንጻሩ፣ ካልኦት ሰባት ካብኡ ዝሓሹን ዝኸበሩን ምዃኖም የስተብህል። ታሪክ ናይቲ ኣብ መስቀል ዝተሰቕለ ሽፍታ እስከ ንዘክር፣ ኲሉ ሰብ ኣብ መወዳእታ ከከም ግብሩ ከም ዝፍደ፣ /ሉቃ 23፥41/ ኢና ንመሃር። ነዚ ታሪክ ዘኪሩ ነብሱ ዝምርምር ሰብ፣ ጓሂን ጭንቀትን ኣይክቀርቦን። ምኽንያቱ ሰብ ከም ተግባሩ ስለዝፍደይ። እዚ ከምዚ ዝበለ ሰብ፣ ትህኪት ኣይቀርቦን'ዩ፣ ምኽንያቱ መዓልታዊ ገዛእ ርእሱ ስለዘንጽህ። ጓሂ ኣብ ልቡ ኣይክዓስልን፣ ምኽንያቱ ጓሂ ዘስዕብ ነገር ስለዘይምነይ። ኲሉ ጽልኢ ናብ ገዛእ ርእሱ ጥራይ የቅንዖ፣ ጽልኣቱ ነቲ ኣብ ህይወቱ ዘሎ ክፍኣትን ሓጢኣትን ጥራይ ይኸዉን /ሉቃ 23፥41/። *"ህይወቱ ዘይጸልእ ንዓይ ኣይበቅዕን"* ከም ዝበለ ጐይታ። ጥርጥር ዝበሃል የለን፣ ምኽንያቱ እቲ ዝዉከሎ ኣምላኽ፣ እግዚኣብሔር ሰናይ ምዃኑ ጥዒሙን ርእዩን እዩ /መዝ 34፥8/፣ እግዚኣብሔር እዩ ካብ ኲሉ ነገር ዘናግፎ። በዚ መልክዕ ዉን፣ ናብ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ዝህልዎ ፍቕሪን እምነትን እንዳሓየለ ይዉስኽ።

*"እቲ ምስ ገዛእ ርእሱ ዝተዓርቀ (ዕርቂ ዝገበረ)፣ ሰማይን ምድሪን ዉን ምስኡ ክዕረቃ እየን"* ከምዝበለ ሶሪያዊ ቅ.ይስሓቅ፤ ፍረ ትሕትንኡ ክበልፅ እዩ። እዚ ኲሉ ግና፣ ኣብታ ዉሑዳት ጥራይ ዝመላለስዋ፣ ኣብታ ጸባብ መንገዲ ጥራይ እዩ ዝርኸብ /ማቴ 7፥14/።

## 11. ዉሽጥኻ ምጽራይ

ግዳማዊ (ዓለማዊ) ፍትወታትካ ምርሓቅ ማለት፣ ዉሽጥኻ ዉን ምጽራይ እዩ። ንስጋኻ ካብ ዝኣስሩኻ ስጋዊ ሓልዮታት ሓራ ምዃን፣ ንልብኻ ካብ ዉሽጣዊ ቃንዛ ምፍዋስ'ዩ። ነዚ ነገር ምእንቲ ክትበጽሖ፣ ኣንጻር ገዛእ ርእስኻ ኲናት ክትእዉጅ ይግባእ። ቅዱሳን ኣቦታትና፣ ነዚ ኲናት'ዚ ናይ ነፍሲ ፈዉሲ (መድኃኒት) ይብልዎ። ዋላ እኳ ኣዝዩ ጽንኩር እንተኾነ፣ ንድሕነት ኣድላዪ እዩ። ሕማምን ቃንዛን ይሃልዎ፣ ንነፍሲ ግና ጥዕና ክህባ ይኽእል። ነፍስኻ ጥዕይቲ ክትከዉንን፣ ዉሽጥኻ ካብ ኹሉ ኣበሳ ክጸርን እንድሕሪ ደሊኻ፣ ኣንጻር ገዛእ ስጋኻ ኹናት ኣዉጅ።

ነዚ ነገር ብምግባርኻ፣ ከም ሓደ ዓቢ ጽድቒ ስራሕ ጌርካ ኣይትዉሰዶ። ገዛእ ርእስኻ ምቅጻዕን ምግዛእን ማለት፣ ተራን መሰረታዊን ነገር ስለዝኾነ፣ ከም ናይ ጽድቒ ግብሪ ጌርካ ክትርድኦ ኣየድልይን። ንነብስኻ ከም ሓደ ብሸለልትነት ዝመልአ ኣካይድኡ፣ ኣብ ጉድጓድ ዝወደቐ'ሞ፣ ካብ ዝወደቐ ተንሲኡ ናብ ደገ ክወጽእ ዝጽዕር ዘሎ ሰብ ጌርካ ዉሰዳ። እስከ ሕሰቦ'ሞ፣

ሓደ ሰብ ከምዚ ነገር እንተዘጋጥሞ፣ በቲ ዝተዋህቦ መሳርሒ ጌሩ ገዛእ ርእሱ ካብ`ቲ ጸልማትን፡ ትንፋስ ሕጽረትን ዘለዎ ጉድጓድ ከዉጽኣ ምጽዓሩ፤ ባህሪያዊ`ዶ ኣይኰነን፧? ነዚ ባህሪያዊ ነገር እንድሕሪ ዘይተግቢሩ፣ `ቲ ሰብ`ቲ ከም ሓደ ጽሉል`ዶ ኣይምተቖጽረን፧?

ካብዚ ምስላ`ዚ ሓደ ጥበብ ተማሃር። ካብቲ ነፍስኻ ኣትያቶ ዘላ ታኼላ ክትወጽእ ዝሕግዘካ መሳርሒ፤ ትእዛዝ ወንጌል፡ ናይ ቤተክርስቲያን ሚስጢራትን፡ ኲሉ ንድሕነት ዘድልዩ ነገራትን እዮም። እዘን ኲለን ኣብ ግዜ ጥምቀትና ረኺብናየን ኣለና። ሕጂ ንጠቐመለን። እንድሕሪ ኣብ ግብሪ ዘየዉዒልናየን፣ ጥቕሚ የብለንን። በቲ ቅኑዕ ኣገባብ እንድሕሪ ተጠቂምናለን ግና፣ ናብ ብርሃንን ሓርነትን ከብጽሓና እየን።

***"እስመ በብዙኅ ፃማ ወሕማም ሀለወነ ንባእ ለመንግስተ እግዚአብሔር/ ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ብብዙሕ ጸበባ ኽንኣቱ ይግብኣና እዩ"*** /ግብ14፥22/። ንገዛእ ርእስና ከም ሓደ ብሞቁሕ ዝተኣስረ እሱር ጌርና ንዉሰዳ። እዚ ሰብ`ዚ ገዛእ ርእሱ ካብ ሞቁሕ ናጻ ክሳብ ዘይገበራ ኣይክድቅስን። ካልኦት ክድቅሱን ክዛናግዑን እንከለዉ፣ ንሱ ግና ንዓይኑ ሰላምታ እኳ ኣይፈቕደላን፣ ዕረፍቲን ምዝንጋዕን ኣይገብርን። ምኽንያቱ ነብሱ ሓራ ምእንቲ ክገብራ። ንስኻ ዉን ከምኡ ግበር። ብሞቁሕ ሓጢኣት ተኣሲራ ዘላ ነብስኻ ሓራ ከተዉጽኣ ከየዕረፍካ ጸዓር። መሳርሒታትካ ዕጠቕ፣ መኩዓቲኻ ኣልዕል፣ ካብ ማእሰርት ክትሃድም ዉን፣ መንገዲ ክፈት። ካብዚ  ዘላኻዮ ቤት ማሕቡስ ናጻ ዘዉጽኣኻ መሳርሒታት፣ ጾም፡ ጸሎት፡ ንቅሓትን፡ ጐይታ ንክንሕልወን ዝኣዘዘና ነገራት እየን /ማቴ 28፥20/። እዚ ነገር እንተከቢዱካ፣ ገዛእ ርእስኻ ገድድ። ናይ ፍቓድ ሓይልኻ ተጠቒምካ፣ ንስጋኻ ገድዳ። ሓራ ክሳብ ትኸዉን ዉን ኣይተዕርፋ።

እዚ ምግባርና እንታይ ዋጋ ንረኽብ፧? ሓደ እሱር እዚ ዝኣኽል ጻዕሪ ምግባሩ እንታይ ዋግኡ፧? ዝረኽቦ ረባሓ ኣሎ`ድዩ፧? መጀመርታ ባዕሉ እቲ ድኻም ረብሓ እዩ። **ብተስፋን እምነትን** ናይ ዝጥቀመሉ መስራርሒ፣ ንሓርነቱ ብዘለዎ **ፍቕሪን፤** ባዕሉ`ቲ ድኻምን ጻዕሪን ረብሓ ይህቦ። ብዝገብሮ ትግሃትን ጻዕሪን፤ እምነት፡ ተስፋን፡ ፍቕሪን ይዓብዩን ይሕይሉን። ብዙሕ ክደኽም ምስ ጀምረ፣ ንገዛእ ርእሱ ዝህልዎ ሓልዮት ይጐድል፤ በዚ መጠን ዉን ዝቕበሎ በረኸት ይበዝሕ። ንገዛእ ርእሱ ዝያዳ እንዳፈለጣ ይመጽእ፣ ኣብ መንጎ እሱራት ዝርኸብ 'እሱር' ጌሩ ንነብሱ ይቖጽራ። ንነብሱ 'ሓጥእን' ሓደ ካብቶም ኣብ ዉሽጢ ዓለም ዘለዉ ሓጢኣተኛ ምዃኑ ይዝኽር። ኮይኑ ግና፣ ንሳቶም ተስፋ ቆሪጾም ግዜኦም ብድቃስን ብጻዉትን ከሕልፍዎ ከለዉ፤ ንሱ ግና በንጻሩ ብትግሃት ይጽዕር። መዝገብ ረኺቡ ኣሎ፣ ወሲዱ ዉን ሓብኢዋ /ማቴ 13፥12/፤ መንግስተ ሰማያት ኣብ ዉሽጡ ጌርዋ ኣሎ። እምነት፡ ተስፋ፡ ፍቕሪ ኣብ ዉሽጡ ሰፊረን። ኻብ ዉሽጡ ዝምንጩ ህይወት ስለዘለዎ ዉን፣ ናብ ካልኦት ዉን ክጸሉ ይኽእል። ብርግጽ ሕጂ ዋግዋጎ ኮይኑ ይርኣዮ`ሎ፣ ብተስፋ ግና ሓራ እዩ። **ብተስፋ ኢና ድሒና፤ ነቲ ዚርአስ ተስፋ ምግባሩ፡ እዚ ተስፋ ኣይኰነን** /ሮሜ 8፥24/። ሕጂ ኣብ ብዙሕ ጻዕሪ ስለዘሎ፣ ሓራ ምዃኑ ብዋግዋጎ ይርእዮ፣ እንድሕሪ በዚ ትግሃት ቀጺሉ ደሓር ማለት ብተስፋ ግና ሓርነቱ ርጉጽ እዩ። እዚ እሱር ኣብ መወዳእታ ናብዚ ዓወት ምስ በጽሐ፣ ሓርነቱ ብምልኣት ክረኽቦ እዩ፣ ሽዑ ዉን ገጽ ብገጽ (ብንጹር) ክርኢ እዩ። ሽዑ ኣብ መንጎ እሱራት ዘሎ እሱር ዘይኰነስ፣ ሓራ ዝወጽአ እዩ። ኣብ ሓርነት ምህላዉ ክርድኦ እዩ፤ ነቲ ኣዳም ዝተፈጥረሉ ቀዳማይ መልክዕን፡ ደሓር ዉን ብክርስቶስ ዝተሓደሰን ክብረት ዉን ከስተማቕር እዩ።

ከምቲ ብተስፋ ሓራ ዝወጽአ እሱር፣ ንሕና ዉን ብተስፋ ድሒንና ኢና። ድሕነትና ምልኣት ዝህልዎ ግና ኣብዚ ምድሪ ብህይወት እንከሎና ዘይኮነስ፣ ኣብ ሰማያት ኣብ ዘለኣለምዊ ህይወት`ዩ፣ ድሕነትና ርጉጽ ዝኸዉን፤ ሽዑ "ብሓቂ ድሒነ" ክንብል ንኽእል። ምኽንያቱ፤ ***"ሽምቲ ሰማያዊ ኣቦኹም ፍጹም ዝኾነ፡ ንስኻትኩምውን ፍጹማት ኩኑ"*** ዝብል ትእዛዝ ጐይታ /ማቴ5፥48/፣ ኣብዚ ምድሪ`ዚ ክንበጽሖ ኣይከኣልን። ስለምንታይ ደኣ ከምኡ ኢሉ ኣዚዙና፧? ኣቦታት ከምዚ ይምልሱ፡ እዚ ትእዛዝ ዝተዋህበና ቀንዲ ምኽንያት፣ ነቲ ናብ ፍጽምና ዘብጽሕ ጉዕዞ ኣብ ምድራ ብስጋ እንከለና ምእንቲ ክንጅምሮን፣ ደሓር ኣብ ሰማያት ክንፍጽሞን እዩ።

"ሓደ ሰብ ሓርነቱ ክረኽብ ዝክእል፣ብናቱ ወይ ብናይ ካልኦት ሰባት ዘይኰነስ፤ ብኣምላኽ ጥራሕ እዩ" ቅ. ቴኦፋን።

ሓርነትና ንረኽበሉ እንኮ መንገዲ፡ ንስሓ እዩ! እቲ ጻዉዒት ዉን፡ ***"ኣቱም ኲልኹም እትጽዕሩን ጾር ዝኸበደኩምን፡ ኣነ***

***ኽዕርፈኩም ናባይ ንዑ***"፡ እንታይ`ዩ `ቲ ጸዕሪ፧? ግዚያዊ፡ ስጋዊ፡ ምድራዊ ጻዕሪ። እቲ 'ከቢድ ጾር' ዝበሃል ዘሎ`ኸ፧? ብዓለማዊ ምድራዊ ሓልዮት እሱር ምዃን። 'ግን'፤ ኢሉ ይዉስኽ ቅ. ቴኦፋን፤ ግን እዚ ጥራይ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ጐይታ ቀጺሉ ዝተዛረቦ ነስተዉዕለሉ፤ ***"ኣርዑተይ ጹሩ ኻባይ ውን ተማሃሩ፡ ንነፍስኹም ከኣ ዕረፍቲ ኽትረኽቡ ኢኹም"***፡ ካባይ ተማሃሩ በለ ጐይታ፣ ምኽንያቱ ንሱ ክርስቶስ ኣብዚ ምድራዊ ህይወት ብስጋ ኣብ ዝነበረሉ፣ ብግዚያዊ ነገራት፡ ምድራዊ ሓልዮትን፡ ስጋዊ ድሌታትን ኣይተኣሰረን። ስለዚ ካብኡ ንመሃር። /ማቴ 11፥28.../

እቶም ንድሕነቶም ዝጽዕሩን፤ ነቲ ኣብ ህይወቶምን፡ ኣብ ህይወት ካልኦትን ዝመጽእ ዓለማዊ ፈተናታት ከም ጾር ዝተሰከሙን ሰባት ዕረፍቲ ክረክቡ እዮም። ኣርዑት (ጾር) ክርስቶስ ዝጾሩን፣ ከምቲ ንሱ ዝነበሮ ህይወት ዝነብሩን፣ ካብ መላእኽቲ፡ ካብ ሰባት፡ ካብ መጽሓፍቲ ዘይኮነስ ካብ ባዕሉ ካብ ጐይታ፡ካብ ህይወቱ፡ ካብ ብርሃኑ፡ ካብ ግብርታቱ ዝተማህሩ ሰባት ዕረፍቲ ክርኽቡ እዮም። ከምቲ ንሱ ምንባር ማለት፣ ልክዕ ከምኡ ምምሳል እዩ። ንሱ ***ለዋህን ልቡ ዉን ትሑት፡*** ገዛእ ርእሱ ከም ተራ ሰብ ጌሩ ዝረኣየ፡ ነብሱ ልዕሊ ካልኦት ጌሩ ክብ ዘየበላ፣ ንካልኦት ክፋእ ዘይሓሰበ፣ ብግብሩን ብዘረብኡን ጻድቅ። ብሓቂ ከምዚ እንድሕሪ ክንከዉን ጀሚርና፣ ዕረፍቲ ክንረኽብ ኢና፤ እግዚአብሔር ባዕሉ ዕረፍቲ ክህበና እዩ። ካብ ፈተና፡ ጭንቀት፡ ዉርደት፡ ፍርሒ፡ ዓቕሊ ጽበት፡ ኰታስ ንልቢ ካብ ዝርብሽ ዘበለ ኩሉ ነገር ዕረፍቲ ክንረኽብን፣ ሓራ ክንወጽእን ኢና።

እዚ ቅዱስ ዮሃንስ ክልማኩስ ዝመሃሮን፣ ናባና ብትዉፊት ኣቢሉ ካብ ክርስቲያናት ናብ ክርስቲያናት እንዳተሰጋገረ ዝመጽአ ትምህርቲ`ዩ። ኣቦታትና ብዘሕለፍዎ ተሞክሮ ደጋጊሞም ዝገልጽዎ ነዚ እዩ። ነቶም ብልቢ ንእግዚአብሔር ዘፍቅርዎ ሰባት፣ ብሓቂ ኣርዑት ክርስቶስ ኣዝዩ ፎኲስ፣ ጾሩ ዉን ብርሃን እዩ።

"እቲ ኽሳዕ መወዳእታ ዚዕገስ፡ ንሱ ኺድሕን እዩ" /ማቴ 10፥22/፤ እቲ ህኩይን፣ ኣብ ዝወደቆ ዝተርፍን ኣይክድሕንን። እቲ ዘለኣለማዊ ተስፋ ንከምዚኣቶም ኣይኮነን።

ስለዚ ኣይንተሓለል። ጽኑዓትን፣ ኣብ ስራሕ ጐይታ ጽሙዳትን፣ ዘይንናወጽን ንኹን። ***"ስለዚ፡ ፍቁራት ኣሕዋተየ፡ ጻዕርኹም ብጐይታ ኸንቱ ኸም ዘይኮነ ፈሊጥኩም፡ ብዕዮ ጐይታ ጽኑዓት፡ ዘይትናቓነቑ፡ ኩሉ ጊዜ ዕዙዛት ኩኑ።"*** /1ይ ቆሮ 15፥58/። ነዚ ጀሚርናዮ ዘለና ጉዕዞ፣ ናይ ንስሓ ፍረ ከየፍረና ኣብ መንጎ ከነቋርጾ ኣይግባእን። ኣስተዉዕሉ ምዕራፍ ማለት ጥሮታ ምዉጻእ እዩ።

## 12. ተኣዛዝነት

ናይ ገዛእ ርእስና ፍቓድ ንምስዓር ኣብ ንገብሮ ቃልሲ፣ ተኣዛዝነት ሓደ ካብቶም ቀንዲ ኣገደስቲ መስራሒ እዩ። ቅዱስ ዮሃንስ ክሊማኩስ ከም ዝገልጾ፤ ***'ተኣዛዝነት፡ ሰብነትና ብዝያዳ ንመፈሳዊ ህይወት ምእንቲ ኽገልግለና እንላመደሉን ነመዓራርየሉን ሜላ እዩ'።*** ተኣዛዝነት፣ ንፍቓድ ገዛእ ርእስኻ ቀቢርካ፣ ብትሕትና ምትንሳእ እዩ።

ብፍታዉኻ ገዛእ ርእስኻ ንባርነት ኣሕሊፍካ ምሃብን፣ መስቀል ጐይታ ኣብ ዝባንካ ምስካምን እዩ። ገዛእ ርእስካ ብፍታዉ ንባርነት ኣሕሊፍካ ብምሃብካ ዉን፣ ሓርነት ክትረኽብ የኽእለካ። ሓደ ነገር ግና ዘክር፣ ባርያ ኣዛዚ ዘይኮነስ ተኣዛዚ`ዩ፣ ፍቃድ ገዛእ ርእሱ የብሉን፣ ፍቓድ ጐይትኡ ጥራይ ይፍጽም።

'ንመን ክእዘዝ፧' እንድሕሪ ኢልካ፤ ኣቦታትና፣ 'ንመራሒኻ ተኣዘዝ' ይብሉ። ዕብ 13፥7

መን`ዩም መራሕተይ፧? ኣብዚ ሕጂ ግዜ ከመይ ጌረ ቅኑዕ መራሕ ክረክብ፧? ኣበይ፧? ዝብል ሕቶታት ትሓትት ትህልዉ፣ ሕጂ ዉን ቅዱሳን ኣቦታትና ዝምልስዎ መልሲ ስማዕ። ቤተክርስቲያን ዘመናት ናይ ምስዓር ሓይሊ ስለዘለዋ፣ ንኹሉ ዘመን ዘገልግለና፣ ኣቀዲማ ካብ ዘመነ ሓዋርያት ሓደ መራሒ ሂባትና ኣላ። እዚ መራሒ፣ ንኩሎም መማህራን ዝሓልፎም፡ ኣብ ኩሉ ቦታ ዝርከብ፡ ኣብ ዝኾነ ኩነት ዝርከብ፡ እዩ። ኣብ ከተማ ይኹን ገጠር፡ ንድኻ ይኹን ሃብታም፡ ንበዓል ሓዳር ዲኻ ዘይምርዕው፤ ኣብ ኩሉን ንኩሉን፣ እዚ መምህር ኩሉ ግዜ ምሳና ኣሎ፤ ንዕኡ ዘለና ተኣዛዝነት ኣብ ዝኾነ ግዜ ከነርእዮ ንኽእል። ናይዚ መራሒ ስሙ ክነግረካ፧? ቅዱስ ጾም ይበሃል።

*"እግዚኣብሔር ናትና ጾምን ናትና ጸሎትን ዘድልዮ ኣይኰነን። ንሱ ፍጹም ኣምላኽ እዩ። ዝጐድሎ ነገር ዉን የለን። ካባና ካብ ፍጡራቱ ዝደልዮ ነገር ዋላ ሓንቲ የለን። ካባና ዉን ዝሓቶ ሓንቲ ነገር የለን። እንታይ ደኣ፣ ምእንቲ ድሕነት ክንወርስ፣ መስዋእቲ ክነቕርበሉ ይፈቕደልና"* ቅዱስ ዮሃንስ ኣፈ.ወርቅ።

ናብ እግዚኣብሔር ክነወፍየሉ ንኽእል ዝዓበየ ህያብ ገዛእ ርእስና እዩ። ገዛእ ርእስና ክነዉፍየሉ ንኽእል ዉን፣ ገዛእ ፍቓድና ምስ ሰዓርና እዩ። ነዚ ዉን ብተኣዛዝነት ጥራይ ኢና ክንገብሮ ንኽእል። ገዛእ ፍቓድና ምስዓር ንኽንክእል ብተኣዛዝነት ክንመሃሮ ኣሎና፤ ንተኣዛዝነት ዉን ብምልምማድ (practice)። ንተኣዛዝነት ክንላመደሉ ንኽእል ዝዓበየ መሳርሒ ድማ፣ ቤተክርስቲያን ዝሰርዓትልና ናይ ጾም መዓልታትን ወቕቲን እዩ።

ብዘይ ጾም፣ ካልእ ንተኣዛዝነት ክንላመደሉ ዝኽእላና ብዙሕ መንገዲታት ኣለዋ። እንድሕሪ ኣለሊናዮ፣ እዚኣን ነገራት ኣብ መዓልታዊ ህይወትና የጓንፋና እየን። ንኣብነት ሰበይትኻ፣ ናይ ዝናብ ካፖት ክትማላእ ትሓተካ፣ ከምቲ ዝበለትካ ግበር፤ ከምዚ ዓይነት ኲነት ተኣዛዝነት ክትላመድ ዕድል ይኾነካ። መስርሕትካ ከተፋንዎ ይሓተካ፣ ከምቲ ዝሓተተካ ግበር። ቃሉ ዘየጽረየ ህጻን ክትሓቑፎን ክተሰራስሮን ይሓተካ፣ ከምቲ ዝሓተተካ ግበር። ከምዚ ብምግባር ዉን ተኣዛዝነት ተላመድ። ካብዚ ዝበለጸ ዕድል ኣይክትረክብን። ብሓቂ ተኣዛዝነት ክትላመድ እንድሕሪ ደሊኻ፣ ንኹሉ ዕድላት ተጠቀመሉ። ኣብ ኣመክሮ ዘሎ መነኵስ ልዕሌካ ዕድል ከም ዘይረክብ ፍለጥ። ኽምቲ ንስኻ ኣብ ቤትካ እትረኽቦ ዕድል፣ እቲ ኣብ ኣመክሮ ዘሎ መነኵስ ኣይረክብን፣ ስለዚ ኣብ ረብሓኻ ኣዉዕሎ። ኣብ ስራሕካን፣ ጐረባብትኻን ዉን ተኣዛዝነት ክትላመደሉ ዝኽእለካ ዕድል ክትረክብ ከሎኻ ሱቅ ኣይትበል፣ ተጠቀመሉ።

ተኣዛዝነት ንብዙሕ መሰናኽል ዘፍርስ ሓይሊ ኣለዎ። ብዘይ ዕረፍቲ ንተኣዛዝነት እንድሕሪ ተላሚድካ፣ ልብኻ ናጽነትን ሰላምን ትረኽብ። ተኣዛዝነት እንድሕሪ ኣርኪኻ፣ ኣብ ህይወት ዘለዉ እሾኽ ባዕሎም ይርሕቑ። ሽዑ ፍቕሪ ናብ ዉሽጥኻ ይመልእ። ብተኣዛዝነት፣ ነቲ ኣብ ተሪር ድርዒ ኣሲሩ ሒዙኻ ዘሎ ባዕላዊ ጥበብ፡ ትዕቢትን፡ ምጽራርን፤ ክትሰብሮ ትኽእል። ኣብታ ተራር ድርዒ ኰይንካ፣ ነቲ ናይ ናጽነትን ፍቕርን ኣምላኽ ዝኾነ እግዚኣብሔር ክትረክቦ ኣይከኣልን።

ስለዚ፣ ተኣዛዝነት እትላመደሉ ኣጋጣሚ ክርከብ እንከሎ፣ ተሓጎስ፣ ተጠቀመሉ ዉን። ምእንቲ ብከንቱ ዉዳሴ ከይትወድቕ ግና፣ ንኹሉ ኣስተዉዕለሉ። ብዕላማ ተኣዛዝነት ከተጥሪ ክትብል፣ ናብ ግብዝና ከይትወድቅ ተጠንቀቕ። ነቲ ዝረኽብካዮ ኣጋጣሚ ንኹሉ፣ ከከም ኲነቱ ተጠቀመሉ። ንዝረኽብካዮ ኣጋጣሚ ከይተጠቀምካሉ ምስ ዝሓልፍ፣ ንገዛእ ርእስኻ ገስጽ፤ ምኽንያቱ ንስኻ ከምቲ ጽቡቕ ንፋስ እንዳረኣየ ከይተጠቀመሉ ሱቕ ዝበለ በዓል ጃልባ ኰይንካ ኣለኻ።

እቲ ንፋስ ከም መንገዱ ክሓልፍ ግድን'ዩ፣ ተጠቀመሉ ኣይትጠቀመሉ ብዙሕ ኣየግድሶን። ግን ነቲ በዓል ጃልባ፣ ናብ መዕረፊ ቦትኡ ቀልጢፉ ዝበጽሓሉ ዕድላት የባኽን ኣሎ። ስለዚ ንስኻ ዉን ከምኡ ግበር፣ ንኹሉ ኣጋጣሚታት ተጠቒምካ፣ ንተኣዛዝነት ኣጥርያ። ሥሉስ ቅዱስ ነዚ ባህርይ እተጥርየሉ ኣጋጣሚታት ፈጢርልካ ኣሎ፣ ንስኻ ዉን ኩሉ ግዜ ብዛዕባ ተኣዛዝነት ሕሰብ።

## 13. ኣዕሚቕካ ገስግስ

ግዳማዊ ፍልማዊ ስጉሚታት ናብቲ ኣብ ውሽጢ ዚፍጸም ኲናት ይመርሑና። ከምቲ ሓደ ንሽጉርቲ እንተቐሊጥናዮ ካልእ ቅላጥ ዚጽንሖ፣ መሥርሕ ምቕላጥ ምስ ቀጸለ ዉን ነቲ ውሽጣዊ ኣካል ማለት እቲ ምስተዘርአ ናብ ብርሃን ዚበቁልን ዓካር ዚረክብ፣ ከምኡ ድማ ብተመሳሳሊ ነቲ ኣፉኣዊ ፍልማዊ ስጉሚታት እናወሰድካ ነቲ ቅላጣት ምስ ትቐልጦ ኣብ ውሽጣዊ ክፍሊኻ፣ ነቲ ሰማያዊ ክፍሊ ግልጽ ኢልካ ክትጥምቶ ትኽእል። ከመይ እቲ ውሽጣዊ ክፍልኻ ምስቲ ሰማያዊ ክፍሊ ሓደን ንሱ ስለ ዝኾነ ብምባል ቅዱስ ይስሓቅ ሶርያዊ ይምህረና።

ናብ መዓሙቕ ዉሽጥኻ ኣቲኻ ገዛእ ርእስኻ ክትምርምር ምስ ጀምርካ፣ ነቲ ሓቀኛ ገጽኻ ጥራይ ዘይኰነስ፣ ኣብ ዉሽጥኻ ዘሎ ሓጢኣትካ ክትምርምሮ ዉን ትኽእል። ነዚ ኣብ መዓሙቕ ዉሽጥና ዝርከብ ኲነት *"ናይ ሓሳባትና ጸለምቲ ገጻት"* ይብሎ ቅዱስ ኄስኮስ ዘኢየሩሳሌም። ቅዱስ መቃርስ ዉን *"ኣብ ዉሽጢና ብለመምታ ኣትዩ ሰፈር ሰሪሑ ዘሎን፣ ኣብ ዉሽጥና ኰይኑ ንነፍስና ዘቑስላ ዘሎን"* ብምባል *'ተመን'* ጌሩ ይገልጾ። እምበኣር ኣብ ዉሽጥና፣ ጸለምቲ ገጻትን፣ ንወሰንቲ ኣካላትና እንዳነኸሰ ንመንፈሳዊ ግብሪ ከመዘይንንቅሕ ዝገብር ተመን ኣሎ። ነዚ ክሳብ ዝጸርይን፣ ክሳብ ዝመዉትን ኣይንደቅስ። *"ነዚ ኣብ*

*ዉሽጥኻ ሰፊሩ ዘሎ ተመን እንተደኣ ቀቲልካዮ ፣ ኣብ ቅድሚ ቅድሚ ኣምላኽ ብንጽህናኻ ተሓጐስ፤ ግን እንተደኣ ዘይተኻእለካ፣ ከም ሓደ ድካ ሓጥኣተኛ፣ ስለ'ቲ ኹሉ ዝጎድለኻ ዘበለ ናብ እግዚአብሔር ለምን"* ቅዱስ መቃርስ።

ክሳብ ሕጂ ንልብና ክንሰብሮ ኣይከኣልናን፣ ስለዚ ከመይ ጌርና ናብ መዓሙቕ ዉሽጥና ክንኣቱ፧? *"ኳሕኩሑ ኪኽፈተልኩም"* /ማቴ 7፥7/ ከም ዝበለ ጐይታ፣ ኣብ ደገ ደዉ ኢልና፣ ብጾምን ጸሎትን፣ ደጋጊምና ንኳሕኩሕ። ምኹሕኳሕ ማለት ግብራዊ ህይወት እዩ። ኣብ ቃላት ጐይታ ጸኒዕና፣ ብድኽነት፡ ትሕትና፡ ኩሉ ኣብ ወንጌል ተነጊሩና ዘሎ ንምፍጻም እንዳተጋህና፣ ለይቲን መዓልቲ ኣብ መንፈሳዊ ማዕጾ ኣምላኽ ደዉ ኢልና እንድሕሪ ኳሕኩሕና፣ ነቲ ንደልዮ ዘበለ ክንረኽብ ኢና። ዝኾነ ሰን በዛ ማዕጾ ኣቢሉ፣ ካብ ባርነትን ጸልማትን ናብ ሓርነት ክንሰጋገር ይኽእል። *"ኩሉ ሃብቲ ናይ መንፈሳዊ ሓርነት፡ ናብቲ ሰማያዊ ንጉስ ዝኾነ ክርስቶስ ከብጽሕ ዝኽእል ዕድላት ክረኽብ ይኽእል"* ቅዱስ መቃርስ።

## 14. ትሕትናን ንቕሓትን

ኣብ መንፈሳዊ ገድሊ ዘሎ ሰብ ኣርባዕተ ኣገደስቲ ነገራት የድልዮ፣ **ትሕትና፡ ንቅሓት፡ ፍቃደኝነትን** (ክፉእ ንምቅዋም ድሉው ምዃን)፡ **ጸሎትን**። መንፈሳዊ ገድሊ ማለት ብረድኤት እግዚአብሔር ኩሉ ተጻብኦ ዲያብሎስ ምቅዋም እዩ። ናይ ክፉእ ሓሳባት ካብ ልቢ ክምንጭዋ እንከለዋ፣ ገና ኣብ ንኡስ ሓይሊ (እቲ ሓሳብ ከይሓየለ) እንከሎ፣ ኣብ ከዊሒ ከነራጽመን ይግባእ /መዝ 137፥9/።

**ትሕትና**'ቲ ቀንዲ ኣገዳሲ ነገር እዩ። ትዕቢት ሓንሳብን ንሓዋሩን ብትሕትና ጥራይ'ዩ ክሰዓር ዝኽእል። ንጻላኢ ሰናያትን መንገዶምን ንምልላይ፣ **ንቅሓት** የድልየና። ንቁሕን ጥንቅቑን ምኳን፣ ዉዲት ዲያብሎስ ገና ክብገስ እንከሎ ከነለልዮ የኽእለና፣ በዚ ዉን ንልብና ብንጽህና ክንዕቅባ ንኽእል፣ ክፉእ ሓሳባት ዉን ናብ ልብና ኣይኣቱን። ዉዲት ዲያብሎስ ምስ ኣለለካዮ፣ ሽዑ ነዚ ክፉእ ንምቅዋም ድሉውነት የድሊ፣ ስለዚ ንክፉእ ናይ ምጽራር **ፍቓደኝነት** የድልይ። እዚ ኩሉ ሃልዩና ዉን፣ ***«ብዘይ ብኣይ ዋላ ሓንቲ ነገር ክትገብሩ ኣይትኽእሉን»*** ስለዝበለ /ዮሃ 15፥5/፣ ናይዚ ኩሉ ገድሊ ኣብ **ጸሎት**'ዩ ዝዉሰን፣ ስለዚ ጸሎት ዉን የድሊ።

ብኣብነት ጌርና ክንርድኦ፣ ንቁሕ (ትኩር) እንድሕሪ ኰይንና፣ መጻርርትና ዲያብሎስ ገና ክቐርበና እንከሎ፣ ከነለልዮ ንኽእል። ነስተዉዕል ስለዘለና፣ ዉዲት ጻላኢ ናብ ልብና ከይቀረብ እንከሎ፣ ክንፈልጦ ኢና። እዚ ዉዲት ተባሂሉ ዘሎ ንኣብነት ብዛዕባ ሰባት ክፉእ ነገር ምሕሳብ፣ ክኸዉን ይኽእል። ስለዚ ነቲ ዝቐርብ ዘሎ ዉዲት ኣለሊናዮ፣ እቲ ክፉእ ናይ ምቅዋም ድልዉነት (ክፉእ ናይ ምጽራር ፍቃደኝነት) ኣብ ዉሽጥና ይለዓዓል'ሞ በዚ ኣቢልና ዉን ነቲ ክፉእ ክንጻረሮ ንኽእል። እቲ ክፉእ ዉን ካባና ይርሕቕ። ኮይኑ ግና እዚ ተረኺቡ ዘሎ ዓወት ዕግበት ይፈጥረልና'ሞ፣ ኣነነትን ትዕቢትን ከጥቅዓና ይጅምር፣ እቲ ዝረኸበካዮ ዓወት ዉን መሊሱ ዉድቀት (መንፈሳዊ ስዕረት) ይቕየር። እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት ዉን ትሕትና ኣብ ህይወትና ስለዘየለ እዩ።

በንጻሩ ነዚ ቃልሲ፣ እግዚአብሔር ባዕሉ ክቃለሰልና እንድሕሪ ሂብናዮ፣ ዕግበት ዝበሃል ስለዘይስምዓና፣ ልብና ኩሉ ግዜ ናጻ ትኸዉን። ስም እግዚአብሔር ሓያል እዩ፣ ብኣግባቡ እንድሕሪ ተጠቒምናሉ ዉን ንስም እግዚአብሔር ዝመዓራረ ሓይሊ ከምዘየለ ክንፈልጥ ኢና። እዚ ኩናት ዕረፍቲ ዘይህብ ምሒር ጥንቃቐ ዘድልዮ እዩ። ክፉእ ሓሳባት ገና ክብገስ እንከሎ፣ ተኸታቲልና ክንምርምሮ ኣለና። እቲ ቅዱስ ሓዋርያ ናይ ክፉእ ርሱን መንትግ ዝበሎ ነዚ'ዩ (ኤፌ 6፥15)፣ እዘን መንትግ እንዳነፈራ ዝመጽኣ ርሱን ሓይሊ ዘለወን ፈተናታት እየን። ዕረፍቲ ዉን ኣይህባን። ስለዚ ንሕና ዉን ብዘይ ዕረፍቲ ናብ እግዚአብሔር ከነእዉይን ክንሓትትን ይግባእ። *"እቲ ቓልሰና ምስ ሕልቅነትን ስልጣናትን ምስ ናይ ጸልማት ገዛእቲ ዓለምን ምስ መናፍስቲ እከይን ኣብ ሰማያት እዩ እምበር፡ ምስ ስጋን ደምን ኣይኰነን"* /ኤፌ 6፥12/።

ቅዱሳን ኣቦታት ንመስርሕ ግብሪ ሓጢያት ኣብ ኣርባዕተ ደረጃታት ይኸፍልዎ። ድርኺት 'ቲ ቐዳማይ ደረጃ ኮይኑ፣ መበጋገሲ እዩ። እዚ ናይ ሓጢኣት ድርኺት ሒዝዎ ዝመጽአ ምብግጋስ እንድሕሪ ስዒብናዮ፣ ናብ ጥምጥም (ቃልሲ) ንኣቱ። ሳልሳይ ደረጃ ፍትወት ይለዓዓል፣ ኣብ ራብዓይ ደረጃ ሓጢኣት ብግብሪ ይፍጸም። እዘን ደረጃታት ኣዝየን ዝቐራረባን፣ ክትፈላልየን ዉን ኣዝየን ዘጸግማ ስለዝኾና፣ ነንሕድሕደን ዝተካኸኣ ክኾና ይኽእላ። ኮይኑ ግና በብደረጅኣን ክንፈልየን ንኽእል ኢና፣ ኣብ መንጎ'ዘን ደረጃታት ዘሎ ጸቢብ ፍልልይ ዉን ክንሞልቀሉ ዘኽእል ዕድል ይህበና።

ሓጢኣት ክንፍጽም ዘበጋግስ ድርኺት፣ ልክዕ ከም ሓደ ሽቃጢ (ሽያጢ) ጌርና ክንወስዶ ንኽእል። ሓደ ሽያጢ ንብረቱ ምእንቲ ክሸይጥ ገዛ ገዛ እንዳኸደ፣ ይኳሕኩሕ። ኣፍደገ እንድሕሪ ከፊትናሉ፣ ብዛዕባ ሒዝዎ ዘሎ ንብረት ምእንቲ ክንዕድግ ጎስጓሱ ይጅምር፣ ከነቋርጾ ውን ይኸብድ። ሓንሳብ ጎስጓሱ ምስ ፈለመ ኣየቋርጽን፣ እቲ ንብረት ዋጋ ዘይብሉ ከምዚ ኾነ እንዳረኣናዮ ክነሱ፣ ዋጋ ከም ዘለዎ ክቡር ነገር ጌሩ ይጉስጉስን፣ ይዛረብን። ብድሕሪዚ ጥምጥም ወይ ዋጋ ዕዳጋ ይስዕብ። ቀጺሉ ምግዛእ ይኸዉን፣ እቲ ዝበዝሐ ግዜ ብዘይ ድሌትና ኢና ንዕድግ። እምበኣር መስርሕ ሓጢኣትን፣ ሸቕጥን ሓደ እዩ። እቲ መጻርርትና ዲያብሎስ ብዝኣልሞ ዉዲት ተታሊልና፣ ኣብ መንገዲ ሓጢኣት ንወድቕ።

ብዛዕባ ናይ ሓጢኣት ድርኺት ነቢይ ዳዊት ከምዚ ይብል፣ *"ብምኽሪ ረሲኣን **ዘይመላለስ**"* /መዝ 1፥1/፣ *"ንዓመጻኛታት ካብ ከተማ እግዚኣብሄር ከጽንትሲ፣ ንኹሎም ረሲኣን ምድሪ **ንግሆ ንግሆ** ኽጥፍኦም እየ።"* /መዝ 101፥10-11/ ብዛዕባ ናይ ሓጢኣት ጥምጥም (ዋጋ ዕዳጋ) ሊቀ ነቢያት ሙሴ ከምዚ በለ *"ምሳታቶም ኰነ ምስ ኣማልኽቶም **ኪዳን** ኣይትእቶ"* /ዘጸ 23፥32/። ነዚ ኹሉ ዝገብር ሰብ *"ኣብ ደገ ምስ ጸላእቲ እንተ ተዛረቡ፣ ኣይሐፍርን እዮ።"* /መዝ 127፥5/።

መጽሓፍ ከም ዝምህረና ሰይጣን ናብ ብርሃን መልኣኽ ናይ ምልዋጥ ልምዲ ኣለዎ /2ይ ቆሮ 11፥14/። ስለዚ ኩሉ ግዜ ጥንቃቐን ዕቱብነትን የድሊ። ንልቢ ካብ ናይ ሓጢኣት ድፍኢት፣ ስምዒት፣ ፍትወት፣ ከነንጽሃ ይግባእ። እዚ ማለት፣ ነቲ ናይ ሓጢኣት ድፍኢት ወይ ድርኺት ኣለሊና ክንፈልዮን ከነልግሶን ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ብናትና ሓይሊ ዉን ኣይኽኣልን፣ ብሓይሊ እግዚኣብሔር ጥራይ እዩ ዝኽኣል። ስለዚ ንሱ ኩሉ ከምዘሳልጦ ኣሚንና፣ ገዛእ ርእስና ኣብ ኢዱ ኣሕሊፍና ንሃቦ። ምኽንያቱ *"እግዚኣብሔር ንከተማ እንተዘይሓለወ፣ ሓለዉቲ ንከንቱ ይተግሁ"* /መዝ 127፥2/።

እዚ ቃልሲ ብመስረቱ ኣባኻ ከም ዝዉሰን ኣይትዘንግዕ። ከምቲ መጽሓፍ ኦሪት ዘዳግም ዝበሎ፣ ልብኻ ናይ በሊያል ሓሳብ መአኸቢ ከይከዉን ተጠንቀቕ /ዘዳ 15፥9/። ልብኻ ማንም ዝጠቅምን ዘይጠቅምን ክፉእ ሓሳባት ዝመላለሰሉ ዕዳጋ ኸይከዉን ሓልዎ። ልብኻ በዓቲ ጎሓሉ እንድሕሪ ኮይኑ፣ ንሰረቕትን ከተርትን ዝመችአ ይኸዉን። ቅዱሳን መላኣኽቲ ዉን ካባኻ ይርሕቁ። ሰላምን ጐይታ ሰላም ክርስቶስን ኣብ ከምዚ ቦታ ኣይርኽቡን። ስለዚዉን እዩ ብቃሉ ወደ መዝሙሩ ቅዱስ ያዕቆብ ኣቢሉ *"ልብኹም ኣንጽሁ"* ዝበለና /ያዕ 4፥8/። ንሱ ዉን ባዕሉ ብቓሉ ከምዚ በለ *"ተጠንቀቑ፡ ንቕሑን ጸልዩን።"* /ማር 13፥33/። ምኽንያቱ ንሱ ኣብ ዘይተጸበናዮ ግዜ ምስ መጽአ፣ ደቂስና እንድሕሪ ጸኒሕናዮ "ኣይፈልጠኩምን" ክብለና እዩ /ማቴ 25፥12/። እታ ሰዓት ሕጂ እያ፣ እንተዘይኮነ ኣብታ ትቕጽል ክትመጽእ እያ። መንግስቲ ኣምላኽ ግና ብምጽብባይ ኣይትመጽእን። ኩሉ ግዜ መዓልቲ ፍርዲ ኣብ ልብና ኣለዋ።

ሓላዊ እንድሕሪ ዘይሓለወ፣ እግዚኣብሔር ዉን ኣይሕልዉን፣ ግን እግዚኣብሔር እንድሕሪ ዘይሓለወ፣ ሓላዊ ንኸንቱ ይተግህ። ስለዚ ኣፍደገ ልብኻ ማንም ከይኣትዋ፣ ተጊህካ ሓልዋ፤ ነዚ እንዳገበርካ ዉን ከየዕረፍካ ረድኤት እግዚኣብሔር ሕተት።

ንጸላኢ ሰናያት ዲያብሎስ፣ በይንኻ ክትቃለሶ ኣይትፈትን። ንኣሽሓት ዘመናት ዝኣኽል ተሞክሮ ስለዘለዎ፣ ከመይ ጌሩ ብዉዲት ከዉድቐካ፣ ኣጸቢቑ ይፈልጥ እዩ። ከጥቅዓካ እንከሎ ዉን ገዛእ ርእስኻ ክትከላኸል ኣብ ዘይትኽእለሉ ኩነት እዩ። ስለዚ በይንኻ ክትቃለስ ፈጺምኻ ኣይትሕሰቦ። ኩሉ ግዜ ናብ ላዕሊ ጠምት፣ ንሱ ጐይታ ባዕሉ ምእንታኻ ክዋግኣልካ፣ ለምኖ። ንሱ ዉን መልኣኹ ሰዲዱ ከድሕነኻ እዩ። ብቅድሜኻን ድሕሬኻን ብጎንኻን ክሕልወካ እዩ።

ፈተናታት እንድሕሪ በዚሑካ፣ ሸለል ኢልካ ኣይተሕለፎ፤ ፈተነ፡ መርመራ፡ እንዳበልካ ገዛእ ርእስካ ኣይተሳንፍ። ከምዚ እንድሕሪ ጌርካ፣ ግዜኻ ብከንቱ ተሕልፍ ኣለኻ፤ እዚ ዉን ንሰይጣን ዓወት እዩ። ስለዚ ማዕበላት ዉዲት ዲያብሎስ ክመጽኣኻ እንከሎ፣ ብኣግኡ ናብ እግዚኣብሔር ኣመልክት። ኦ ጐይታ ንዓይ ንሓጥእ መሓረኒ! ኢልካ ጸልይ። ብኣግኡ እንድሕሪ ተቃሊስካዮ፣ እቲ ፈተና ቀልጢፍካ ክትስዕሮ ትኽእል።

ኣብ ገዛእ ርእስኻ ኣይትመካሕ። ይኽእል'የ፣ ክገብር'የ ኣንዳበልካ ኣብ ገዛእ ርእስኻ ጥራይ ኣይትወከል። ብሓይልኻን ብክእለትኻን ኣይትወከል። ዓቢ ይኹን ንኡስ ፈተና፣ ብዉልቃዊ ሓይልኻ ክትቃለሶ ኣይትድለ። በንጻሩ፣ ኣብ ናይ ገዛእ ርእስኻ ሓይልኻ ጥራይ እንድሕሪ ተወኪልካ፣ ከም ትወድቕ ዘኸር። 'ክወድቕ እየ' ኢልካ ገዛእ ርእስካ ኣዘኻኽራ። ባዕላዊ

ተኣማንነት ኣዝዩ ሓደገኛ እዩ። ኣብ ገዛእ ርእስኻ እንድሕሪ ዘይተወኪልካ፣ ካብ ዉድቀት ክትድሕን ትኽእል። ስለዚ ወርትግ ሓደ ሓሳብ ኣብ ልብኻ ይሃሉ፣ ኣዚኻ ድኹምን ዓቕሚ ከምዘይብልካን ተረዳእ። ነታ ንኢሽቶይ ዉዲት ዲያብሎስ ክትቃወም ክእለት ከምዘይብልካ ተረዳእ። ከምዚ እንድሕሪ ጌርካ፣ ዲያብሎስ ፈጺሙ ኣይከቃለሰካን። እግዚኣብሔር ጸግዕኻን ትዉክሎ ዕርድኻን እንድሕሪ ኰይኑ፣ ክፋእ ዘበለ ኣይክቐርበካን እዩ /መዝ 91/። ንስኻ ግና ክርስቲያን ከም ምዃንካ፣ ካብ ሓጢኣት ተዓቀብ።

ሕጂ ዉን ሓደ ነገር ኣስተዉዕል፣ ኣብቲ ዝቕጽል ጉዕዞኻ ዉድቀት ኪጋጥመካ ይኽእል፤ ብሰንኪ `ዚ ዉድቐት ዉን ክትጣዓስ ንቡር እዩ። ኮይኑ ግና "ኣነ ከምዚ ክገብር ኣይግብኣንን፣ ኣነ ከምዚ ክፍጽም ኣይነበረንን" ብዝዓይነቱ፣ መንፈስ ትጠዓስ እንድሕሪ ኮይንካ፣ ኣብ ጌጋ መንገዲ ከም ዘለካ ፍለጥ። ኣዚ ምልክታት፣ ባዕላዊ ተኣማንነት እዩ። ከምዚ ኢልካ ትጠዓስ ዘለኻ ዉን፣ እዚ ባዕላዊ ተኣማንነትካ ስለዝተተንከፈ እዩ።

እቲ ኣብ ገዛእ ርእሱ ዘይዉክል ሰብ፣ ብጹእ እዩ። `ቲ ኣብ ገዛእ ርእሱ ዘይተኣማመን ሰብ፣ እግዚኣብሔር ብዝህቦ ረድኢት ሕጉስን ኣመስጋኒን እዩ፣ በዚ ዉን ዉድቐት ኣይቀርቦን፣ ንፈተና ዉን ይሰግሮ። ዋላ ዉን እንተወደቐ፣ ብቕጽበት ተሲኡ ናብ ኣምላኹ ይምህለል። ብምስጋና ዉን ናብ እግዚኣብሔር ይምዕቀብ።

ከም ሓደ ኩሉ ሰብብ ከቀባጥረሉ ኣብ ባይታ ደቂሱ ዝበኪ ሕንቑቅ ቆልዓ፣ ኣይትኹን። ዋላ ብዙሕ ማህሰይቲ ይዉረድካ፣ ኣብ ዉድቐትካ ደቂስካ ኣይትፋሓስ። ተንስእ፣ ነቲ ኲናት ዉን ቀጽሎ። እቲ ዝዋጋእ ይቆስል እዩ፣ እዚ ዉን ንቡር እዩ። መላኣኽቲ ጥራይ እዮም ዘይወድቑ። እግዚኣብሔር ከምሕረኻ፣ ብዘይ ተገዳስነትኻ ዉን ናብ ዉድቐት ኣሕሊፉ ከይህበካ፣ ኣብዚሕኻ ለምኖ።

ምኽንያት ዉድቀትካ፣ ከም ኣዳም ኣብ ሰበይቲ ወይ ኣብ ተመን ወይ ኣብ ካልእ ግዳማዊ ኩነት ኣይትግበሮ። ምኽንያት ዉድቀትካ ባዕልካ ጥራይ ምዃንካ ዘክር። ጐይታ ኣብ ልብኻ ክኸብር ስለዘይገብርካን፣ ሰረቕትን ከተርትን ኣትዮም ክሰርቑኻ ስለዝፈቀድኻ ኢኻ፣ ዝወደቕካ። ስለዚ ናብ ኣምላኽ ጸልይ። እዚ ነገር ዳግማይ ከየጋጥም ኣዚኻ ለምኖ።

ሓደ መነኮስ ሓደ ግዜ *"ኣብ ገዳም እንታይ ኢኹም ትገብሩ?"* ኢሎም ሓተትዎ፣ ንሱ ዉን *"ንሕና ንወድቕ ንትንስእ፣ ንወድቕ ንትንስእ፣ ንወድቕ ንትንስእ"* ብምባል መለሰ። ኣስተዉዕል ኣብ ዉሕዳት ደቓይቅ ዉን ትኹን፣ ብዘይ ዉድቐት ኣይትሓልፍን፣ ብዉሑዱ ሓንሳብ ትወድቕ ኢኻ። ስለዚ ኣምላኽ ምሕረቱ ከብዝሓልኻ ጸልይ።

ድሕነት ብጸጋ ጥራይ ምዃኑ ዘኽር /ኤፌ 2፥5/፣ ስለዚ ንምሕረት፣ ንጸጋ፣ ንይቕሬታ ጸልይ። ከምቲ ሓደ ንሞት ዝተፈርደ ገበነኛ፣ ምሕረት ምእንቲ ክረኽብ፣ ኣበርቲዑ ዝልምን፣ ንስኻ ዉን ከምኡ ናብ እግዚኣብሔር ለምን። ንገዛእ ርእስኻ ከም ሓደ ኣብ ቅድሚ ጐይትኡ ምሕረት ዝልምን ባርያ ጌርካ ዉሰዳ። ገዛእ ርእስኻ ኣብ ኸምዚ ህሞት የእቲኻ፣ ናብ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ተማህለል፣ ምሕረት ዉን ለምን። ብድሕሪዚ ምዕዶ ቅዱስ ይስሓቅ ሶሪያዊ ሰዓብ፤ *"ምእንቲ ነቲ ናብ ላዕሊ ዝወስድ መንገዲ ክትረኽብ፣ ነቲ ኣብ ዉሽጥኻ ዘሎ ጾር ሓጢኣት ደርብዮ"*።

## 15. ጸሎት

ጸሎት፤ ቀዳማይን፣ ኣዝዩ ኣገዳሲ መስርሒን እዩ። ኣብ ናይ መንፈሳዊ ገድሊ ወሳኒን ኣድላዪን ዉን እዩ። ከመይ ከም ዝጽለ ተማሃር፣ ጸሎት ኣዘዉትር፣ ሽዑ እቲ ዘሸግረኻ ጸላኢ ሰናያት ክትስዕሮ ትኽእል።

ጸሎትን እምነትን ከም መንገብገብ ኮይኖም ናብ ሰማያት ክብ ክብሉና ይኽእሉ። ከምቲ ብሓንቲ ክንፊ ክትነፍር ዘይከኣል፣ ጸሎት ብዘይ እምነት፣ ከምኡ ዉን፤ እምነት ብዘይ ጸሎት፣ ትርጉም ኣልቦ እዩ። እምነትኻ ድኹም እንድሕሪ ኰይኑ፣ ናብ ጐይታ ጸልይ፣ ***"ኦ ጐይታ እምነት ወስኸኒ"*** በሎ። ከምቲ ጐይታ ዝተናገሮ፣ ከንዲ ኣድሪ ትኣኽል እምነት ናብ ዓባይ ገረብ ክትዓቢ ትኽእል እያ'ሞ፣ እምነት ይሃልዉኻ።

ንፋስን ጸሓይን ዝደለየ ሰብ መስኮቱ ይኽፍት። ኣብ ድሕሪ መጋረጃ ኮፍ ኢሉ፣ ጸሓይ የላን፣ ንፋስ የለን እንተበለ ግና፣ እዚ ዕሽነት ጥራይ`ዩ ዝቑጸር። ከብዚ ኣብነት ንሕና ዉን ትምህርቲ ንዉሰድ። ናይ እግዚአብሔር ሓይሊን ጸጋን፤ ኣብ ኩሉ ቦታን፣ ኩሉ ግዜን ክረከብ ይኽኣል፤ ኮይኑ ግና ብዘይ ድሌትን፣ ከምቲ ዝግብኣና ጌርና ከይጸለናን፣ ክንረኽቦ ኣይከኣልን።

ጸሎት ግብራዊን ኣዝዩ ዉጽኢታዊን እዩ። ዉጽኢት ብልምምድ ይመጽእ። ከምቲ ንሓደ ቋንቋ ብዝርርብ ትለምዶ፣ ብጸሎትዉን ንጸሎት ክንላመዶ ንኽእል።

ብዘይ ጸሎት ነቲ ንደልዮ ክንረኽብ ኣይንኽእልን። ናብ እግዚአብሔር ኣምላኽ ንምቕራብን፣ ምስኡ ሕብረትን፡ ሓድነትን ንምፍጣር ኣብ ንገብሮ ጉዕዞ፣ `ቲ ፈላሚን፣ ቀንዲን፤ ጸሎት እዩ። ብልጭታ ብርሃን ጉይታ እነስተማቕረሉ መንገዲ፣ እንታይ ከም ንደሊ ንነግረሉ ቋንቋ፣ መንፈሳዊ ድሌት ኣልዓዒሉ ድርኺት ዝኾነና ሓይሊ፣ ጸሎት እዩ።

*"መሰረት ዓለምና (ህይወትና) ጸሎት እዩ"* ቅዱስ ዮሃንስ ክሊማኮስ። ***"ኢድማስ፣ ቤተክርስቲያን ክርስቶስ ዝዓረፈትሉ ሸሓኒ`ዩ፤ እዛ ቤተክርስቲያን ኸኣ ነንሕድሕዳ ብጸሎት ሓቢራ ኣላ"*** ሓደ ቅዱስ ኣቦ ዝተዛረብዎ። ጸሎት፤ ሰብ ምስ ኣምላኽ ዝራኸበሉን ዝወሃሃደሉን መንገዲ እዩ። ጸሎት ካብቲ ፈተና ዝበዝሖ ስጋዊ ህይወት፣ ናብቲ ሓርነት ዘለዎ መንፈሳዊ ህይወት ንሰጋገረሉ፣ ድልድል እዩ። ካብ ፍላጻታት ንድሕነሉ ዕርዲ፣ ንጥርጥር ነዳኽመሉ መሳርሒ፣ መኸራ ዘርሕቅ፣ ቁጥዐ ዘዝሕል፤ ጸሎት እዩ። ጸሎት፣ ንነፍሲ መግቢ፡ ንኣእምሮ ብርሃን፡ ነቲ ዝመጽእ ሰማያዊ ሓጎስ ኣብዚ ሕጂ ህልው ኹነት እነስተማቕረሉ እዩ። ነቲ ብሓቂ ዝጽልይ ሰብ፣ ጸሎት ኹሉ`ዩ፤ ጉዳዩ ዘቕርበሉ መጋብኣያ፣ ዳኛ፣ ፍርዲ፤ ኩሉ ካብ ጸሎቱ ክረኽቦ እዩ። መልሱ ንኽረክብ ግድን ክጽበ የብሉን። ሽዑ ሽዑ መልሱ ክረኽብ እዩ።

ጸሎትን ንቕሓትን ሓደ እየን። ምኽንያቱ ብጸሎት ኣቢልካ፣ ናብ ልብኻ ክፋእ ከይቐርብ ትሕልዋ። ነቒሓ እትሕሉ ዓይኒ፣ ገለ ነገር ክንቀሳቐስ እንከሎ ቅልጡፍ ስጉምቲ ከም ትወስድ፣ `ታ ብጸሎት ዝነቕሐት ልቢ ዉን ከምኡ እያ።

ሳሬት ዉን ተመሳሳሊ ህይወት ኣለዋ። ኣብ ማእኸል `ቲ ዝኣለሙቶ ዓለባ ኮፍ ኢላ፣ ብጥቓኣ ንዝመላለሱ ሓሳኹ ትጸናጸን`ሞ ቑቲላ ትምገቦም። ጸሎትዉን ኣብ ማእኸል ልብና ኰይኑ ይጸናጸን፤ ገለ ጎዳእቲ ነገራት ናብ ልብና ክሰልኩ ምስ ዝፍትኑ፣ ይቐትሎም።

ጸሎት ምቁራጽ ማለት ቦታኻ ምግዳፍ ማለት እዩ። ክትሕሉ ጸኒሕካ፣ መሊስካ ድሌቶም ንኽገብሩ ሱቕ ምባል እዩ። ኣፍደገ ክፉት እንድሕሪ ኮይኑ፣ ሰረቕቲ ይኣትዉ`ሞ፣ ነቲ ንዘመናት ዝረሃጽካሉ ሃብቲኻ ይሰርቑኻ። ሰራቒ ንኽሰርቐኻ፣ ነዊሕ ግዜ ኣየድልዮን፣ ብዉሕድ ካልኢት ንኹሉ ንብረትኻ ይሰርቆ። ንኣብነት ሕርቃን፣ ኣብ ዉሽጢ ሒደት ካልኢት ከጥቅዓና ይኽእል።

## 16. ጸሎት 2ይ ክፋል

ኣብቲ ዝሓለፈ ምዕራፍ ብዛዕባ ጸሎት መሰረታዊ ርድኢት ሒዝና ኣለና። ቅዱሳን ኣቦታት ጸሎት ኢሎም ዝዛረቡሉ, ነቲ ሓሓሊፉ እንገብሮ፣ ኣብ መኣዲ፡ ናይ ንግሆ፡ ናይ ሠርክ (ምሸት) ጸሎት ጥራይ ኣይኰነን፤ ጸሎት ንዕዖም ብዘይምቁራጽ ንዝግበር ጸሎት፣ ማለት ናይ ጸሎት ህይወት እዩ። *"ከየባተኽኩም ጸልዩ"* /1ይ 5፥17/ ዝብል ትእዛዝ፣ ብቐጥታ ዝዉሰድ እዩ። ብምልኣት ዉን ክትግበር ይግባእ።

ጸሎት ናይ ጥበባት ጥበብ ፣ ናይ ሳይንቲስት ሳይንስ እዩ። ጥበበኛ ንሕብሪ፡ ቃላት፡ ጭቃ ወሲዱ፣ ብናቱ ሓሳብ ጌሩ፣ ዝተፈላለየ ጽባቐ ዘለዎ ናይ ስነ ጥበባት ስርሓት የፍሪ። ጸሎተኛ ዉን ከምኡ እዩ። ናይ ጸሎተኛ ሰብ መሳርሒ ንጥረ ነገራት፣ ገዛእ ሰብነቱ`ዩ፤ ብጸሎቱ ኣቢሉ ንገዛእ ሰብነቱ መንፈሳዊ ጽባቐን ቅርጺን የትሕዛ። ቅድም ንገዛእ ርእሱ፣ ደሓር ዉን ንካልኦት ከጸባብቕ እዩ።

ተመራመርቲ ስነፍልጠት ነቲ ህሉው ነገርን ንፍጥረታትን የጽንዕ፤ ጸሎተኛ ሰብ ከኣ ካብ ፍጥረታት ተበጊሱ ናብቲ ልዑል ፈጣሪ ይቐርብ። ኣብ ፍጥረት ዘይኮነስ፣ ኣብቲ ምንጪ ፍጥረታት ይግደስ። ፍቕሩ ዉን ካብ ርህራሀ ጥራይ ዘይኰነስ፣ ካብቲ

ምንጪ ጽባቐ እዩ፤ ካብ መስርሕ ህይወት ኣይኮነን እንታይ ደኣ ኣብቲ ምንጪ ህይወት ይዉከል፤ ኣብቲ ናቱ ስምዒት ኣይሙርከስን፣ እንታይ ደኣ ኣብቲ ምንጪ ሕሊናዊ ንጽህና ዝኾነ፣ ልዑል ፈጣሪ እዩ።

ጥበበኛን ሳይንቲስትን ናብቲ ዝዓለምዎ ደርጃ ክበጽሑ፣ ብዙሕ ይጽዕሩ። ኣብ ስራሕ ክዋፈሩ እንከለዉ፣ እግዚኣብሔር ክገልጸሎም ጥራይ ኣይጽበዩን፣ እንታይ ደኣ ይጽዕሩን፣ ይደኽሙን። ከምኡ እንተዘኽዉን ዋላ ሓንቲ ፍረ ኣይመፍረዩን። ሙዚቀኛ ጣዕሚ ናይ ሙዚቃ መሳርሒ ቃንዩ ምእንቲ ክመልኮ፣ ብዙሕ ይላመድ። እምበኣር እዚ ዓዉዲ ክንድዚ ዝኣክል ጻዕሪ ካብ ሓተተ፣ ኣብ ልቢ ንዝግበር ስራሕ`ከ ደኣ፧? ልቢ ሰብ እኳ ምስ ኩሉ ብልሓቱ፣ ብዙሕ ጻዕሪ እዩ ዘድልዮ።

*"ንኣምላኽ ቅረብዎ፡ ንሱውን ኪቐርበኩም እዩ" /ያዕ 4፥8/። ስለዚ እቲ ተብግሶ ካባና እዩ። ሓደ ስጉምቲ ናብ እግዚኣብሔር እንድሕሪ ቀሪብና፣ ንሱ ዓሰርተ ስጉምቲ ናባና ይቐርብ። ኣብነት ጥፉእ ወዲ ንዘክር፣ ኣምላኽ `ቲ ጥፉእ ወዱ ክመጽእ ገና ርሑቕ ከሎ ረኣዮ እሞ ደንገጸሉ፡ ጐይዩ ኸኣ ብኽሳዱ ሐንቈ ሰዓሞ (15፥20)።*

ናብ ኣምላኽ ክትቀርብ እንድሕሪ ደሊኻ፣ ቀዳመይ ስጉምቲ ካባኻ ክብገስ ኣለዎ፣ ዋላ `ቲ`መንገዲ ብሩህ ኮይኑ ኣይረኣየካ ኣይትገደስ፣ ጥራይ ተበገስ። ኣብጋግሳኻ ደርገፍገፍ ስለዝበዝሖ ኣየሻቕልካ፣ ፍርሕን ጥርጥርን ከይወርሰካ ግና ተጠንቀቕ። ጸላኢ ሰናያት ብዛዕባ`ቲ ትገብሮ ዘለኻ ጻዕሪ እንተ ሓጨጨልካ፤ ስንፍና ኣይሓዝካ። *'ትርጉም ዘይብሉን ከንቱ ድኻምን'* ምኳኑ ከእምነካ እንተፈተነ፣ ቦታ ኣይትሃቦ። ዲያብሎስ ጸላኢና ሓንቲ ተፍርሖ ነገር እንተሃልያ ጸሎት እያ። ስለዚ ጸልይ!

ሓደ ናይ ምንባብ ፍቅሪ ከማዕብል ዝደሊ ህጻን፣ ብዙሕ ብምንባብ ነዚ ልምዲ ከጥርዮ ይኽእል። ቋንቋ ክትለምዶ እንድሕሪ ኮይኑ፣ ደጋጊምካ ክትዛረቦ ይግባእ። ብዙሕ ምስ ደጋገምካዮ፣ ብዙሕ ትለምዶ፣ ብዙሕ ዉን ትፎትዎ። ፍትወት ምስ ልማድ ይምዕብል። ልምምድ ዉን ናብ ክእለት ይመርሓካ። ብልምምድ ክእለት ምስ እተጥሪ ዉን፣ ነቲ ልምምድካ ኣዚካ ክትፎትዎ ኢኻ።

ኣብ ጸሎት ዉን ሓደ ዓይነት መንገዲ`ዩ፣ ብግብሪ ከይተበገስካ ዝጥረ ክእለት የለን። ቅድም መለኮታዊ ሓይሊ ክዓስለካ`ሞ፣ ብድሕሪኡ ክትጽልይ ትጽበ እንተሃሊኻ፣ ዕሽነት እዩ። ከምቲ ክንዛረብን ክንሓስብን ዝተፈተርና፣ ሰብ ክጽልዩን ዉን`ዩ ተፈጢሩ። *"ንሰብ ወሲዱ፡ ኪዓይያን ኪሕልዋን ኣብ ገነት ኤደን ኣቐመጦ" /ዘፍ 2፥15/* እዛ ገነት ኢልዋ ዘሎ ቦታ፣ ኣብ ልቢ`ያ ትርከብ። ንልቢ ዝመስል ገነት`ሞ ኣበይ ክርከብ፧?

እታ ሰኣን ገዛእ ርእስኻ ዘይምግታእኻ ዝሰኣንካያ ገነት፣ ከም ኣዳም ክትዓያን ክትህልዋን ይግባእ። ካብዛ ገነት ምስ ተባረርካ፣ ቆጽሊ በለስን፣ ደበሎን ኢኻ ተኸዲንካ፤ እዚ ናይቲ ሓላፊን በሰባሲን ነገራት ዓለም ምሳሌ እዩ /ዘፍ 3፥21/። ኣብ መንገኻን ኣብ መንገ`ታ ናብ ኦም ህይወት እትወስድ ቀጣን መንገዲ፣ ናይ ሴፍ ሃልሃልታ ኣሎ፣ እዚ ሃልሃልታ ሓዊ ፍትወት ዓለም እዩ። ነዚ ፍትወት ዓለም ዝሰዓረ ዘበለ ኩሉ፣ ካብታ ኣብ ማእኸል ኤደን ዘላ ኦም ህይወት ክበልዕ ግደ ኣለዎ /ራእ2፥7/።

ነዚ ዓወት ክትረኽቦ ኣዝዩ ከቢድ እዩ! ***"ኣዳም ሓንቲ ሕጊ ሓንሳብን ጥራይ ጥሒሱ፣ ንስኻ መዓልታዊን ኣብ ሰዓት ሰዓትን፣ ንኹለን ትጥሕሰን"*** ቅዱስ እንድርያስ ዘቁርጤስ። ስለዚ ጸሎት ኣዘዉትር። ከም ሓደ ደረቀኛን ነቓጽን ሰብ፣ ካብ ጸሎትካ ከይተፈለይካ፣ ጸኒዕካ ጸልይ። ብጸሎትካ ናብ ላዕላይ ስማይ ኣመልክት።

ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚ ከም ንዕዘቦ ሓደ ደረቐኛን ነቓጽን ሰብ ብዛዕባ በደሉ ኣይፍለጦን። ኣብ ጸሎትዉን ከምኡ ይኹን። ልበይ ነቓጽ`ዩ ኢልካ ኣይትፍራሕ፣ ጥራይ ኣብ ጸሎትካ በርትዕ። ጸሎት ነቲ ተሪር ልብኻ ክፍኹሶ እዩ።

## 17. ጸሎት-3ይ ክፋል

ሓደ ንግሆ ንግሆ ስፖርት ክሰርሕ ዝደሊ ሰብ፣ ድልዱል ነብሲ ስለዘለዎ ወይ ዉን ልዕሊ ሰቡ ሓያል ስለዝኾነ ኣይኮነን፣ እንታይ ደኣ ነቲ ዘይብሉ ክረክብ፣ ማለት ጭዋዳታቱ ነክደልድል እዩ። ብፍላይ ነዚ ነገር`ዚ ብሙሉእ ድሌት እንድሕሪ ፈጺምዎ፣ ደሓር ዉን ክዕቅቦ ይኽእል።

ስለዚ፣ ጸሎት ክትለማመድ ከሎኻ፣ ገለ መለሳ ንገዛእ ርእስኻ ከይደለኻ ቀዲምካ ክትጽሊ`ዩ ዚግባእ። እንተደኣ ዕድለኛ ኴንካ`ሞ ኣብ ናይ በይንኻ ክፍሊ ትድቅስ ኮይንካ፣ ነዚ ዚስዕብ ካብ መጽሓፍ ጸሎት ዚተወሰደ ልምምድ ደረጃ ብደረጃ ቃል ብቃሉ ከተተግብሮ ትኽእል፣

ካብ ምድቃስካ ምስ ተበራበርካ፣ ነዛ መዓልቲ ቅድሚ ምጅማርካ ኣብ ቅድሚ እቲ ንኹሉ ዚርኢ እግዚአብሔር ኣምላኽ  ብትሕትና ደው ኢልካ፣ ንገጽካ ብትእምርተ መስቀል ኣማዕቲብካ ከምዚ በል  “ብስም አብ፣ ወልድን መንፈስ ቅዱስን፣ አሐዱ ኣምላክ ኣሜን”

ንቅዱስ ሥላሴ ብምጽዋዕ፣ ምእንቲ ሓሳባትካን ስምዒታትካን ካብ ዓለማዊ ጉዳያት ነጻ ክትገብሮም፣ ንገለ እዋን ስቕ በል። ሽዑ ንሕሊናኻ ናብ ላዕሊ ምስ ሰቐልካ ከምዚ ኢልካ ብህድኣት ብዘይ ታህዋኽ ፣ ብምሉእ ልብኻ ጸልይ።

*“ኦ ኣምላኸይ ንዓይ ንኃጥእ መሓረኒ”*፣ ድኅሪኡ እቲ ካልእ ልሙድ ጸሎታት ኣከታቲልካ ጸልይ ማለት ቀዲምካ ብስም አብ ወልድን መንፈስ ቅዱስን አሐዱ ኣምላክ በቅድስት ሥላሴ እኣምንን እምሕጸንን ዚብል ጸሎት፣ መጀመርታ፣ ድህሪኡ ኦ ጐይታ ነመስግነካን ነኽብረካን ኣሎና፣ ኦ ጐይታ ኣሚንና ንግዝኣካ ኣሎና (ነኣኩተከ)፣ ድኅሪኡ ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና (ኣቡነ ዘበሰማያት)፣ ድኅሪኡ ጸሎተ ሃይማኖት. . .። ኣብ ክንዲ ብታህዋኽ ነዘን ጸሎታት ምድጋመን፣ እቲ ዚሓይሽ ንገሊኤን ካብ መጽሓፍ ጸሎት ምንባበን ይምረጽ። እዘን ጸሎታት ኣብቲ ውህሉል ተሞክሮ ቤተ ክርስቲያን ዝተመርኮሳ ስለ ዝኾና፣ ብአአን ኣቢልካ ናብቲ ዓብዪ ኅብረት ዚጽልዩ ሰባት ትጽንበር። ንስኻ በይኻ ኣይኮንካን ዘሎኻ፣ ኣብቲ ኣካል ጐይታ ዝኾነት ቤተ ክርስቲያን፣ ንስኻ ሓንቲ ዋህዮ ኢኻ። ብመገዲዘን ጸሎታት ኣቢልካ ንአካልን ንልቢን ኣእምሮን ዚኸውን ትዕግሥቲ ብምህናጽ እምነትካን ትመሃር።

እታ ምልእቲን ቅንዕትን ጸሎት፣ `ታ`ክንጽልያ ከሎና ንቃላታ ብሓሳብናን ስምዒታትናን እናኣስተንተንና እንጽልያ ጸሎት እያ። እምበኣር ኣብ እዋን ጸሎት፣ ትግሃት ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ። ኣብ ግዜ ጸሎት ሓሳባትካ ኪዛውኑ ነጻ ኣይትልቀቖም፣ ደጊምካን ደጋጊምካን ንሓሳባትካ እሰሮም መቕሖም፣ ከም ብሓድሽ ድማ ኣብታ ምጽላይ ዘቋረጽካላ መስመር ኣትኒዝካ ደጊምካ መሊስካ ጀምር። መጽሓፍ ጸሎት እንተዘይብልካ፡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎ መዝሙር ዳዊት ክትጥቀም ትኽእል። ከምዚ ብምግባር ትዕግሥቲን ንቕሓትን ትመሃር።

ኣብ ኣንፈ መስኮት ደው ዚበለ ሰብ ነቲ ካብ ደገ ዚመጽእ ድምጺ ይሰምዕ፣ ከይሰምዐ ኪተርፍ ዉን ኣይኮነሉን። እንተኾነ ነቶም ድምጺታት ከከም ድሌቱ፣ ኣቓልቦኡ ኪህቦም ወይ ኪነፍጎም ይኽእል። እቲ ዚጽልይ ሰብ ዉን እናጸለየ ከሎ፣ ብቀጻሊ ዘይግቡእ ሓሳባት፡ ስምዒታትን፡ ኣእምሮኣዊ ተምሳጥን ጦብላሕታን፡ ናብ ኣእምሮኡ እናመጹ የሸግርዎ። ነዚ ኣድካሚ ኣሰልካዪ ዋሕዚ ደው ንምባል፣ ብፍጹም ኣይከኣልን`ዩ፣ ዳርጋ ከምቲ ንአየር ኣብ ሓደ ክፍሊ ካብምንፋስ ምኽልካሉ ዘይከኣል። እንተኾነ ኣቓልቦና ክንህቦምን ክንነፍጎምን ይከኣለና። ስለዚ ኣብ እዋን ጸሎት ነቶም ጣልቃ ዚኣትዉ ነገራት ኣቓልቦ ብምኽላእ ኣብ ጸሎት ጥራይ ብምጽማድ ብኸምዚ ምጽላይ ክንለማመድ ንኽእል። *“ጸሎት ብልምምድ ጥራይ ዚከኣል ግብሪ እዩ”* ይብሉ ቅዱሳን።

ክትጽሊ ከሎኻ ንስኻ ባዕልኻ ስቕ በል። ክትጽሊ ከሎኻስ ኣብዚ ምድሪ ንእትደልዮም ሥጋዊ ድሌታት ኪማልኡልካ ዘይኮነሲ፣ እንታይ ደኣ “ይኩን ፈቃድከ/ፍቓድካ ይኹን” ኢልካ ክትጽሊ እዩ። ንእግዚአብሄር ኣምላኽ ከም ናትካ ባርያ ወይ ተለኣኣኺ ጌርካ ብምሕሳብ ንድሌታትካ ከማልአልካ ምሕታት ኣይግባእን። ንስኻ ንባዕልኻ ጸጥ በል፣ እቲ ጸሎት ንባዕሉ ይዛረብ።

“ጸሎትካ አርባዕተ ክፋላት ዘማልእ ኪኸውን ይግባእ” ይብል ቅዱስ ባስልዮስ፣ “ኣምልኾ፣ ምስጋና፣ ሓጢኣትካ ምንዛዝን፣ ጥርዓን ብዛዕባ ድሕነት ነፍስኻን”። ብዛዕባ ውልቃዊ ጉዳይ ኣይትገደስ፣ ወይ ኣይትጸሊ ግና “ቅድም መንግስቲ ኣምላኽን ጽድቁን ድለዩ፡ እዚ ኹሉ ድማ ይውሰኸልኩም” /ማቴ 6፥33/።

እቲ ብጸሎቱ ኣቢሉ፣ ንድሌቱ ወይ ትምኒቱ ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ዘየጋጥሞ (ዘየሳንዮ) ሰብ፣ ኣብ ዚሰርሖ ነገራት ዕንቅፋት የጋጥሞ፣ ብቀጻሊ ድማ ኣብ መጻወድያ ጸላኢ ይወድቕ። እዚ ሰብ`ዚ ቅሬታ፡ ቁጥዐ፡ ጓሂ፡ ስምባድ፡ ርባጸ፣ ጭንቀት የጋጥሞ። ኣብ ከምዚ ዚኣመሰለ ኵነተ ኣእምሮ ኮይኑ ድማ ማንም ሰብ ኪጽሊ ኣይኽእልን።

ኣብ ልዕሊ ብጻይካ ናይ ወቀሳ ስምዒት የሕዲርካ ዝግበር ጸሎት፣ ዘይጽርዩ ጸሎት እዩ። ኣብ ጸሎትካ ንብጻይካ ክትወቅስ፣ ወይ ዉን ቂም ሒዝካ ክትጽልዩ ኣይግባእን፣ እዚ ኣምላኽ ዝፍንፍኖ እዩ። ኣብ ጸሎትካ፣ ክትገንሕ እንድሕሪ ኮይንካ፣ እታ ሓንቲ ክትገንሓ ዝግባኣ ኣካል፣ ገዛእ ነብስኻ ጥራይ እያ። ርእሰ መግናሕቲ ሕመረት ጸሎትካ ግበሮ። ብርእሰ መግናሕቲ ኩሉ ጸሎትካ ኣቕርቦ፣ ንካልኦት ሰባት ክትወቅስ ኣይትፈትን፣ ንገዛእ ነብስካ ጥራይ ዉቀሳ። 'ከመይ ጌርና ኢና ነዚ ክንመሃሮ፧' ትብል ትኸዉን፧ እቲ መልሲ ዉን፣ "ብጸሎት ነዚ ክትመሃሮ ኢኻ"።

ነቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ነቕጺ ወይ ድርቂ ኣይትፍርሃዮ። እቲ ሕይወት ዚህብ ነጠብጣብ ዝናብ ካብ ላዕሊ እምበር፧ ካብቲ ኣብ ዉሽጥኻ ዘሎ እሾኽን ተኾርባን ዘፍሪ (ዘፍ. 3፥18) ተሪር ሓመድ ኣይኮነን። ፍሉይ ስምዒት፣ ወይ ተኣምራታዊ ተምሳጥ፣ ዘስዕብ ኩነታት ኣይትጸበ። ጸሎት ንዕግበት ኢልካ ዝፍጸም ኣይኰነን። "ተሸገሩን ጉህዩን ብኽዩን" /ያዕ 4፥9/፣ መዋቲ ምኽንካ እንዳዘኸርካ፣ ምሕረት ካብ እግዚአብሔር ኣምላኽ ሕተት። እቲ ዝተረፈ ግብሪ ኣምላኽ እዩ ክኸዉን!

## 18. ጸሎት-4ይ ክፋል

ናይ ንግሆ ጸሎት ምስ ገበርካ፣ ጸሎት በዚ ዘብቀዐ ኣይምሰልኻ። ጸሎት ጌርካ ምስ ወዳእኻ፣ ነዚ ናይ ጸሎት ሃዋሁ ወይ መንፈስ ክትዕቅቦ ይግባእ፣ ዋላ እብታ መዓልቲ ብዙሕ ደስ ዘይብል ነገራት ይግጠመካ፣ ናይ ጸሎት ሓሳባት ዓቅቦ።

ነዚ ክንገብር ዝሕግዙና ብዙሕ ሜላታት ኣለዋ፣ ንኣብነት ጳጳስ ቅ.ቴኦፋን ባሕታዊ ከምዚ ኢሉ ይምዕደና። *"ኣብ ናይ ዳዊት መዝሙራት ብዙሕ ሓጸርቲ ጸሎታት ኣለዎ፣ ስለዚ ካብ መዝሙረ ዳዊት ደስ ዝብላን ሓጸርቲ ናይ ጸሎት ሓረግ ምረጽ፣ ንኣብነት፧* ***'ኦ እግዚአብሔር ንሓገዘይ ቀለጥፍ'፣ 'ንጹህ ልቢ ፍጠረለይ'፣ 'ኦ ጐይታ ንስኻ ብሩኽ ኣምላኽ ኢኻ'፧.*** *. ዝኣመሰሉ ጸሎታት መሪጽና፣ ኣብቲ ናይ መዓልታዊ ንጥፈታት ክንደግመን ንኽእል"።*

ነዚኦን ጸሎት ክንጽልየን እንኰለና፣ ኣብ ጥቓና ሰባት እንተሃልዮም፣ ትሕት ብዝበለ ድምጺ፣ ወይ ብስቕታ ኣብ ኣእምሮና ብምድጋም ንጸልየን፧ በይንና እንድሕሪ ኰይና ድማ ዓዉ ኢልና፣ ነታ ዘሎ ከባቢ ብዘይርብሽ መልክዕ ክንጽልየን ንኽእል። ንዝረኸብናዮ ኣጋጣሚ ንጠቀመሉ፣ ኣብ ባስ ንሃልዉ፣ ኣብ ሊፍት፣ ኣብ ናይ ስራሕ ዕረፍቲ፣ ኣብ ናይ ሻሂ ሰዓት፣ ኣብ ዝተረኽበ ኣጋጣሚ፣ ሕሊናና ብምእካብ፣ ነተን ቃላት ብምዝካር፣ ኣድህቦና ዉን ኣብተን ንደግመን ሓረግ ጸሎት ጌርና፣ ንጸልይ። ኸምዚ ብምግባር ዉን፣ ክሳብቲ ኣብ ገዛና ኣቲና፣ ቅድሚ ሰዓታት ድቃስ እነቕርቦ ጸሎት፣ ሕሊናና ብናይ ጸሎት መንፈስ ተዓቂቡ ይጸንሕ። መዓልቲዉን ንኣምላኽ ክብሪ ብምሃብ ተወሲና ትሓልፍ። ኣብ ናይ ምሸት ጸሎትናዉን፣ መጽሓፍና ሒዝና ብምጽላይ፣ ዝበለጸ ጸሎት ክነቕርብ ንኽእል።

እዚ ልማድ`ዚ፣ ብፍላይ ነቶም ብሕትዉ ዝበለ ግዜ ብቐሊሉ ክረኽቡ ዘይኽእሉ፣ ሰዓታት ስርሖም ወይ መዓልታዊ ንጥፈታቶም ብብዝሒ ሰባት ዝተሓዝኣ ሰባት ሓጋዚ እዩ። ምኽንያቱ እዚ ሜላ`ዚ፣ ቦታን ግዜ ብዘየገድስ፣ ኣብ ዝኾነ ቦታን፣ ኣብ ዝኾነ ግዜን፣ ክንጥቀመሉ ንኽእል። ከባቢያዊ ጸጥታ እኳ እንተዘየተረኽበ፣ ነዚ ሜላ ኣብ ግብሪ ብምዉዓል ግን፣ ዉሽጣዊ ሰላም ክርከብ ይኽኣል።

ነዚ ጸሎት ብዘይምቁራጽ ደጋጊምካ ምጻላይ የድሊ። ነዚ ምስንገብር፣ እቲ ጸሎት ሓይሊ ይህልዎ፣ ሓሳብና ዉን ኩሉ ግዜ ብናይ ጸሎት መንፈስ ተገዚኡ ይዉዕል። ዓሳታት ባሕሪን ኣዕዋፍን ንመልከተን፧ ኣዕዋፍ ክነፍራ እንከለዋ፣ መንገብገበን ከየዕረፉ ደጋጊመን ብምንቕስቃስ ይነፍራ፣ ዓሳ ዉን ኣክናፉ ደጋግጊሙ ብምሕንባስ ይንቀስቃስ። ኣዕዋፍ ኣብ ላዕሊ ሰማይ እንዳነፈራ እንከለዋ፣ ምንፋር ኣብ መንጎ እንድሕሪ ኣቋሪጸን፣ ናብ መሬት ይወድቃ፣ ዓሳ ዉን ምሕንባስ እንተቋሪጽዎ፣ ናብ ድቅድቕ ጸልማት ትሕቲ ማይ ይኣትዉ። ኣብ ናይ ጸሎት ጉዕዞ ዉን ከምኡ እዩ። ጸሎትና ደጋጊምና እንድሕሪ ዘየብጺሕናዮ፣ ሓደጋ ከጋጥመና ይኽእል።

ስለዚ ከይሰልኸካ፣ ኣብ ሰዓት ሰዓት፣ ኣብ መዓልቲ መዓልቲ ጸሎት ግበር። ዝሕቱል ኣይትኹን፣ ብዛዕባ ጽባሕ ዉን ኣይትጨነቕ (ማቴ 6፥34)፣ ጥርጥር ዉን ኣይሃልዉኻ፣ እንታይ ደኣ ጥራይ ሱቕ ኢልካ ጸልይ። ኣብ ግዚኡ ንኩሉ መልሲ ክትረኽበሉ ኢኻ፣ ካብ ጸሎት ግና ኣይተቛርጽ።

እስከ ንኣብራሃም ጠምቶ፣ እግዚአብሔር ኣምላኽ ካብ ህዝብኻ ተፈለ ኣነ ናብ ዘርእየካ ቦታ ኪድ ምስበሎ፣ ብዙሕ ኣይተመራመረን። እታ እግዚአብሔር ዝህበኒ ሃገር ከመይ ትመስል፧ ኣብኡ እንታይ ኣሎ፧ ለምለም ድያ፣ ማይ ኣለዋ ድዩ፧ ወዘተ ኣይበለን። ጐይትኡ እግዚአብሔር ምስ ኣዘዞ፣ ብቀጥታ ናብቲ ዝተባህሎ ቦታ ኸደ። ከም ኣብራሃም ግበር፣ ናቱ ኣሰር ሰዓብ። ኣብራሃም ኩሉ እቲ ናቱ ዘበለ ምስኡ ተማሊእዎ፣ ንስኻ ዉን ከምኡ ግበር፣ ኩሉንትናኻ ምሳኻ ተማልኣዮ፣ ገለ ኣብ

ድሕሪት ኣይትግደፍ፣ ምኽንያቱ ኣብ ድሕሪት ዝገደፍካዮ ዘበለ ኩሉ፣ ናብታ ጣኦት ዝምለከላ ድሕሪት ዝገደፍካያ ቦታ ክመልሰካ እዩ።

ንኖህ ዉን ዘኽሮ፣ ንሱ ነታ መድሓኒት ዝኾነቶ መርከብ ክሃንጽ 120 ዓመት ወሲዱሉ። ንነፍሲ ወከፍ ጣዉላ፣ በብመስርዑ ተጠንቂቑ እንዳላገበ ነዊሕ ግዜ ወሲዱ፣ መርከቡ ሃነጸ። ንስኻ ዉን ከምኡ ክትገብር ይግባእ፣ ንዕብየትካ ነፍስኻ ዘገልግለካ ነፍሲ ወከፍ ጣዉላ ኣክብ፣ ብትዕግስቲን ስቕታን ዉን ምህናጽ ገዛእ ርእስኻ ጀምር፣ መዓልታዊ ኣብ ምሃንጽ ድሕነትካ ተሳተፍ። ብዛዕባ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ነገራት ኣይትገደስ።

ዘክሮ`ሞ ኣብ ገጽ ምድሪ`ኮ ብዘይካ ኖህ፣ ካልኦት ኩሎም ዓልዮም ኔሮም፣ ኖህ ጥራይ በይኑ ምስ ኣምላኽ ተመላለሰ (ዘፍ 6፥9)። መርከቡ ምስ ሃነጸ ዉን፣ ኣብታ ዉጽኢት ጻዕሩ ዝኾነት መርከብ ብዙሕ መዓልታት ገበረ። ኣብዚ ነዊሕ ግዜ፣ ንዝነበረ ጫቕጫቕ፣ ጸልማትን፣ ማዕበላትን፣ ክጻወር ኔርዎ፣ ናብ ጥዑም ኣየር ክሳብ ዝወጽእ ዉን ተጻዊሩ ሓለፎ። ናብቲ ንፋሱ ጥዑም ዝኾነ ቦታ ምስ ወጽአ ዉን፣ ንኣምላኽ መሰዉኢ ሃነጸሉ። ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ *"ነቲ ኖህ ዝተዓገሶ ኩሉ እንድሕሪ ተዓጊስካን፣ በታ ጸባብ ኣፍደገ ዉን እንድሕሪ ተመላሊስካን፣ እቲ ጥዑም ንፋስን፣ መሰዉኢን ኣብ ዉሽጥካ ክትረኽቦ ኢኻ"።*

ከምቲ እግዚኣብሔር ዝኣዘዞ ንዅሉ ነገር ከምኡ ግበር (ዘፍ 6፥22)። ካብቲ ዘለኻዮ ናይ ስጋዊ ፍትወት ዓለም ኣዉጺኡ፣ ናብ ምልኣት መንፈስ ቅዱስ ዘለዎ ህይወት ዘሰጋግረካ ቢንቶ፣ ብጸሎት እናተጸመምካ ህነጾ (ኤፌ 6፥17)። *"እቲ ሓደ ንሱ በይኑ ጐይታ ዝኾነ፣ ኣብ ልብኻ እንድሕሪ ሰፊሩ፣ ኩሉቲ ፍትወታት ክጠፍእ እዩ"* ቅዱስ ባሲልዮስ ዓቢ። ንሱ ንኹሉ ዓለም ብኢዱ ስለዝሓዘ፣ ነቲ ናትኻ ህይወትን ዓለምን ዉን ዉሕስ ክገብረልካ እዩ፣ ንሱ ባዕሉ ክሕልወካ እዩ።

## 19. ንጸሎት ከሰንዮ ዝግባእ ኣካላዊን ኣእምሮኣዊን ምድላዋት

ንጸሎት ከምቲ ኣቐዲምና ዝገልጽናዮ ጌርና እንዳጸለና ከነስና፣ ንስጋዊ ኣካላትና ብዘይ ልጓም ምሕዳግ ግና ጽቡቕ ኣይኮነን። "ኣካል ዘይጭነቐሉን ልቢ ዘይትጉህየሉን ጸሎት፣ ዳርጋ ከም ዘይግዚኡ ዝተወልደ ናጽላ ህጻን እዩ" ይብል ቅዱስ ይስሓቅ ሶርያዊ፣ ምኽንያቱ ከምዚ ዓይነት ጸሎት ነፍሲ ዘይብሉ ጸሎት እዩ። ከምዚ ዓይነት ጸሎት፣ ኣብ ዉሽጣ ርእሰ ብቕዓት ዝጾረት፣ ትዕቢት ዉን ንልባ መሊእዋ ኣሎ፣ ስለዚ ዉን ንገዛእ ርእሳ ሓንቲ ካብቶም ጽዉዓት ጥራይ ዘይኮነትሲ፣ ሓንቲ ካብቶም ሕሩያት ጌራ ዉን ትሓስባ /ማቴ 22፥14/።

ሱር ናይ ብዙሕ ጌጋ ስለዝኾነት፣ ካብ ከምዚ ዓይነት ጸሎት ተጠንቀቕ። ልቢ ኣብ ስጋዊ ነገራት እንድሕሪ ተቔሪና፣ መዝገብና ዉን ኣብ ስጋዊ ነገራት ጥራይ ተኣሲሩ ክተርፍ እዩ። እቲ ዘገርም ዉን በዚ ስጋዊ ሓሳብካ ንሰማያት ዝበጻሕካ ኮይኑ ይስመዓካ።

ብኸምዚ ኣገባብ ትሕጎስ እንድሕሪ ኮይንካ፣ ሓጎስካ ርኹስ እዩ፣ ገዛእ ርእስኻ ስለዘይትገትእ ዉን ብስምዒት ትዛረብ። ብቤተክርስቲያን መምህር ክትኸዉን ከይመደብትኻ ዉን፣ ንካልኦት ክትምህር ክትግስጽን ክትቕይርን ትፍትን። ንመጽሓፍ ቅዱስ ድማ ብስጋዊ ሓሳባትካ ክትርጉሞ ትፍትን፣ ሰባት ክጻረሩኻ እንከለዉ ድማ ትቑጣዕ። ነቲ ናትካ ሓሳባት ከተረጋግጽዉን ኣብ ዉዕዉዕ ሞገተ ትሳተፍ። እዚ ኹሉ ዉን ገዛ ርእስኻ ስለዘይገታእኻን፣ ንልብኻ ዉን ስለዘይሓትካን እዩ።

ሓቀኛ ሓጎስ ሰላማዊን ቀጻሊን እዩ፣ ሓዋርያ ቅ.ጳዉሎስ ዉን ኩሉ ግዜ ክንሑጎስ ይምዕደና /1ይ ተሰ 5፥16/። ሓቀኛ ሓጎስ ካብ ንብዓት ይምንጩ። ልቢ ብዉሽጣ ክትነብዕ እንኾላ ሓጎስ ይርከብ። ንሳ ባዕላን፣ ኩሉ ዓለምን፣ ካብ ሓቀኛ ብርሃን ኣምላኽ ብምርሓቃ ልቢ ትጉህይ። በዚ ነገር ዉን ልቢ ትሓዝን እሞ ትነብዕ፣ እዚ ንብዓት ዉን ሓጎስ ይፈጥር፣ ምኽንያቱ "ዚጒህዩ፡ ምጽንናዕ ኪረኽቡ እዮም እሞ፡ ብጹኣን እዮም" /ማቴ 5፥4/፣ "ኣቱም ሕጂ እትበኽዩ፡ ክትስሕቁ ኢኹም እሞ፡ ብጹኣን ኢኹም።" /ሉቃ 6፥21/ ስለዝበለ ጐይታ።

ሓቀኛ ሓጎስ ስንኻ ፍሽኽ ብምባል ዝግለጽ ኣይኮነን። ሓቀኛ ሓጎስ ኣብ ደበስ ዝርኽብ ሓጎስ እዩ። ልቢ፣ ንምሕረት እግዚኣብሔር ምስ ተረድኣትን፣ ናይ ገዛእ ርእሳ ድኽመት ድማ ምስ ኣስተዉዓለትን፣ ሽዑ ካብ መዓሙቕ ልቢ ሓጎስ ይፍልፍል።

ሓደ ነገር ግን ኣስተዉዕል። ሓሳቡ ኣብ ምድራዊ ነገር ዝገብረ ሰብ ዉን ክሕጎስ ይኽእል እዩ፣ ኮይኑ ግና ሓሳቡ ኩሉ ግዜ ዝቀያየር፣ ብስጋዊ ነገር ኣዝዩ ዝሓዝን፣ ዝቁጣዕን ዝርበሽን ዉን እዩ። ዝሓሰቦ ስጋዊ ነገራት ምስ ዘይማላእ ዉን ኣዝዩ ይጉሂ። ስለዚ ገዛእ ስጋኻ ብጾም ቅጽዓያ፣ ኣካላትኻ ዉን ግታእ፣ ልሳንካ ዉን እሰራ።

ብዝሒ ዘረባ ጸረ ጸሎት እዩ። ዋሕዚ ዘረባ ንቃላት ጸሎትኻ ከዓግቶ ይኽእል። ስለዚ ዉን ኢና ኣብ መዓልቲ ፍርዲ ንኹሉ ዘይጠቅም ዘረባ ጸብጻብ ክንህበሉ ኢና /ማቴ 12፥36/። ንገዛኻ ብጽሬት ክትሕልዎ እንድሕሪ ደሊኻ፣ ዶሮና ተሰኪምካ ኣብ ኣፍደገ ገዛኻ ኣይትኣትዉን፤ ስለዚ ልብኻ ብንጽህና ምእንቲ ክትዕቅባ፣ ብዛዕባ ሕሉፍ ህይወት ብምዕላል፣ ዘይጠቅም ዘረባ ብምዝራብ ኣይተርክሳ።ኻብ ከንቱ ዕላል፣ ካብ ሓሜትን፣ ካብ ዋዛ ፈዛዛን ረሓቕ።

ልሳን ሓዊ እያ፣ ንኢሽቶይ ሓዊ ንብዙሕ ዱር ተቃጽሎ /ያዕ 3፥5-6/። ሓዊ ንፋስ እንድሕሪ ዘይረኺቡ ግና ይጠፍእ። ስለዚ ንስኻ ዉን ንስጋዊ ፍትወትካ ንፋስ እንድሕሪ ዘይሂብካዮ ክጥፍእ እዩ።

ንኣብነት ሕርቃን ብዉሽጥኻ እንድሕሪ ተላዒሉ፣ ብስቕታ ክትዓግቶ ፈትን፣ ብግዳም ከምዘይርአ ግበሮ። ብዉሽጥካ ናብ ጐይታ ጸልይ፣ ንሱዉን ኑዛዜኻ ሰሚዑ ክምሕረካ እዩ። ከምዚ ብምግባርካ ዉን ነቲ ዝተበጋገሰ ሓዊ ከምዝጠፍእ ትገብሮ ኣለኻ። ካልኡት ብዘገብርዎ ጌጋ እንድሕሪ ተረቢሽካ፣ ኣሰር ሴምን ያፌትን ኣብነት ጌርካ፣ ብስቕታ ክትሽፍኖ ፈትን /ዘፍ 9፥23/። ከምዚ ብምግባርካ፣ ንካልኡት ክትፈርድ ዝደፍኣኻ ዝነበረ ድሌታት ከተጥፍአ ይኽኣል። ስቕታ ብንቁሕ ጸሎት ከተሰንዮ ዝበለጸ እዩ። ከምቲ ጥርሙዝ ብጥዑም ነገር ዝምላእ፣ ስቕታካ ዉን ብጸሎት ዝተመልአ ይኹን፣ ብንቁሕ ጸሎት ይመላእ!

ሓደ ንጥበብ ጸሎት ክመልክ ዝደሊ ሰብ፣ ንልሳኑ ጥራይ ኣይኰነን ክሕልዋ ዘለዎ፤ ንኩሉንትናዊ ህይወቱ እንዳመርመረ፣ ኲሉ ግዜ ጥንቁቕ ክኸዉን ዉን ይግብኦ /ገላ 6፥1/። ኣብ ዉሽጢ ርእስና መሕብኢ ኮይነን ዘገልግላ ብዙሕ ዉሽጠ ዉሻጠ ክፍልታት ኣለዋ፤ ኣብዚን ዉሽጣዊ ክፍሊታት ብዙሕ ተዘክሮታት፣ ሕማቕ ሓሳባትን፣ ናይ ፍትወት ስምዒታትን ተሓቢአን ኣለዋ፤ እዘን ኲለን ሓሳባትን ሕማቕ ተዘክሮታትን ክቕየዳ ኣለወን።

ንጸሎትካ ከራኽሶ ስለዝኽእል ንከምዚ ዓይነት ተዘክሮታት ኣይተላዕለን፣ ንናይ ቀደም ሓጢኣትካን፡ ክፉእ ልማዳትን ኲሉ ክፍኣትን ቕተሎ። ከምቲ ከልቢ ናብቲ ዝተፍኦ ዝምለስ፣ ንስኻ ዉን ከምኡ ኣይትግበር /ምሳ 26፥11/። ፍትወት ከላዕለልካ ስለዝኽእል ሓሳባትካ ከም ድሌቱ ከዛወር ድማ ናጻ ኣይትግደፎ።

ዲያብሎስ ዝዋግኣሉ ቀንዲ መንገዲ ብሓሳብና (imagination) እዩ። በዚ ሓሳባዊ ስእሊ ጌሩ ናብቲ ናቱ ፍቓዱ ከም ንኣቱ ይገብረና፤ በቲ ዝተበገሰ ፍትወት ዘለዓዕል ሓሳባት ተሳሒብና ናብቲ ናቱ መንገዲ ምስ ኣተና ዉን፣ ብግብሪ ከም ንሓጥእ ይገብረና። ኣብቲ ሓሳባዊ ዓለምና ናይ ጥርጥርን ጭንቀትን ዘርኢ ይዘርእ፣ ብስነመጎታዊ ምኽንያታትን መርትዖታትን እንዳሰነየ ዉን ናብቲ ናቱ መንገዲ የእትወአና፣ ረብሓ ኣብ ዘይብሉ ሓሸዉየ ከም ንጽመድ ይገብር፣ ንነፍሲ ረብሓ ዘይብሉ ሕቶ ኣብ ህይወትና የበግስ፣ መሊሱ ዉን ኣብ ኣእምሮና ባዕሉ መልሲ ይህበና፣ ከምዚ ጌሩ የታልለና።

ንኸምዚ ዓይነት ኩሉ ሓሳባት “ኣቱም ሕሱማት ካባይ ርሐቑ” በሎም (መዝ 119፥115፣ “ኺድ ረሓቕ ሰይጣን” በልዎ /ማቴ 4፥10/።

## 20. ጾም

ጾም ንቁሕ ንኽትከዉን ይሕግዝ፣ ክትጸዉም ከለኻ ዓቕምካ ክኸዉን ይግባእ። ልዕሊ ዓቕምካ ወይ ዉን ትሕቲ ዓቕምካ ኣይትጹም። ከምዚ እንድሕሪ ኣዘዉቲርካ ንቑሕ ትኸዉን። “ዝኾነ ሰብ ከብዱ ጸጊቡ ብዛዕባ ኣምላኻዊ ነገራት ክሓስብ የብሉን” ይብሉ ባሕታዉያን ኣቦታትና። ነቲ ኣዝዩ ጽጉብ ሰብ ዋላ'ቲ ግሁድ ዝኾነ ሚስጢረ ሥላሴ ዉን ይሸፈኖ እዩ።

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ ነርባዓ መዓልቲ ብምጿምን ንሰይጣን ብምስዓርን፣ ኣብነት ሓዲጉልና ኣሎ። ንሕና'ዶ ካብኡ ንዓቢ ኢና? “እንሆ ድማ መላእኽቲ መጺኦም ኣገልግልዎ” /ማቴ 4፥11/። እዞም መላእኽቲ ንዓኻ ዉን ከገልጉሉኻ ድሉዋት ኣለዉ።

“ጾም ለፍላፊ ካብ ምዃን ትሕልወና” ይብል ቅ.ዮሃንስ ክሊማኮስ። ርህራህ ኣብ ህይወትና ከም ዝህልወና ትገብር፣ ንተኣዛዝነት ድማ ድሉዋት ትገብረና፣ ጾም። ጾም ኣብ ልብና ዝነገሰ ትረት-ልቢ ካብ ሱር ሞንቂሳ ከተዉጽኣልና ትኽእል፣ ክፉእ ሓሳባት ዉን ትስዕር። ጾም ናብ ገነት ኣተብጽሕ ኣፍደገ እያ፣ ከብዲ ክትጠምይ እንኸላ፣ ልቢ ትትሕት። እንዳጸመ ዝጽልይ ሰብ፣ ንቁሕ ጸሎት የቕርብ። ኣእምሮ ናይቲ ነብሱ ዘይገትእ ሰብ ግና ኲሉ ግዜ ብርኹስ ሓሳብን ስምዒትን ከምዝተገዝአ እዩ።

ጾም መግለጺ ፍቕሪን ተወፋይነትን እዩ። ምድራዊ ጽጋብ ብምሕዳግ ሰማያዊ ጸጋ ዝርከበሉ እዩ። መብዛሕትና ብዛዕባ እኽለ-ማይ ክንሓስብን፣ ኣብ ማእድና እንቕርቦ ዓይነት መግቢ ብምሕሳብ ጥራይ ብዙሕ ግዜ ነጥፍእ ኢና፣ ካብ ከምዚ ዓይነት ባርነት ሓራ ምዉጻእ ንመንፈሳዊ ህይወት ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ ዉን ጾም ናብዚ ዓይነት ሓርነትን እተብጽሕ መንገዲ እያ።

ኣንጻር ስጋዊ ፍትወትን፣ ነብሰ ፍትወትን ኣብ ዝግበር መንፈሳዊ ገድሊ፣ ጾም እቲ ቀንዲ መሳርሒ እዩ። ጾም ምስ ጸሎት፣ እቲ ዝዓበየ ዉህብቶ እዩ። ኣምላኽ ካብ ዝሃበና ዝዓበየ መሳርሒ ድማ እዘን ክልተ መንገዲ እየን፣ ጾምን ጸሎትን። ነዘን መንገዲ ብግቡእ ዝጥቀመለን ሰብ ዉን ብዙሕ መንፈሳዊ ረብሓ ይረክብ። ኣብ ግዜ ጾም፣ ነቲ ኣብ ደቂ ሰባት ናይ ምጂም ዓቕሚ ዝዓደለ ኣምላኽ ምስጋና ይበዝሕ።

ጾም፣ ቅድሚ ሕጂ ኣስተማቑራካዮ ኣብ ዘይትፈልጦ ጣዕሚ መንፈሳዊ ህይወት ትመርሓካ። ኣብ ከባቢካ ዘሎ ጽባቕን፣ መግለጺ ተስፋ ህይወትን ብምስትምቓር ብዉሽጥካ ከም ትሕደስ ትገብረካ። ዓይንካ ተኸፊቱ ብዝዩዳ ከም እተስተዉዕል ትገብር። ብሓሳባት ተገዚእካ ብዕሽነት ትገብሮ ዝነበርካ ግብሪ ርሒቑ፣ ብንቕሓት ንነፍስኻ ክትሕልዋ ትሕግዘካ። ጸገማት ከጋጥሙኻ እንከሎ ዉን፣ ጾም ብትሕትናን ብጸጋን ከምትቕበሎ ትገብረካ። ጾም፡ ጸሎትን፡ ንቅሓትን ሓቢረን ምስ ዝሰርሓ፣ እቲ ኽከፈተልና እንደልዮ ማዕጾ ይረሓወልና።

ኣብ ገድሊ ቅዱሳን ኣቦታት፣ ጾም መዐቐኒ ፍቕሪ እዩ። እቲ ብዙሕ ዘፍቅር፣ ብዙሕ ይጸዉም፣ እቲ ብዙሕ ዝጸዉም ዉን ብዙሕ በረኸት ይረክብ። እቲ ብዙሕ ዘፍቅር ብዙሕ ይሕደገሉ እዩ'ሞ ነገሩ፤ እቲ ብዙሕ ዝጸዉም ብዙሕ ይረክብ /ሉቃ 7፥47/።

ቅዱሳን ኣቦታት ዓቕምና ክንጸዉም ይምዕዱና። ልዕሊ`ቲ ስጋዊ ኣቕምካ ምጂም ግቡእ ኣይኮነን፣ ምኽንያቱ እዚ ንነፍሲ እንኮላይ ከሃስያ ስለዝኽእል። ብሃንደበት ዉን ምጂም ኣየድልን፣ ኹሉ ነገር ቀስ እንዳበለ ክዓቢ ይግባእ፣ ብምልምማድ ክምዕብል እዩ ጽቡቕ። ኩሉ ሰብ ብመንጽር`ቲ ዘለዎ ጥዕናን ዓይነት ስራሕን ክጸዉም ይኽእል።

ኹሉ ብልዒ ኣምላኽ ዝሃበና እዩ፣ ስለዚ መግቢ ምፍንፋን ጌጋ እዩ። ኣብ ግዜ ጾም ግና፣ መቕረት ዝበዝሖ፣ ብዙሕ ቅመማት ጌሩ ዝተደለወ መግቢ ከነወግድ ይግባእ። ስጋ፡ ኣልኮላዊ መስተ፡ ጸባ፣ ጠስሚ፣ ብሓጺሩ ንስጋዊ ዕግበት ንከማልእ ኢሉ ዝተዳለወ ብልዒ ዘበለ ኩሉ ኣይትብላዕ። ብቐረባ ዝርኸብን፣ ሕሱርን ዘበለ መግቢ ጥራይ ተመገብ። ንኽብድኻ ንመዓልቲ ከጸንሓ ዝኽእል ዓቐን ዉን ብላዕ፣ ክሳብ እትጸግብ፣ ወይ ዉን ከብድኻ ክሳብ ዝትርበብ ኣይትብላዕ።

## 21. ልዕሊ ዓቕምካ ካብ ምጽዓር ተቆጠብ

ልዕሊ ዓቕምኻ ምጽዓር ዉጽኢቱ ሓደገኛ እዩ። ሓደ ልዕሊ`ቲ ስጋዊ ተጻዋርነቱ ምዉቃዕ ፒያኖ (ሙዚቃ) ዝላመድ ሰብ፣ ምትእስሳር ጭዋዳታት (ስትራፓ) ክሕዞ ንቡር`ዩ፤ ከምኡ ዉን ልዕሊ ዓቕሙ ተጨናኒቁ መጽሓፍ ክደርስ ዝፍትን ጽሓፋይ፣ ናይ ሓሳብ ምትሕልላክ ከጋጥሞ ርዱእ እዩ። ብከምዚ ኣገባብ ልዕሊ ዓቕሙ ዝጻዓረ ሙዚቀኛ ይኹን ደራሳይ፣ ድኻምን ጓሂን ጭንቀትን ስለዝብርትዖ፣ ሓሳብን ድሌትን ሃንቀውታን እንከለዎ፣ ብሰንኪ ሃዲኡን ረጊኡን ዘይምልምማዱ፣ ካብቲ ኣእዳዉ ወይ ኣእምሮኡ ኪሠርሖ ዚኽእልን ዚግባእን ብዚዛይድ ስለዝሰርሐ፣ ኣብ ጸገምን ቃንዛ ይወድቕ እሞ ብሓዘንን ጓህን ተወሪሱ ነቲ ኪቕጽሎ ዚደሊ ልምምዱ ከይፈተወ የቋርጾ። ሽዑ ንጊዜኡ መጎለፊ ስለ ዚስእኑ፣ ኣብ ምብኻን ግዜ ይጽመድ፣ ንብዙኅ ክፉእ ጽልዋታትን ሓሳባትን ድማ ይቃላዕ።

ካብ ከምዚ ዓይነት ኣጋጣሚታት፣ ኣብነት ክንወስድ ጽቡቕ እዩ። ከም እኒ ጾም፣ ጸሎት፣ ንቕሓት፣ ምእዙዝነት፣ ርእሰ ምልከት፤ ዝኣመሰላን ክፋል ናይ መንፈሳዊ ልምምድ እየን። ኩሉ ግዜ እዘን ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናየን፣ መላመዲ መንገዲ እምበር ዕላማ ኣይኮናን፣ ናብ ዕላማ ንበጽሓለን መንገዲታት እየን። ስለዚዉን ኩሉ ግዜ ክንላመደን የድሊ፤ ዓቕምና ኣብ ግምት ከየእተና ክንለማመድ ግና ኣይግባእን። ከመይ ፣ እዚ ዚተጠቕሰ ልምምዳት፣ ልምምዳት ጥራይ እዩ። እቲ ዕላማ ካልእ እዩ። እወ ንኹሉ ልምምዳት ብምሉእ ልቢን ቅንዕናን ግና ብመጠንን ከየጋነንናን፣ ዓቕምና ኣብ ግምት ኣእቲና ክንለማመድ እዩ ዚግባእ ሉቃ 14፥28-32። ጐይታ ብኣፍ ቅዱስ ጴጥሮስ ኣቢሉ ዝመዓደና ዉን ነዚ ዘመልክት እዩ *"ርእስኹም ግትኡ ንጸሎትውን ንቕሑ"*1ይ ጴጥ 4፥7።

ስኽራን ከበሃል እንከሎ፣ ኵሉ ጊዜ ኣልኮላዊ ነገር ብምስታይ ወይ ዜስክር ነገራት ብምጥቃም ጥራይ ዚመጽእ ኣይኮነን፤ ካብ ከምዚ ልክዑ ዚሓለፎ መንፈሳዊ ልምምዳት ካብ ምፍጻም ዚመጽእ ስኽራን ዉን ኣሎ። እቲ ብሰሪ ዓብዪ ነብሰ ምትእምማንን፡ ስዒብዎ ዚመጽእ ድሌትን ዚኸሰት ስኽራን ልክዕ ከምቲ ብኣልኮል ዚመጽእ ሓደገኛ እዩ።

ካብ ህርፋን ዘበገሶ ቅንኢ፣ ልዕሊ ዓቕምካ ምጽዓርን ምልምማድን ይኽሰት፣ እዚ ጸዕሪ ድማ ከንቱ እዩ። ካብ ከምዚ ዓይነት ልምምድ (ጻዕሪ)፣ ተዘሪኡ ዝቦቕልን፣ ዝርኽብ እቶትን ኹሉ ጥቕሚ የብሉን፣ ፍረ ናይዚ ዓቐኑ ዝሓለፈ ልምምድ፣ ዘይተጸዋርነት፣ ንነብስኻ ከም ጻድቕ ምውሳድ፤ ዚኣመሰሉ ሓደገኛ እዩ። ኣይፋል፣ መንፈሳዊ ህይወት ከምዚ ኣይኰነን። ከምቲ ሊቀ ነብያት ሙሴ ዝበሎ *“ካብኡ ናብ የማን ኮነ ናብ ጸጋም ዘይምዝባልን”* /ዘዳ5፥32/ ዝዓቕምካ ጥራይ ምግባር እዩ። ኣብ ናይ ገዛእ ርእስኻ ሓይሊ ፈጺምካ ኣይትመርኮስ።

*“መንፈሳዊ ግብረታት ሰሪሕና ከነብቕዑ፣ እተን ፍረ መንፈስ ቅዱስ ዝተባህላ፤ ፍቕሪ፡ ሰላም፡ ሓጐስ፡ ይእኽለኒ ምባል፡ ትሕትና፡ ምቕሉልነት፡ ቅንዕና፡ እምነትን ትዕግሥትን እንተደኣ ዘይረኺብና፣ ኩሉ ልምምድናን ሥራሕናን ንኸንቱ እዩ”* ይብል ቅዱስ መቃርስ ግብጻዊ። ኹሉ ንጽዕሮ ጻዕሪ መንፈሳዊ ምህርቲ ንምርኻብ እዩ፣ ኮይኑ ግና እቲ ምህርቲ ናይ ጐይታ'ዩ እምበር ናትና ኣይኰነን።

ስለዚ ፣ ንርእስኻ ሓሉ፣ ጥንቁቕውን ኩን። ካብ ክቱር ልምምድ ዝተላዕለ ብቕሊሉ እትሓርቕን ዘይትጽመምን ኬንካ ንነብስኻ እንተደኣ ረኺብካያ ፣ ንጾርካ (ልምምድካ) ብቕሩብ ኣፍኩሶ። ንካልኦት ክትፈርድ፡ ክትጥርጥር፡ ክትግስጽ፣ ትምኒት እንድሕሪ ሓዲሩካ፣ ንስኻ ጌና ኣብ ጐደና ስሕተት ኢኻ ዘሎኻ። እቲ ንርእሱ ዚኽሕድ ፣ ብዝኾነ ነገር ንኻልኦት ኪነቅፍ ወይ ዉን ክግስጽ ኣይኮነሉን።

ሰብ ብዝግበሮ ነገራት ወይ ዉን ብግዳማዊ ኩነታት 'ትርበሽ' እንድሕሪ ኮይንካ፣ እዚ ነገራት ንምንታይ ይኽሰት ከምዘሎ ገና ኣየስተዉዓልካዮን። እዚ ነገራት ኣስተዉዒልካ ምስ ዘይትምርምሮ *“ዚርብሽካ”* ይመስል፣ ኮይኑ ግና ብሓቂ እንድሕሪ ኣስተዉዕሊካዮ፣ ንትዕግስቲ፣ ተጻዋርነት፣ ምእዙዝነት ንኽትመሃር ዚተዋህበካ ናይ ልምምድ ዕድላት እዩ። ትሑት ሰብ ንካልእ እንተረበሸ እምበር ንሱስ ብዝኾነ ኣይርበሽን እዩ። ስለዚ ርእስኻ ኣትሕት፡ ርእስኽእ ጎባእ።

ናብ ክፍልኻ እቶ ንመዓጹኻውን ሸጉሮ /ማቴ 6፥6/፤ ዋላ ኣብ እኩብ ሰብ ሃሉ ፣ ልቦናኻ ኣብ ጸሎት ምስ ኣምላኽካ ይኹን። ብርግጽ ሓደ ሓደ እዋን ነዚ ምግባር ኬጸግመካ ይኽእል ይኸውን፣ ስለዚ ናብቲ ጽሞና እትረኽበሉ ቦታ ኪድ፣ ኣብኡ ኮይንኻ ካብ ማዕሙቕ ነፍስኻ ናብ ፈጣሪኻ ኣእዊ፣ ብኸ፣ ጐይታ ከኣ ኪሰምዓካ እዩ።

*“ንነብስኻ ኩሉ ጊዜ ፣ ልክዕ ከም ብሸግለታ (መንኰርኰር) ገርካ ሕሰባ፤ እታ ብሸግለታ ሓፍኩሳ ንመሬት ኪትትንኪ ከላ ብቕሊሉ ናብ ቅድሚት ትኸይድ”* ቅዱስ ኣምብሮስ ዘሚላን። ስለዚ ንምድራዊ ነገራት ብዚምልከት ካብ ዓቐን ዚኃለፈ ኣይትሕሰብ፣ ኣይትዛረብ፣  ኣይትሕለ። ግና ሓደ ነገርውን ዘክር፣ ኣብ ምድሪ ዘይረገጸት መንኰርኰር ኣይትዘውርን እያ።

## 22. ስጋዊ ነገራት ተጠቐም

ሰባት ብዉህደት ስጋን ነፍሲን ዝቑምና ኢና፣ ክልቲኤን ክፈላለያ ኣይኽእላን። "እንበለ ስጋ እትቀዉም ነፍስ" ስለዝኾነ ነፍሲ ብዘይ ስጋ ንበይና ኣይትቀዉምን። ብህይወት ክንቕጽል ዕማምና ክንዓምም እንተድኣ ኰንና ክልቲኤን ብሓባር ክህልዋን፡ ክዓያን ኣለወን። ስለዚ ስጋዊ ነገራት ኣብ መንፈሳዊ ልምምድና ክንጥቀም ጽቡቕ እዩ። ክርስቶስ ንድኻምና ይፈልጦ'ዩ፣ ስለዚ ዉን'ዩ ምእንታና ክብል፤ ቃላትን ምልክታትን፡ ምራቕን ሓመድን፡ ካልእ ስጋዊ ነገርን ከም መሳርሒ ዝተጠቐመ። ምእንታና ኪብል ካብ ጫፍ ከዳኑ ሓይሊ ንክወጽእ ፈቐደ /ማቴ 9፥20፡ 14፥36/፣ ካብ መኣረምያ ጳዉሎስ /ግብ 19፥12/፣ እወ ካብ ጻላሎት ሓዋርያ ጴጥሮስ ከይተረፈ /ግብ 5፥15/፣ ሓይሉ ከም ዝዉሕዝ ገበረ። ጐይታ ምእንታና ኪብል ብቁሳዊ (materialistic) ነገራት ሓይሊ ኣርኣየ፣ ኣብ ምድሓንናዉን ተጠቕመሉ።

ስለዚ ነቲ ኣብ ጉዕዞ'ዛ ጸባብ ጎደና ዝረኽበካ መከራ መዘኽርታ ምእንቲ ክኸዉን፣ ንኹሉ ምድራዊን ቁሳዊን ነገራት ተጠቐመሉ። ምጽዕዳው በረድ፣ ሰማያዊ ሕብሪ ሰማያት፣ ኣንጸባራቒ ዓይኒ ኣዕዋፍ፣ ሓይሊ ባርዕ፣ ወዘተ ምስ ህዋሳትኻ ዝራከቡ ዘበሉ ነገራት፣ እትርእዮን እትድህስሶን፣ ንፈጣሪ መዘካኸሪ ግበሮ። ልዕሊ ኹሉ ግና ነቲ ቤተክርስቲያን ብጽድቒ ኣቢላ ናብ ቅድስና ክትምርሓካ ኢላ፤ እትቕርቦ ነገራት ተጠቐመሉ /ሮሜ 6፥19/። ናይዚ ቀንዲ ኣብነት ድማ፣ ናይ ጐይታ ስግኡን ደሙን (ቁርባን)፣ ካልኦት ሚስጢራት ዉን፣ ከም ሜሮን ቀንዴል. . .፣ ከምኡ ዉን መጽሓፍ ቅዱስ ኣለዉ። ቤተክርስቲያን ዉን እትቕርበልካ ካልእ ነገር ዉን ኣሎ፣ ስእሊ ቅድስት ድንግል ማርያም ምስ ፍቑር ወዳ፡ ቅድሳን መላእኽቲ፡ ቅዱሳን፡ ጧፍ፡ ዕጣን፡ ጸበል፡ ማይ ድጋም፡ መዝሙራት፡ ዜማታት። ነዘን ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናየን ነገራት፣ ኩሉ ተጠቐመሉ፤ ንዕብየትካ፡ ምዕባለኻን፣ ምምሕያሽን ክኾነካ ኣብ ረብሓካ ኣዉዕሎ።

ነቲ ንናይ ፍቕሪ ጐይታ፣ ዘለኻ ክብሪ ብፍቅሪኻ ግለጸሉ፤ ንመስቀልን ቅዱሳን ኣሳእልን ሰዓም፣ ብዕምባባታት ሰልሞ። ንኽፍኣት ብስቕታ ስዒርካ፣ ነቲ ሰናይኻ ከምዝዉሕዝ ግበሮ። ብፍቕሪ ዝገብርካዮ ዘበለ ዓስቢ ኣለዎ፣ ፍቕርካ ዝያዳ ምስ ትገልጸሉ ድማ፣ ዝያዳ በረኸት ይበዝሓልካ፣ ናይ መንፈሳዊ ግብሪ ዕላማ ድማ እዚ`ዩ። ዓቢ ዉሕጅ፣ ዓቢ ሩባ ይፈጥር`ዩ እሞ፣ ብዙሕ ፍቕሪ ዉን ብዙሕ ባርኮት የዉህብ።

እምበኣር ንስጋዊ ኣካልካ ኣብ መንፈሳዊ ቅልስኻ መታዓይይቲ ግበሮ። ስጋኻ ቅጽዓያ፣ ካብ ፍትወት ዓለም ዉን ሓራ ግበራ። ኣብ መከራኻ ከም ትሓብር ግበራ። ትሕትና ዲኻ ክትመሃር ትደሊ፣ ስለዚ ንስጋኻ ዉን ከም ትሰግድ ግበራ። ንበይንኻ መዓልታዊ ስገድ፣ ግንባርካ ኣብ ባይታ ኣተንክፎ፣ መሊስካ ዉን ክርስቶስ ከም ዝመሓረካ መዘካኸሪ ክኸውነካ፣ ቅንዕ ኢልካ ተንስእ።

ብተደጋጋሚ ትእምርተ መስቀል ጌርካ ገጽኻ ኣማዕትብ፣ እዚ ቃላት ዘይብሉ ሓያል ጸሎት እዩ። ትእምርተ መስቀል ማለት ብሓጺሩ ቃላት ከየናዋሕካ፣ ኣብ ህይወት ክርስቶስን ስቕለቱን ምሕባር እዩ። እዚ ሕብረት ምጉርምራም ዝረሓቐ፣ ብፍቓደኝነት ዝግበር ኣምልኾ እዩ፣ በዚዉን በረኸት ካብ ስሉስ ቅዱስ ትቕበል። ትእምርተ መስቀል ንጸላኢ ሰናያት ዘሳጉግ መሳርሒ እዩ፣ ስለዚ ነዚ መሳርሒ ብቕጻሊን ብርድኢት ተጠቐመሉ።

ኣዕኑድ ናይ ሓደ ገዛ እንድሕሪ ዘይቆይሙ፣ ተሃኒጹ ኢልና ክንድምድም ኣይከኣልን። እቲ ሓያል ሰብ ጥራይ እዩ፣ ግዳማዊ ሓገዝ ዘየድልዮ። ንስኻ ግና፣ ሓያል ዲኻ? ልዕሊ`ቶም ድኹሟት ድኹም`ዶ ኣይኰንካን? ገና ህጻን`ዶ ኣይኰንካን

## 23. ኣብ እዋን ጸላም

ከምቲ ኲነታት ኣየር ካብ ሰግለለት ናብ ጸሓያዊ ኲነት፣ ተመሊሱ ድማ ናብ ዝናባዊ ኲነታት ኣየር ዝቕየር፤ ባህሪይ ወዲ ሰብ ዉን ከምኡ እዩ። ደበናታት ክዉሕዙ ምስ ጀምሩ፣ ጸሓይ ክትሽፈን ምኽና ርዱእ እዩ። ቅዱሳን ዉን ከይተረፉ ናይ ጸላም ግዜ፡ መዓልታትን ሶሙናትን ኣለዎም። ኣብ ከምዚ ኲነት ክኣትዉ እንከለዉ፣ "ኣምላኸይ ራሕሪሑኒ" ይብሉ። እዚ ዉን፣ ብዘይ ረድኤት ኣምላኽ፣ ዋላ ሓንቲ ክእለት ከም ዘይብሎም ምእንቲ ክዝክሩ እዩ።

ሰብ ብዘይ ረድኤት እግዚአብሔር፣ ድኹም ፍጥረት እዩ። ሓደ ሰብ ብተደጋጋሚ ፈተናታትን ጥርጣረን ምስ ዘጋጥሞ፣ ናብ ከምዚ ዓይነት ናይ ጸላም ግዜ ክሸመም ግድን እዩ። እዚ ከምዚ ኲነት፣ ዋላ ሓንቲ ረብሓ ዘይብሉ፣ ትርጉም ኣልቦን፣ ብላሽን ይመስል ይኸዉን፤ ኮይኑ ግና ብኣገባብ እንድሕሪ ቀሪብናዮ፣ ዋላ ነዚ ከምዚ ዓይነት ግዜ ኣብ ረብሓና ከነዉዕሎ ንኽእል።

ኣብነት ናይ ቅድስት ማርያም ግብጻዊት እንድሕሪ ስዒብና፣ ነዚ ናይ ጸላም ግዜ ክንስዕሮ ይኽኣል። ነቲ ኣብ እስክንድርያ ዝነበራ ናይ ሓጢኣት ህይወት ሓዲጋ፣ ኣብ ስግር ዮርዳኖስ ዘሎ በረኻ ባሕታዊት ኮይና ንኣርባዓን ሸሞንተን ክትነብር እንኰላ፣ ብዙሕ ፈተናታት የጋጥማ ነበረ።

ነቲ ናይ ቀደም ሓጢኣትን ፍትወትን ዘዘኻኽር ብዙሕ ተዘክሮታት እንዳተመላለሰ ይፍትና ነበረ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ፈታናታት ግና፣ ኣብ ባይታ ወዲቓ፣ ናብ ኣምላኽ ትጠርዕ ነበረት። ረድኢት እግዚኣብሔር ኣምላኽ ኣንዳሓተተት ዉን ትበኺ ነበረት፣ ልባ ብትሕትና ክሳዕ ዝምላእ ዉን ኣይተቛርጽን። ቀዳሞት ዓመታት ኣዝየን ኣጸገምቲን ፈተንትን ነበራ፣ ብዙሕ መዓልትታት ዉን ኣብ ሑጻ ደቂሳ ተሕልፎ ነበረት። ድሕሪ ናይ 17 ዓመት ገድሊ ግና፣ ዕረፍቲ ተረኺበ፣ ሓርነት ዉን ተዋህበት።

እምበኣር ከምዚ ዓይነት ኲነት ከጋጥምካ እንከሎ ጽናዕ፣ ተዓገስ። ናብ ማሕበራዊ ህይወት ክትምለስ ወይ ክትዘናጋዕ ኣይትድለ። ብዛዕባ ገዛእ ርእስካ ዉን ኣይትሕለ፣ ንገዛእ ርእስኻ ዉን ከተዘናግዕ ኣይትፈትን፣ እኳደኣ ናብ ጐይታ የእዊ፣ ብኽ። ***"ዎ ኣምላኽ፣ ንምድሓነይ፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ ንምርዳኤይ ቀልጥፍ።"/መዝ 70/ "ተዓጽየ፣ ምውጻእውን ስኢነ ኣሎኹ።"*** /መዝ 88፥8/ በሎ።

ሓቀኛ ረድኤት እንትርፎ ካብ ጐይታ ካብ ካልእ ኣይርኸብን። ንግዚያዊ ፈተናታት ክትብል፣ ዕላማካ ኣይትስሓት። ትዕግስቲኻን ጽንዓትካን ትፍተን ስለዘላኻ፣ ርእስካ ግታእ። ተጻዊርካ ነዚ ፈተና እንድሕሪ ሰጊርካዮ ድማ፣ ንኣምላኽ ኣመስግን። እንድሕሪ ወዲቕካ ድማ፣ ከይዶንገኻ ተንስእ፣ ምሕረትን ይቕሬታን ሕተት። ዝግብኣካ ከም ዝተቐበልካ ዉን ሕሰብ፤ ዉድቐትካ ባዕሉ መቕጻዕትካ እዩ። ኣብ ገዛእ ርእስኻ ብዙሕ ስለዝተመካሕካ፣ ዓስቢ ትምክሕትኻ ዉድቐት ኣጋጠመካ። እዚ ዉን ተሞክሮ ይኮነካ`ሎ፣ ስለዚ ነዚ ዕድል ስለዝተዋህበኻ ኣመስግን።

## 24. ካብ ዘኬዎስ ንረኽቦ ትምህርቲ

እምበኣር ሕጂ፣ ንስኻ ልክዕ ከም ዘኬዎስ ንጐይት ክትርኢ ኣብ ገረብ ሓኹርካ (ደዪብካ) ኣሎኻ/ሉቃ 19/። ነታ ገረብ ዝሓኾርካያ ብሓሳባት በይኑ፣ ወይ ብስምዒት ኣብ ኣእምሮ ጥራይ ኣይኰነን። ንስኻ ሰብ ኢኻ ኣካል ድማ ኣሎኻ፣ ስለዚ ከም ዘኬዎስ ሕሊናኻን ጉልበትካን ኣወሃሂድካ ንሓይሊ መሓዉርካን ምድራዊ ነገራትን ተጠቂምካ ካብ ባይታ ናብ ገረብ ደዩብካ። እምበኣር ብፍርሕን ዕሽነትን፡ ናብ ድሕሪት ብምጥማት ዘይኰነስ፣ እንታይ ደኣ ብርድኢትን ዕላማን፤ ኲሉ ነገር ኣብ ግምት የእቲኻን ኣስተዉዒልካን፣ ድኹምን ሓያልን ጎንኻ ገምጊምካን፣ ናብዛ ገረብ ካብ ሓኾርካ፣ ብሓቂ ንስኻ ነቶም ንጐይታ ከቢቦሞ ዝነበሩ እኩባት ሰባት ማለት ምድራዊ ሓሳባት ሓዲግካ ንጐይታ ክትርኢ ዝበቃዕኻ ኢካ፣ እዚ ዉን ዓቢ ዕድል እዩ።

ኣብዚ ናይ ምሕዃር መስርሕ፣ ሓደ ነገር ንፋልማይ ክትዕዘብ ኢኻ፤ ንሱ ድማ እቲ ኣባኻ ዘሎ ጸላም ጐኒ ማለት ድኹም ጐኒ ክትርእዮን ክትፈልጦስ ትጅምር። ድሕሪ ደጊም ከምቲ ቀደም ናብ ምዝንጋዕ፣ ሳዕስዒትን ዳንኬራን ዉን ቅልጥፍ ኢልኻ ምኺድ ከተቋርጽ ኢኻ።  ብሓቂ ሰብ ማለት እንታይ ምኻኑ ዉን ቅሩብ ክርድኣኻ ይጅምር። ቀደም ህይወትኻ ከም መዓልቦኣ ዘይንጹር ወይ ዉን መራሒ ከም ዘይብላ ጃልባ ነበረት፤ ሕጂ ግና መዓልቦኣ ፈሊጣን፣ ትርጉምን ዕላማን ህይወትን ተረዲኣን ኣላ። ናብቲ ዕላማ ክትበጽሕ ዉን ድሮ ብሓጎስ ተበጊስካ ኣለኻ። ኰይኑ ግና ንስኻ፣ ኣብቲ ዓቢ ዉቅያኖስ፣ ንኢሽተይ ጃልባ ኢኻ። ነዚ መገሻ ብቅኑዕ መንገዲ እንድሕሪ ጀሚርካዮ፣ ንመጀምርታ ግዜ ጃልባኻ ኣዝያ ንኢሽተይ ምኻናን፣ ንስኻ ዉን ኣዚኻ ድኹም ምኻንካ ከተስተዉዕል ኢኻ።

*"ሓሳብና ሰናይ እንድሕሪ ኰይኑ፣ ኣምላኽ ባዕሉ መራሒና ክኸዉን እዩ"* በለ ቴዮፊላክት ዝተባህለ ኣቡን ካብ ቡልጋሪያ። ጐይታ ነዘኬዎስ *"ሎሚ ኣብ ቤትካ ክዉዕል ይግብኣኒ እዩ እሞ ቀልጢፍካ ዉረድ"* በሎ፣ ነብስኻ ኣትሕት ማለቱ እዩ /ሉቃ 19፥5/። ኣብ "ቤትካ" ኢብሎ ከሎ ኣብ ልብኻ ይብሎ ከም ዘሎ ክንርድኦ ይከኣል። ጐይታ በለ፣ ብሓቂ ንዓይ ምእንቲ ክትርኢ፣ ብልብኻ ክሓልፍ ከለኹ ምልኣት መንነተይ ምእንቲ ክትርዳእ፣ ንኹሉ ምድራዊ ፍትወታት ስዒርኻ ኣብ ገረብ ደየብካ። ሕጂ ግና ቀልጢፍካ ካብቲ ገረብ ዉረድ፣ ምኽንያቱ ኣብኡ ኣብ ላዕሊ ነዊሕ ሰዓት እንድሕሪ ጸኒሕካ፣ ልዕሊ ሰባት ዝኾንካ ከይመስለካ፣ ትዕቢት ከይሓድረካ፣ ስለዚ ዉረድ ናብ ታሕቲ፣ ልብኻ ኣትሕት። ኣነ ኣብ ልቢ ትሑታት እየ ዝሓድር። ሽዑ ዘኬዎስ *"ቀልጢፉ ወረደ፣ ተሓጒሱዉን ተቐበሎ"* /ፍቕዲ 6/።

ሓለቓ ተገዉቲ ዘኬዎስ ንጐይታ ምስ ተቐበሎ፣ ቀዳምነት ዝገብሮ ነገር፣ ነቲ ኹሉ ሃብቱ ንካልኣት ምሃብ ነበረ። ፍርቂ ሃብቱ ብቀጥታ ንድኻታት ሃበ፣ ነቲ ዝተረፈ ድማ፣ ነቶም ዝያዳ ብምዉሳድ ዝዓመጾም ሰባት ኣኣርባዕተ ዕጽፊ እናገበረ ነቲ ዚወሰደሎም መለሰሎም። *"ዘኬዎስ ወዲ ኣብራሃ እዩ"*/ፍቕዲ 9/፣ ንቃል ጐይትኡ ሰሚዑ ካብቲ ነፍሰ ፍትወትን፣ ትምኒትን ዝነገሶ ሃገሩን ቤት ኣቡኡን ተፈልዩ ወጽአ /ዘፍ 12፥1/።

ዘኬዎስ ሓደ ዓቢ ነገር ተማሂሩ ኣሎ። እታ ንክርስቶስ እተቐበለት ልቢ ካብ ኹሉ ነገር ናጻ ክትኸዉ ኣለዋ። ካብቲ ብዓመጽ ዝኻዕበተ ንብረትን ሃብቲን፣ ካብ ፍትወት ስጋን ፍትወት ኣዒንቲን ንብረት ትዕቢትን /1ይ ዮሃ 2፥16/ ሓራ ክትኸዉን ከምዚግባእ ዘኬዎስ ተረዲኡ። ንሱ፣ ኣብዚ ምድሪ ሃብታም ምኻን፣ ኣብ ሰማያት ድኻ ምኻኑ ተረዲኡ። *"ብስጋ ሃብታም ምኻን ብመንፈስ ድኻ ምኻን እዩ"* ከም ዝበለ ቅ. ዮሃንስ ኣፈወርቅ። ሃብታምሲ፣ ድኽነት እንተዘይህልዎ፣ ክንድዚ ዝኣኽል ሃብቲ ኣይመጥረየን?

ከምቲ ሕማም ምስ ጥዕና ርክብ ዘይብሉ፣ ፍቕሪ ምስ ሃብቲ ዉን ክሓብራ ኣይክእላን። ቅ.ይስሓቅ ሶሪያዊ ከምዚ በለ *"እቲ ንደቂ ሰባት ዘፍቅር(ንብጻዩ ዘፍቅር)፣ ኲሉ ዘለዎ ሃብቱ ብዘይ ቅድመ ኩነት ንድኻታት ይዕድል"*። ባህርያት ፍቕሪ ከምዚ እዩ። ምኽንያቱ ብዘይ ፍቕሪ ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ምእታዉ ኣይከኣልን። ዘኬዎስ ዉን ነዙ ሓቂ'ዚ ኣስተዉዓለ።

ዉሕድ ምስ ትዉንን፣ ዓይነት ህይወትካ ዉን ኣዝዩ ቀሊልን ጽሩይን ይኸዉን። ኲሉ ተረፍ ነገር ካብ ህይወትኻ ምስ ተኣልየ፣ ልቢ ናብ መስመራ ትኣትዉ። ቀስ ብቀስ ናብ ቀንዲ መስመራ ትሕዝ። ኣብኡ ድማ ናብ ሰማያት ዘብጽሕ መሳልል ኣሎ።

ሽዑ ምጽላይ ጸሎት ዉን ዝቐለለ ይኸዉን፣ ብሙሉእ ልቢ፡ ብተመስጦን፡ ብሙሉእ ሓይሊን ክጽለ ይጅምር። እቲ ጸሎት ዉን ዕምቈት ኣለዎ። ቀንዲ ሕመረት ናይዚ ጸሎት ድማ፣ ናይ ምሕረት ጸሎት ምቕራብ ይኸዉን።

ምኽንያቱ እቲ ሓጥእ ኣረ `ቲ ሓለቓ ሓጥኣን (1ይ ጢሞ 1፥15)፣ እግዚኣብሔር ኣብ ልዕሊኡ ምሕረት ከዉርደሉ ካብ ምጽላይ ሓሊፉ ካልእ እንታይ ድሌት ኪህልዎ ይኽእል? ገለ ኪዉፍዮ ዚኽእል ነገር ኣለዎ ድዩ? እዚ ሓለቓ ሓጥኣን እዚ ናይ ገዛእ

ርእሱ ሓይሊ፣ ወይስ ፍቓድ ወይ ርግኣት ኣለዎ? ብርእሱ ገለ ነገር ከስልጥ ይኽእል`ዶ? ዝኾነ ኣፍልጦ`ዶኸ ኣለዎ? እዚ ዋላ ሓንቲ ነገር ዘይዉንን ሰብ ገለ ነገር`ዶ ኸ ይርድኦ? ዘቕልበሉን ዘስተዉዕሎን ዚግንዘቦ ናተይ ዚብሎ ነገርሲ ኣሎዶ?

ዋላ ሓንቲ ነገር ዝዉንኖ የብሉን፣ ምኽንያቱ ሓጢኣት ባዶነት እዩ፣ ዋላ ሓንቲ ነገር ዘይምዉናን እዩ። ሓጢኣት ህላወ ስለዘይብሉ፣ ባዶነት እዩ። ሓጢኣት ባዶነት፣ ኣልቦነት፣ ጸላም፣ ክሕደት፣ እዩ። እዚ ከምዚ ዓይነት ሓጥእ፣ ኣብ ከምዚ ዝበለ ባዶነት የዕርፍ።

እምበኣር ሓጥእ ንነብሱ ብኽምዚ ኣገባብ እዩ ዝጥምታ። ዋላ ሓንቲ ዘይብሉ፣ ባዶ ሰብ ጌሩ ንነብሱ ይጥምታ። ዝያዳ ዉሑድ ዝዉንን፣ ዝያዳ ሃብታም እዩ። ዋላ ሓንቲ ዝዉንኖ ስለዘይብሉ፣ ገዝኡ ባዶ እያ። ባዶ ማለት፣ እታ ገዛ ብሓላፊ ጠፋኢ ንብረት ዘይተመልአት ጽርይቲ ክፍሊ እያ። እዛ ባዶ ክፍሊ ግና በንጻሩ፣ ብምልኣት ዘለኣለማዊ ህይወት፣ ብብርሃን፣ ብፍቕሪ ኣምላኽን ምሕረትን ተመሊኣ ኣላ። ኣብዛ ገዛ ጐይታ ከም ጋሻ ሓዲሩ ኣሎ።

ግና ከመይ ኢሉ እዩ እዚ ሓጥእ ንጐይታ ኪቕበል ዚበቅዕ? ከመይ ጌሩ ኣብ ጸልማት ህይወት እንከሎ፣ ኣምላኽ ናብኡ ቁሊሕ ኢሉ ክጥምቶ ትጽቢት ዝግበር? እዚ ሰብ`ዚ ዋላ ብዙሕ ጻዕሪ ይጽዓር፣ ነፍሱ ከጽሪያ ይትጋህ፣ ብዙሕ ገድሊ ይጋደል፣ ብዙሕ ሰናይ ተግባር የዘዉትር፣ ክንዲ`ቲ ዝኸኣሎ ቃል ወንጌል ክፍጽም ይጽዓር፣ ይንቃሕ፣ ይጹም፣ ገዛእ ርእሱ ክሒዱ ንጐይታ ይስዓብ፣ ኰታስ ብሓጺሩ ብዙሕ ጽድቒ ይግበር፤ ኩሉ ግዜ ናብ ድሕሪ ምዉዳቕ፣ ናብ ጸያፍ ዋዛ፣ ናብ ባእሲ፣ ክትዕ፣ ትህኪት፣ ዘይዕጉስ፣ ምምራርን፣ ወዘተን ምዉዳቑ ኣይተርፎን። ስለዚ ከመይ ጌሩ ደኣ`ዩ ጐይታ ናብ ከምዚ ዝበለ ክፍሊ መጺኡ ክሓድር ትጽቢት ዝገብር?

እምበኣር ይጸሊ፣ *"ኦ እግዚአብሔር መሓረኒ። ንዓይ ንሓጥእ መሓረኒ። ብሓቂ ንዓኻ ከገልግል ዚከኣለኒ ይገብር ኣለኹ፤ ነቲ ክከናኽኖ ዝሃብካኒ ግራት ልበይ ሓረስክዎ፣ ነተን ማለይ ዉን ኣብላዕክወን /ሉቃ 17፥7-10/። እንተኾነ ኣነ ሓደ ተራ ዘይረብሕ ባርያኻ እየ፣ ብዘይብኣኻ ዉን ዋላ ሓንቲ ክገብር ኣይኽእልን። ስለዚ መሓረኒ፣ ብጸጋኻ ምልኣኒ"* ይበል።

ብዕዮ እምነቱ የሐይል፣ ብጸሎት ድማ ዕዮ ዝዓየሉ ሓይሊ ይረኽብ። ስለዚ ዕዮን ጸሎትን ክልቲኦም ተወሃሂዶም ሓደ ክሳዕ ዝኾኑ፣ ብሓባር ይስጉሙ። ስርሑ ምጽላይ እዩ፣ ጸሎት ድማ ስርሑ እዩ። እምበኣር ቅዱሳን፣ *'መንፈሳዊ ተግባር ወይ ዉን ናይ ልቢ ጸሎት'* ዝብልዎ ነዚ እዩ። ናይ ልቢ ጸሎት ዝበሃል፣ ጸሎተ ኢየሱስ (እግዚኦ መሓረኒ ክርስቶስ) እዩ።

## 25. ጸሎተ ኢየሱስ

<u>ጸሎተ ኢየሱስ</u> ተብሂሉ ዝፍለጥ ጸሎት፣ ብሓፈሻ *"ምህለላ"*፣ ወይ ዉን "እግዚኦ መሓረነ ክርስቶስ/ ኪርያላይሶን/ኦ ጐይታና ክርስቶስ መሓረና" ኢልና እንጽልዮ ጸሎት እዩ። "ኪርያላይሶን" ግሪካዊ ቃል ኮይኑ፣ ካብ "*Kýrie*" ማለት "ኣምላኽ ወይ ጐይታ" "*eléison*" መሓረና ማለት እዩ፣ Greek: Κύριε, ἐλέησον "Lord, have mercy" "ኦ ጐይታ መሓረና፣ እግዚኦ መሓረነ ክርስቶስ" ማለት እዩ። ብሓባር ክኸዉን እንከሎ፣ ". . . መሓረነ ወይ ዉን መሓረና" ንብል፣ ብዉልዊ ክንጽሊ እንከሎና ድማ ". . .መሓረኒ" ንብል። እዚ ጸሎት ሓጺርን ቀልጢፉ ኣብ ልብኻ ዝኣቱን፣ ምሕረት ካብ እግዚኣብሔር ዘዉህብ ስለዝኾነ፣ መነኮሳት ኣቦታትና "ኩናታዊ ጸሎት" ዉን ይብልዎ። ኩናት ዓሊምካ እንድሕሪ ሰንዲኻያ፣ ኣብታ ዝዓለምካያ ከምትበጽሕ፣ እዚ ጸሎት ዉን ብዕላማ እንድሕሪ ጸሊኻዮ፣ ኣብ መንበረ ጸባኦት በጺሑ፣ ምሕረት ዘዉህብ እዩ። እዚ ጸሎት 12 ግዜ ወይ ዉን 41 ግዜ ክንጽልዮ ይከኣል። "እግዚኦ መሓረነ ክርስቶስ" ድሕሪ ምባልና ዉን ስም ቅዱሳን እንዳወሰኽና "በእንተ ማርያም፣ በእንተ ሚካኤል፣ ገብርኤል፣ ሩፋኤል፣ መላእክት፣ ነቢያት፣ ሓዋርያት፣ ሰማዒታት፣ ጻድቃን፣ ሰንበት. . . መሐረነ ክርስቶስ" እንዳበልናን ከምኡ ዉን ስም ቅዱሳን እንዳእተና ናይ ኣማላድነት ጸሎት ከነብጽሕ ንኽእል። ንኣብነት "በእንተ ኣትናቴዎስ፣ ዮሃንስ፣ ቄርሎስ፣ ዲዮስቆሮስ. . . ወዘተ. መሓረነ ክርስቶስ" ክንብል ዉን ይኽኣል።

መበገሲ ናይዚ ጸሎት፣ ኣብ ሉቃስ ወንጌል ምዕራፍ 18 ዘሎ፣ ካብ ፍቕዲ 1-8 ዘሎ ጐይታ ዝሃቦ ምስላ እዩ። *"ከይቀበጹ ኹሉ ሳዕ ኪጽልዩ ኸም ዚግብኦም ድማ፡ ብምስላ ተዛረቦም፡ ከምዚ ኢሉ፡ ኣብ ሓንቲ ኸተማ፡ ንኣምላኽ ዘይፈርህ ንሰብ ድማ ዘይሐፍር ፈራዲ ነበረ። ኣብታ ኸተማ እቲኣ ድማ መበለት ነበረት፡ ናብኡ እናመጸት ከኣ፡ ምስ እዚ መባእስተይ ፍትሒ ኣውጽኣለይ፡ ትብሎ ነበረት። እናኣበያ ኸኣ ሓያሎ መዓልቲ ኣደንጐየ። ድሕርቲ ግና ብልቡ፥ ኣምላኽ እንተ ዘይፈራህኩ ሰብውን እንተ ዘይሐፈርኩ፡ እዛ መበለት እዚኣ ላሕ ኣቢላትኒ እያ እሞ፡ መመሊሳ እናመጸት ከይተሰልክየንስ፡ ፍትሒ ደኣ ኸውጽኣላ፡ በለ። ጐይታ በለ፥ እዚ ዓመጸኛ ፈራዲ ዚብሎ ዘሎ ስምዑ። ኣምላኽዶ ግዳ ነቶም ለይትን መዓልትን ናብኡ ዚጠርዑ ሕሩያቱ ፍትሒ ኣየውጽኣሎምን እዩ፤ ይጽመምዶኸ፤ ቀልጢፉ ፍትሒ ኸም ዜውጽኣሎም፡ እብለኩም ኣሎኹ።"*

እዚ ክፋል ወንጌል ዝምህረና፣ ብቀጻሊ ኣምላኽ ክምሕረና፣ ይቕረ ክብለናን፣ ደጋጊምና ከየዕረፍና፣ እንድሕሪ ለሚንናዮ፣ ኣምላኽ ከምዝምሕረና እዩ። እዚ ንሰብ ዘይፈርህ ምድራዊ ጨካን ዳኛ፣ 'ንኣምላኽ እኳ እንተዘይፈርህ፣ ሰብ ዉን

እንተዘይሓፈረ፣ ግን ላሕ ምእንቲ ከይተበሎ' ብምባል፣ ንሱ ንከዕረፍ፣ ፍትሒ ኣዉጺኡላ። ጐይታ፣ ንሕና ምድራዉያን ስለዝኾንና፣ ብምድራዊ ዳኛ ጌሩ ኣረዲኡና። እምበር ኣምላኽ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ጨቃን ኣይኮነን፣ ግን ቀንዲ ሕመረት ናይዛ መልእኽቲ፣ ከየቋረጽካ ምጽላይ እዩ። ከየዕረፍካ፣ 'ኣምላኽ ኦሮማይ ኣይምሕረንን' ከይበልካ፣ ብቐጻሊን፣ ሓጢኣትኻ ኣሚንካ እንድሕሪ፣ ብተደጋጋሚ "ኦ ጐይታይ ኢየሱስ ክርስቶስ ወልደ እግዚኣብሔር ንዓይ ንሓጥእ መሓረኒ" እንዳበልና እንድሕሪ ጸሊና፣ ብርግጽ ኣምላኽ እሙን እዩ፣ ክምሕረና እዩ።

እዚ ጸሎት እዚ፣ 41 ግዜ ይበጽሕ። እተን 39 ግዜ ኣብ ዝባን ጐይታ ዝዓለባ፣ ግርፋት ክኾና እንከለዋ፣ እተን ክልተ ድማ፣ ኣብ ርእሱ ብዘንጊ ዝተሃርሞን፣ ዝጸፍዕዎን፣ ንምዝኻር እዩ። ብድምር 41 ግዜ ንብለን። እዚ ማለት ግና፣ በዚ ተሓጺሩ ይተርፍ ማለት ኣይኹነን፣ 100 ግዜ፣ ተኺእልና ዉን 300 ግዜ፣ ከም ዓቕምና ቁጽሩ ብዘየገድስ፣ ብልቢ መጠን እቲ ዝኸኣልናዮ፣ ከነብጽሕ ጽቡቕ እዩ። እዚ ጸሎት`ዚ ስግደት ምስ ዝሕወሶ ዝያዳ ኣድማዒ ይኸዉን።

ኣብ መወዳእታ ሳልሳይ ክ/ዘ ዝነበረ፣ መስራቲ ማሕበር መነኮሳት፣ ቅዱስ ጳቅሙዮስ ነቶም ኣብቲ ግዜ ዝነበሩ ምፍቃድ ቁጽሪ ዘይኽእሉ ዝነበሩ ገዳማዉያን ኣቦታት፣ ሓገዝ ምእንቲ ክኾኖም፣ 41 መቑጸሪን፣ ኣብ ጫፉ ድማ መስቀል ዘለዎ መቑጸርያ ሰሪሑ ከም ዝሃቦምን፣ ካብቲ ግዜቲ ጀሚሩ ክሳብ ሕጂ፣ ነዚ መቁጸርያ ንጥቀመሉ ኣለና። ኣብ ግዜና ዝተፈላለየ ቁጽሪ ዘለዎ መቑጸርያ ንረኽብ። 33 ብናይ ጐይታ ምድራዊ ዕድሚኡ፣ 41 ብዝተቀበሎ መኸራ ሕማማት፣ 64 ብዕድመ ቅድስት ድንግል ማርያም፣ 100ን 300ን ዝሓዘ መቑጸሪያ ኣሎ። ኣብ ቤተክርስቲያን ፍትሓት ክወሃብ እንከሎ፣ ነተን ኣብ ኣርባዕተ ኣጻብዕትና ናይ መተዓጻጸፊ ዘለዋ ሰለስተ መሳመራት ብሙቕጻር 12 ግዜ "እግዚአ መሓረና ክርስቶስ" ንብል።

ኣብ ግብጺ ኣበምኔት ዝነበሩ ባሕታዊ ቅዱስ ኣባ ኢሳይያስ ነዚ ጸሎት`ዚ "*ናይ ኣእምሮ መስትያት፣ ናይ ሕሊና ፋኑስ እዩ*' ብምባል ይገልጽዎ። ካልኦት ኣቦታት ዉን፣ ኣብ ሓደ ጽሙው ዝበለ ገዛ ብዘይምቁራጽ ዝስማዕ ድምጺ ጸሎት ብምባል ይገልጽዎ። ኣብ ሓደ ገዛ፣ ሰረቕቲ ምእንቲ ክዝርፉ ኢሎም ናብ ቤት ሶሊኹም ይኣትዉ እሞ፣ ድምጺ ናይ ሰባት እንድሕሪ ሰሚዖም ሃዲሞም ይሞልቁ። ቤት ዝተባህለት፣ ልቢ እያ፣ ሰረቕቲ ዝተባህሉ እኩያት ኣጋንንቲ እዮም። ንነፍሲ ምእንቲ ክዝርፍዋ ክቐርቡ እንከለዉ፣ ድምጺ ናይቲ ብጸሎት ዝነቕሐ ሰብ ይሰምዑ`ሞ ከም ትኺ ይጠፍኡ ይሃድሙ። ጸሎት ቤትና እንሕልወሉ መሳርሒ እዩ፣ ግን እቲ ሓላዊ ኣነ ኣይኾንኩን፣ ክርስቶስ ደኣ እምበር።

ሓደ ሰብ መንፈሳዊ ተግባራት ምስዘዘዉትር፣ ንክርስቶስ ኣብ ነፈሱ የወሃህዶ። ሓደ ካብቲ ንክርስቶስ ምስ ህይወትና ከነሕብረሉ ንኽእል መዳይ ድማ፣ ጸሎት እዩ። ኲሉ ግዜ ንእግዜኣብሔር ጐይታና ንዝኽሮ እንድሕሪ ኮይንና፣ ንሱ ድማ ኣብ ልብና፡ ኣብ ነፍስና፡ ኣብ ሕሊናና፡ ኣብ ህይወትና ይወሃሃድ፣ ይሓብር። *"ኣነ ደቀስኩ፡ ልበይ ግና ነቕሔ"* /መሃልየ 5፥2/። ኣነ ደቂሰ ኣለኹ፣ ልበይ ግና ብጸሎት ነቒሓ ጸኒዓ ኣላ፣ ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ፣ ኣበ ሰማያዊ ህይወት፣ ብክርስቶስ ጸኒዓ ኣላ። መሰረት ህላወ ዝኾነት ልቢ፣ በቲ ምንጫ ህይወታ ዝኾነ ኣምላኽ ጸኒዓ ትነብር።

ናብዚ ደረጃ እንበጽሓሉ ጸሎት ከኣ እዚኣ እያ፣ ***"ኦ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ወልደ እግዚኣብሔር ንዓይን ንሓጥእ መሓረኒ"***። ልብና ካብ ኲሉ ነገራት ኣጽሪና፣ ብርግኣትን ከይተሃወኽና ቀሰይ ኢልና፣ ብሙሉእ ቀልብና፣ ብሓሳብና ዓዉ ኢልና፣ ደጋጊምና ነዛ ጸሎት ንበላ። ዓለማዊ ነገራት ጥራይ ኣይኮነን ክንሓድግ ዘለና፣ እንታይ ደኣ እንኮላይ፣ ብሓሳብካ እትገብሮ ዕላል፡ ናይ ጾታዊ ፍቕሪ ሓሳብ፡ ብዛዕባ ብልዒ፡ ሓሳባዊ መጎተ፣ ሕልማዊ ሓሳብ፡ ሕልሚ ቀትሪ፡ ዝርብሻ ሕቶታት ነዚአን ዝምኣመሰላን ክንሓድግ ይግባእ። ትሕትናን፣ ቅንዕናን ብምሓዝን፣ ጾም ብምዉሳኽን፣ ብዝርአ ነገራት ካብ ዝቃለሰና ነገራት ርሒቕና ክንጽሊ ጽቡቕ እዩ።

ኣብዚ ግና ጥንቃቐ ከድልየና እዩ፣ ብፍላይ ጀመርቲ ሰባት ንጸሎት ከም ብሓሳብ ጥራይ ዝፍጸም ነገር ጌርኩም ከይትሓስብዎ። ጸሎት ግብሪ እዩ። ብስራሕ ዝትርጎም እዩ። በዚ ኣቢልና ኽኣ ህላወ ሓይሊ ኣምላኽ ኣብ ህይወትና ይበዝሕ። ብፍላይ ኣባና ኣብቶም ብስሙ ዝተጠመቕና ሰባት፣ እዚ ሓይሊ እዚ ሕቡዕ ይምሰል እምበር፣ በዚ ጸሎት`ዚ ህላወ ጻጋ ኣምላኽ ኣብ ህይወትና ይገሃድ`ሞ፣ ፍረ ድማ ከነፍሪ ኢና። ጸሎት ኣብ ነፈስና መንፈሳዊ ፍረ ከምዚፈሪ ዝገብር ሓይሊ እዩ፤ ካልእ ዕላማ የብሉን። ኣካዉሕ ዘፍርስ ሞደሻ እዩ፣ ሓይሉ ድማ ብርቱዕ እዩ። ኲሉ ሓሳባት ፍትወታት ግደፎ፣ ሰማያት ዝእዉጅዎ ድምጺ ዉን ስማዕ። ናብ መንግስቲ ኣምላኽ (ሰማያት) ንበጽሓሉ መንገዲ ሓንቲን እንኮን ጥራይ እያ፣ ንሳ ኸኣ መንገዲ መስቀል እያ። ኣብ መስቀል ተሸንኪርካ ምስቃል ኣዝዩ ብዙሕ መከራ ዘለዎ፣ ሕማም እዩ። ሕማምን መከራን ክገጥመካ እዩ፣ እምበኣር ንስኻዉን ልዕሊ`ዚ ዋላ ሓንቲ ኣይትጸበ።

ርእስኻ ምግታእ ኣብ ዝብል መስቀል፣ ብልሙድን፣ ቀጻልነት ብዘለዎ መስማር ስነ-ስርዓትን ጸኒዐን ንኽነብራ፣ ስጋኻ ሸንኪርካ ሰቕልካያ ኣለኻ። ናይ ሓሳብን ሕልማዊ ህይወትን ብትሪ ክትቆጻጸሮ ይግባእ። ብጸሎት፡ ብመጽሓፍ ቅዱሳዊ ቃላት፡ ብመዝሙራት፡ ጽሑፋት ቅዱሳን ኣቦታት ብምንባብን፣ ኣጽኒዕካ ሸንክረን። ሓሳባትኻ ከም ድሌቱ ክመላለስ ኣይትፍቀደሉ።

ሓሳባትካ ከም ድሌቱ ክመላለስ ትፈቕደሉ እንድሕሪ ኮይንካ፣ ዕላማ ኣብ ዘይብሉ ሕልማዊ ዓለም ትነብር ኣለኻ። ግብሪ ዘየሰንዮ ሓሳባት እንድሕሪ ተመላሊሱኻ፣ ተቐላጢፍካ ብጸሎት እሰሮ።

ንሓሳባትካን ሕልማዊ ፍትወትኻን ምቕጽጻር ልመድ፣ ከምቲ ንሓደ ከልቢ ስነ-ስርዓት ምሂርካ ተላምዶ፣ ከምኡ ዉን ንሓሳባትካ ምግታእ ተላመድ። ንከልቢ ክትምህሮ እንከለኻ፣ ኣብ ድሌቱ ክኸይይ፣ ንጐሓፍን ንገዛን ከዘርግ፣ ኣይትፈቕደሉን። ከምኡ ዉን ሓሳብኻ ናብ ድሌቱ ክሕንብስ ኣይተፍቕደሉ፣ ካብቲ ግቡእ ከይወጽእ ኣሲርካ ሓዞ። ነዚ ነገር ድማ ደጋጊምካ ግበሮ፣ ሓንሳብ ጥራይ ጌርካ ሱቕ ኣይትበል፣ ኩሉ ግዜ ከምኡ ግበር። ***"ሓሳብካ እንድሕሪ ዘይገቲእካዮ፣ ብዋንኡ ዘይኰነስ ብካልእ ኣካል ዝምራሕ ፈረስ ተቐይርካ ኣለኻ ማለት እዩ፤ ክሳብ ትንፋሱ ትምልቕ ይኃዱ እሞ ኣብ መወዳእታ ድማ ይመዉት"*** ይብል ቅዱስ እንጦንስ ኣበ መነኮሳት።

ነገራት ኩሉ ብጥንቃቐ ግበሮ፣ ኣይትተሃወኽ። ንሓደ ዛዕጎል ኣትሪርኻ እንድሕሪ ሃርምካዮ፣ ነቲ ተሪር ቕራፍ ጥራይ ዘይኸውን፣ እንኮላይ ነቲ ኣብ ዉሽጡ ዘሎ ህይወት ትጎድኦ። ስለዚ ናብ ጸሎተ ኢየሱስ ብታህዋኽ ኣይትዝለል። "እግዚኦ መሓረነ ክርስቶስ" ጥራይ ትብል ቃል ንምድጋም ኣይትተሃወክ። ኹሉ ግዜ ምስ ካልኦት ጸሎታትኻ ሓዉሶ፣ ቅድሚን ድሕሪን ጸሎተ ኢየሱስ፣ ካልእ ጸሎት ግበር። ልዕሊ ዓቕምኻ ሃረር ኣይትበል። ሙሉእ ኣድህቦኻ ሂብካ ክትጽሊ ይ ክኸብደካ ምኽኑ ዘኽር፣ "እግዚኦ መሓረነ ክርስቶስ" ትብል ጸሎት ብሙሉእ ኣድህቦኻ ክትጽሊይ ክኸብደኻ እዩ። ሰብ ስለዝኾንካ፣ ኩሉ ግዜ ሓሳብኻ ክስረቕን፣ ክትርበሽን ኢኻ። እቶም ኣብ ሰማያት ዘለዉ መላእኽቲ ጥራይ እዮም ገጽ እግዚኣብሔር ኣቦ፣ ኩሉ ግዜ ዝርእይዎ(ማቴ 18፥10)።

ንስኻ ግና በንጻሩ ምድራዊ ሰብነት ኣለኻ፣ እዚ ሰብነት ዉን ድሌታት ኣለዎ። ስለዚ ብዙሕ ላዕሊን ታሕቲን ክጋጥመኻ እዩ። ምናልባት ንሓደ ሰዓት ወይ ንሓደ መዓልቲ ወይ ዉን ንሓደ ወርሒ ወይ ዓመት ዝኸዉን ጸሎት ከይገበርካ ተሕልፈሉ ኣጋጣሚ ክፍጠር ይኽእል። ከምዚ ክጋጥመካ እንከሎ፣ ኣመና ኣይትሕዘን፣ ንምንታይ ከምዚ ጌረ ኢልካ ዉን ናብ ሰማያት ኣይትወጭጭ፣ እኳደኣ በንጻሩ ተሞኩሮ ዝዉሕደካ ገና ጀማሪ ምዃንካ ዘክር፣ እዚ ነገር ዉን ክጋጥም ዝኽእል ባህሪያዊ ምኽኑ ተረዳእ። ንስኻ ገና ጀማራይ ባሕረኛ ኢኻ፣ ኣብ ባሕሪ ብትርእዮ ነገራት ኣዚኻ ስለትምሰጥ፣ ነቲ ዘጋጥመካ ማዕበል ፈተናታት ኣይተስተዉዕለሉን። ምኽንያቱ ሓሳባትካ ኣብ ካልእ ስለዝጽመድ፣ ናይ ምስትዉዓል ዓቕምካ ድኹም ይኸዉን፣ ዘጋጥመካ ማዕበላት ዉን ክስዕሩኻ ይኽእሉ። እምበኣር በዚ ትገብሮ ዘለኻ ጻዕሪ ብዙሕ ነገር ክትረኽብ ኣይትጸበይ። ካልኦት ዉን ክገብሩልካ ኣይትጸበይ።

ትኩር ምዃንን ምስትዉዓልን ብጣዕሚ ጽቡቕ እዩ፣ በንጻሩ ዝምቡል ምኻኑ ሓደገኛ እዩ። ጸሎት ትኩር ክትኸዉን ይሕግዝ፣ ነገራት ብንጹር ክትርእዮምን ክትመዝኖምን ይሕግዘኻ፣ ስለዚ ጸሎት ጽቡቕ እዩ። ጸሎት ዘዘዉትር ሰብ ንኹሉ ነገር ብንጹር ይርእይ፣ ኣብ ከባቢኡ ዘሎ ነገራት ይመዝንን፣ ይዕዘብን። ብጸሎት ኣቢሉ ኣብቲ ክትግበር ተሓሲቡ ዘሎ ዕማም ዉን ብርሃን ስለዘብርሃሉ፣ እቲ ዕማም ድማ ቀልጢፉ ይሰልጥ። ጸሎት ዘሰነዮ ተግባር ኩሉ ግዜ ይቀንዕ።

እቲ መንፈስ፣ በቲ ኣባና ዘሎ ንጽህና ኣቢሉ እዩ ዝዓዪ። ንጽህና ክንዕቅብ እንድሕሪ ዘይተጊህና፣ እቲ መንፈስ ኣምላኽ ኣባና ሓዲሩ ኣይክዓዪን። ስለዚ ነዚ ንጽህና ክንዕቅብ ንትጋህ፣ ከምኡ እንድሕሪ ጌርና እቲ መንፈሳዊ ሰብነትና ክዓቢ እዩ።

እንድሕሪ ጸሎት ኣዘዉቲርና፣ ፍቕሪን ትሕትናን ምስጋናን ስለዝህልወና፣ ካብ ጋሂ ናጻ ኮይንና ቅሳነት ንረኽብ። ብነጻሩ ተረርቲ ክሳድን፣ ትዕቢተኛታትን፣ ተስፋ ብምቑራጽ ወይ ዉን ብትዕቢት መንፈስ ንምራሕ እንድሕሪ ኮይንና፤ ወይ ድማ ብጣዕሳን ምምራርን፣ ግኑን ብዝኾኑ ኣተሓሳስባን ተምሪሕካ ነገራት ክትግብር ትሓስብ እንድሕሪ ኮይንካ፤ ህዋሳትካ ኣብ ዝመሩሕካ ትኸይድን፡ ብስጋዊ ፍስሃ ትምራሕን፣ ማለት ደርፊ ብምስማዕ ዝኣመሰሉ መዘናግዒታት ትሕጎስን፣ ባህታ ዝስመዓካን እንድሕሪ ኮይኑ፤ "ብዓለምን ንስኻ ብትዉንኖን ነገራት ዕጉብ ኣለኻ" ማለት እዩ፣ ከምዚ ዓይነት ሰብ እንድሕሪ ኮይንካ፣ ኣብ ናይ ጌጋ መንገዲ ኣለኻ። ኣብቲ ናትካ ዓለም ጥራይ ተዋሒጥኻን ንዓኻ ዘድልየካ ነገራት ኣብ ምህናጽ ጥራይ ተጸሚድካ ኣለኻ፣ እዚ ድማ ጌጋ እዩ። ንድሕሪት ገጽካ ተመለስ፣ ገዛእ ርእስኻን ኣካይዳኻን መርምር። ነዚ ትገብረሉ እንኮ መሳርሒ ድማ ጸሎት እዩ።

ናይ ብርሃን መላእኽቲ ብርሃን ሒዞም ክቐርቡኻ እዮም፣ ኣጋንንቲ ድማ ነዚ ብርሃን ስለዘይፈትዎ፣ ብርሃን ከይዓስለኻ፣ ክቃለሱኻ እዮም። ብዝረኸብዎ ኣጋጣሚን፣ ዕድላትን፣ ነዚ ብርሃን ካባኻ ክርሕቅዎ ክጽዕሩ እዮም። ነዚ ኹሉ ተጻብኦ እትስዕረሉ ጸሎት ድማ እዚ እዩ፣ በዚ ጸሎት ሓይሊ ኣጋንንቲ ክትስዕር ኢኻ። ንክፉኣት ድማ ካብ ጽቡቕ ክትፈልዮ ትኽእል።

*"እግዚኦ መሓረነ/ና ክርስቶስ"*

*"ኪርያላይሶን"*

*"ኦ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ወልደ እግዚአብሔር ንዓይ ንሓጥእ መሓረኒ"*

## 26. ክቡር ዝዋግኡ ጽብቕቲ ዕንቊ /ማቴ 13፥45/

እምበኣር ንስኻ ዘይትረብሕ ኢኻ፣ ፍልጥት ዝረሓቀካ፣ ሰናይ ሓሳብን ግብሪን ዘይብልኻ፣ ናይ ሕሉፍ ተዘኽሮታት ይኹን ናይ መጻኢ መደብ ዘይብልኻ፣ ዘይትጠቅም ድርቡይ፣ ፍጹም ዘይትሰምዕ ኣብ መንገዲ ከም ዘሎ እምኒ፣ ዉሽጡ ብሓሰኻ ዝነቐዘ ምሸሙሽ፣ ኣብ ወሰን ባሕሪ ዝተደርበየ ዝሞተ ዓሳ፣ ኢኻ። ከምዚ ምዃንካ ካብ ፈለጥካ፣ ብንብዓት እንዳልቀስካ፣ ከምቲ ጥፉእ ወዲ ዝገበሮ፣ ኣብ ቅድሚ ፈራዲኻ፣ ፈጣሪኻን፣ ኣቦኻን መድሓኒኻን፣ ጐይታኻን ሓላዊካን፣ ኣብ ቅድሚ መንፈስ ሓቂን ወሃቢ ህይወትን፣ እግዚአብሔር ክትቀዉም ይግባእ። ኣፍልብኻ እንዳወቃዕካ ድማ፣ ***"ኣቦይ፡ ንሰማይን ኣብ ቅድሜኻን ሓጢኣት ገበርኩ፡ ደጊምሲ ወድኻ ኽብሃል ኣይበቅዕን እየ"*** /ሉቃ 15፥21/ በል። ኦ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ወልደ እግዚአብሔር ንዓይ ንሓጥእ መሓረኒ።

ክሳዕ ክንደይ ድኹም ምዃንካ ባዕልካ ኣርጊጽካ ትፈልጥ ኢኻ፣ ስለዚ ኣብ ቅድሚ`ቲ ዅሉ ዝኽእል እግዚአብሔር፣ ከም ሓሰኻ ምድሪ ኮይንኻ ቅረብ። ሰብ ክሳእ ክንደይ ድኹም ምዃኑ እንድሕሪ ፈሊጡ፣ ሽዑ ንካልኦት ሰባት ዉን ከፍቅር ይጅምር። ድኻሙ ዘየስተዉዕል ሰብ ግና፣ ንካልኦት ከሓሊን ከፍቕርን ኣይኽእልን። ኩሉ ሰብ ብኣምላኽ ዝተፍጥረ እዩ፣ ኣብ ዉሽጡ ድማ ምስሊ ኣምላኽ ኣለዎ። ኣምላኽ ድማ በቲ ዘይምርመር ባህሪኡ፣ ንዘለኣለም የፍቕሮም፣ ስለዚ ንስኻ ድማ ከተፍቕሮም ይግብኣኻ።

እቲ መዓልታዊ ተግባራትካ ኣይተግዱል፣ ማለት ስራሕ ምዉፋር፣ ደቕካ ብክርስቲያናዊ መንገዲ ምዕባይ፣ ዕዳጋ ምኻድ፣ መግቢ ምድላዉ፣ ኣኼባ ምስታፍ፣ ግብሪ ምኽፋል፣ ኣብ ማሕበራዊ ጉዳያት ምስታፍ፣ እጃምካ ምብርካት፣ ኩሉ`ቲ ክትነብር ዘድለየካ ግዳማዊ ንጥፈታት ቀጻሊ ብግቡእ ግበር። ምኽንያቱ ብዘይብኡ ክትነብር ኣይትኽእልን። ነዚ እንዳገበርካ ግና፣ ማዕረ ማዕረ እዚ ግዳማዊ ተግባራትካ፣ ንልብኻ ምንጻህ ትኽእል ኢኻ። ልብኻ ዝያዳ እንዳነጽህትን እንዳበርትዐትን ክትመጽእ እንከላ ድማ፣ ናብ ሰማያትን ናብ መንፈሳዊ ህይወትን እንዳቐረብካ ትዓቢ። ምኽንያቱ ሓደ ነገር ክትረኽብ ኢልካ ካልእ ነገር መስዋእቲ ክፈልካ ኢኻ። ስለዚ ብመንፈስ ክትዓቢ ኢኻ።

ቅዱስ ዮሃንስ ክሊማኮስ *"ንዓኻ እንድሕሪ ሒዘ፣ ካብ ዓለም እንታይ ይጎድለኒ?"* ኢሉ ይሓትት`ሞ *"ዋላ ሓንቲ"* ብምባል ምስ መለሰ፣ ቀጺሉ ከምዚ ይብል ***"ብቀጻሊ ብምጽላይን፣ ቀሰይ ኢለ ድማ ምሳኻ ምጥባቕን እዩ። ገሊኦም ብሃብቲ ይግዝኡ፣ ገሊኦም ብስልጣን፣ ገሊኦም ዉን ብሃብቲ፣ እንተ ኣነ ግና፣ ምሳኻ ምንባር እንድሕሪ ዘይኮይኑስ ካልእ ድሌት የብለይን"።***

ገዛእ ርእስኻ ብምክሓድ፣ ንጸሎት ሒዝካ ኣለኻ፣ በዚ ዉን ህይወትካ ክኽዉን መዲብካ። ዳርጋ ንክትጽሊ ክትብል ጥራይ ምንባርካ ትናፍቅ። ካብ ሕጂ ሓንቲ ዕላማ ጥራይ ሒዝካ ኣለኻ፣ ንሱ ድማ *"ምስ ኣምላኽ ምምልላስ"* እዩ /ዘፍ 6፥9/። ካልእ ዕላማ የብልካን። ኣብዚ ዕላማ ድማ፣ ኩሉ ምድራዊን ሰማያዊን ተጠቓሊሉ ኣሎ። እቲ ስም ክርስቶስ ዝጸዉር ዘበለ፣ ሕማም ይኹን መከራ፣ ሞት ይኹን ስቓይ፣ ኣይረኽቦን። ድሮ ኣብ ዘለኣለማዊ ህይወት ክነብር ጀሚሩ ኣሎ። ኣብቲ ንኹሉ ነገር ዝሓቁፍ ሰማያዊ ህይወት ክትነብር ተበጊስካ ኣለኻ።

ከመይ ምዃኑ ኣይትፈልጥን፣ ግን ሰማያዊ ሓሳባትን ድሌታትን ለይቲን መዓልቲ ኣብ ልብኻ ይዝራእን ይዓቢን ኣሎ። ባዕላ እታ ምድሪ ተብቚል፣ ምድሪ እወ ልብኻ፣ ቅድም ትቦቅል፣ ደሓር ቆጽሊ ተዉጽእ፣ መሊሳ እዝኒን ጉንዲ ትኸዉን፣ ደሓር ትዕንብብን ፍረ ትሕዝን። *"እቲ ዘርኢ ድማ፡ ንሱ ኸይፈለጠ፡ ይበቍል ይዓቢውን። እታ ምድሪ ባዕላ ትፈሪ፡ ቅድም ጭጮማ ብቕሊ፡ ደሓር ሰዊት፡ ኣብቲ ሰዊት ድማ ብጹሕ ስርናይ።"* /ማር 4፥27-28/።

ቅዱሳን "ዘይጠፍእ ብርሃን" ኢሎም ዝጽዉዕዎ ህይወት ኣሎ። ኣዚ ናይ ዓይኒ ብርሃን ዘይኾነስ ናይ ልቢ ብርሃን እዩ። ብንጽህናን ቅድስናን ክመላለስ ዝደሊ ብርሃን። ንጸልማት ኣብ ድሕሪት ሓዲጉ፣ ናብ መዓልቲ ክበጽሕ ዝመጣጠር። ናይ ቀጻሊ ስርሑ ድማ፣ ብዘይምቁራጽ ምንጻህን ምጽራይን እዩ። እዚ ብርሃን`ዚ፣ ፍጹም ዘይጠፍእ ናይ ዘለኣለም ብርሃን እዩ። ግዜን ነገራትን ከይዓገቶ መመሊሱ ዝደምቕ ብርሃን። ቅዱሳን ግና ነዚ ብርሃን ተዋሂቡና ኢሎም ኣይዛረቡን፣ እንታይ ደኣ፣ *"ኣብቶም ፍቕሪ እግዚአብሔር ስዒርዎም፣ ምእንቲኡ ክብሉ፣ ልቦም ዘንጽሁን፣ ብምርጭኦም ነታ ቀጣን መንገዲ መሪጾም፣ ብእኣ ዝመላለሱ ሰባት፣ እዚ ብርሃን ክወሃቦም እዩ"* ይብሉ።

እዛ ቀጣን መንገዲ መወዳእታ የብላን፣ ብልጫኣ ዘለኣለማዊት ምኳና እያ። ኣብዛ ቀጣን መንገዲ ነፍሲ ወከፍ ህሞት፣ ናይ ፈለማ ህሞት እዩ። እዚ ህሞት`ዚ ነቲ ናይ መጻኢ ግዜ ማለት መዓልቲ ፍርዲ ዉን ዝሓዘ እዩ። እዚ ህሞት`ዚ ነቲ ሕሉፍ ግዜ ማለት ግዜ ምፍጣር ዓለም ዉን ዝሓዘ እዩ። ምኽንያቱ ክርስቶስ፣ ግዜ ዘይሓጽሮ ዘለኣለማዊ እዩ፣ ኣብ ኲሉ ይርከብ፣ ኣብ ሰማያት ይኹን ኣብ ትሕቲ ምድሪ፣ ንኹሉ ዝሓዘ ንሱ እዩ። ንሱ እቲ ሓደ ጐይታ ክገሃድ እንከሎ፣ ምፍልላይ ይጠፍእ። ሕጂን ኣብዚን ኣብ ኲሉ ቦታን ንሱ ይነግስ፣ ኣብ ዑምቆት ልብኻ ዉን ይስልጥን። ኣብኡ ድማ ነቲ ሃረር ትብሎ ዝነበርኻ ነገር ትረኽብ። ንሱ ድማ መስቀል እዩ። ዕምቆት፣ ንዉሓትን፣ ስፍሓትን መስቀል ክርድኣኻን፣ ክትቅበሎን ኢኻ፣ ድሕነትን መድሓኒን ክትረኽብ ኢኻ።

እምበኣር ነፍሲኻ ኣድሒንካ ዘለኣለማዊ ህይወት ክትወርስ ትደሊ እንድሕሪ ኮይንካ፣ ዘዉትር ኣብ ጸጽባሕን ተበገስ፣ ተንስእ። ብትእምርተ መስቀል እንዳማዕተብካ ከምዚ ብምባል ንገዛእ ርእስኻ ባርኽ። ***“ብስም ኣቦን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሰናይ ምጅማር ይግበረለይ፣ ኦ ኣምላኽ ጒዕዞይ ከጅምር ፍቐደለይ፣ ኣሜን።***

ተፈጸመ!

ኣላዒሉ ዘጀመረ፣ ኣጀሚሩ ዘፈጸመ ልዑል ኣምላኽ ምስጋና ይኹኖ! ኣሜን